ማሕፉዳ ተቓላሳይ



ንምምጥጣን ንቕሓት ሓደ ፍትሓዊ ተቓላሳይ ምስ ከምኡ ተቓለስቲ ዜጋታት ብመባእታነት ንምሕጋዝ ዝተዳለወት ጽሕፍቲ

መርሃዊ ወልደሚካኤል

ማሕፉዳ
ተቓላሳይ

ማሕፉዳ ተቓላሳይ

መርሃዊ ወልደሚካኤል

አሕታሚ እምኩሉ
Emkulu Publisher



እዚ ሕታም ኣብ ሽወደን ኣብ ታሕሳስ 2019 ብኣሕታሚ እምኩሉ ተሓትመ
Emkulu Publisher
Västra Hoting 415
833 51 Hoting
Sweden
http://www.emkulu.com

Copyright © 2019 by Merhawi Weldemichael
መሰል ድርሰት © 2019 መርሃዊ ወልደሚካኤል

እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ንገንዘባዊ መዓላ ዝተዳለወት ኣይኮነትን።
ኤለክትሮንያዊ መልክዕ'ዛ መጽሓፍ'ዚኣ፡ ኣብ መርበባት ሓበሬታ ብነጻ ክርከብ
ይከኣል። ክሳብ ንመሸጣን በደላን ዘይኮነ፡ ዝኾነ ሰብ ከም ዘላታ ወይ'ውን
ብመኪናዊ ኣገባብ ብወረቐት ሃቲሙ ከባዝሓን ክዝርግሓን ፍቑድ እዩ።

ኣምራት ትሕዝቶኣ ክሳብ ዘይተጠምዘዘን ብብቑዕ ደረጃ ክሳብ ዝኾነን ከኣ፡ ዝኾነ
ሰብ ናብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ቋንቋ ንምትርጓማ እንተ ተጊሁ፡ ባርኾት ጸሓፊ
ብኣጋኡ ተቐቢሉ ኣሎ።

እዛ መጽሓፍ ኣካዳሚያዊት ኣይኮነትን።
ርኢይቶኹም ክትሰዱ ወይ ብዛዕባ'ዛ መጽሓፍ ብዝተኣሳሰር ንጸሓፊ ክትዕድሙ ምስ
እትደልዩ ናብ ኢመይል፤ african.apu@gmail.com ክትጽሕፉ ትኽእሉ።

ማሕፉዳ ተቓላሳይ
መርሃዊ ወልደሚካኤል

ISBN 978-91-985660-3-1
እዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ዘውዳዊ ቤት ንባብ ሽወደን ተመዝኒቡ ይርከብ።

ቃል ጸሓፊ

ኣብ 2015 “ውሑስን ህያውን ፍታሕ” እትብል ጽሕፍቲ ዘርጊሐ ነይረ። ኣብ ዓመታ ከኣ’ዩ፡ ነቶም ፍታሕ ንኽነምጽእ እንቃለስ ዘለና እሞ ኣብ ዘየድልዩን ዘይመሰረታውያን ዛዕባታት ንዓውድ ዘለናን በቲ ሓደ ሽነኽ፡ ነቶም ንፍትሒ ክጣበቑ ዝተንስኡ ንኡሳን’ሞ ግን ከኣ እቶም ቀዲምና ዝጸናሕና ክንኣልዮም ዘይከኣልና በቲ ካልእ ሽነኽ፡ ዘለና ንቕሓት ዘመጣጥንን ኣብ ቀንዲ ነጥብታት ቃልስና ንኽነድህብን ዝሕግዝ ጽሑፍ ንምድላው ሓሳብ ዝመጽኣኒ። ብተወሳኺ፡ እዛ መጽሓፍ ንኹሎም ናብ ደምበ ፍትሒ ዝዓጐጐን ናብ’ዚ ቃልሲ ክጽንበሩ ንዝደልዩን (ዝጽንበርዎ እኩብ ብዘየገድስ)፡ ከም መእተዊ ኩይና ከተገልግልን ብኡ መልክዕ ክትዓምቕኑን ናባኹም ኣቓልዓ ኣለኹ። ዝኹነ ብዛዕባ ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ክፈልጥ ንዝደሊ፡ ዜጋ ይኹን ወጻእተኛ ከኣ፡ ንጹርን ስኑድን መረዳእታ ምእንቲ ክትከውን’ውን እያ ተተሊማን ተዳልያን። ሰብ ሞያን ምሁራትን በብዓውዶም ሓሳባት ኣውሒዞም፡ ነዞም ኣብ ማሕፉዳ ዘለዉ ነጥብታት ብዝሰፍሐ መልክዖም ንኽኻዕብቱ ተስፋ እገብር። ገለ ክፋል ትሕዝቶ ናይ “ውሑስን ህያውን ፍታሕ” እውን ኣብዛ መጽሓፍ’ዚኣ ተጠቒመሎም ምህላዎም ክሕብር ኣፈቱ።

ልክዕ’ዩ ከምዚ ዓይነት ሓሳብ ብውልቀ-ሰብ ጥራይ ተዳልዩ ክቕርብ፡ ፍጽምና ክህልዎ ዝኽእል ኣይኰነን። ስለዚ ከኣ’የ ናይ ኵልና ሃናጺ ሓሳብ እናተወሰኽ፡ ትሕዝቶኣ ንኽዓምቕኑን ውጽኢቱ ምእንቲ ክዓዝዝን፡ ቅድሚ’ዛ መጽሓፍ ናብ ሓፋሽ ነበብቲ ምብጽሓ ንገለ ውልቀ-ሰባት ከካፍሎም ዝወሰንኩ። እቲ ዝሃቡኒ መልሰ-ተግባር ከኣ ጠቓሚ ኩይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ፡ ንገለ ካብኡ’ውን ድሮ ተጠቒመሉ ኣለኹ። ናይ ውሑዳት ርእይቶ’ኳ ክንድዚ ዝጠቕመስ፡ ናይ ኵሉ ነባቢ ርእይቶን ሓሳብን ከመይ ኣብዚሑ ዘየንሁ። ንእግረ-መንገደይ፡ ነቶም ብትግሃት ኣንቢቦም ርእይቶኦም ዝሃቡኒ፡ ካብ ልቢ ከመስግኖም እፈቱ። ንስለ እዚ ዝጸንትን ዝብተንን ዘሎ ህዝቢ ክንዲ ፍረ ኣድሪ’ኳ ትኹን ሃናጺት ርእይቶ ወይ’ውን ተበግሶ ምስ ዝርከብ ከነናእሶ የብልናን በሃሊ እየ። ንሓሳብ ብጻዩ፡ ዜጋኡን ክኢላታትን ከምኡ’ውን ተመኩሮታት ውልቀ-ሰብ ይኹን ሕብረተ-ሰብ ዝንዕቕ ሰብ፡ ንገዛእ ርእሱ’ዩ ዝንዕቕ፣ ብመለከዒታት ፍትሒ ክኣ ይንዓቕ። ህዝቢ ክቡር’ዩ፣ ዘይለባም ጥራይ’ዩ ከኣ ሓሳባት ህዝቡ ዝንዕቕ።

ፍትሒ ምድላይ፡ ንዝተወጽዐ ጥራይ ዝተሓዝአ ዘይኰነስ፡ እንሓንሳእ'ውን ዘይፍትሓዊ ወይ ገበነኛ ሰብ'ውን ዝጸምአ እዩ። ስለዚ፡ ፍትሒ ስለ ዝደለኻ ጥራይ፡ ሃገራዊ ግዴታኻ ዝወዳእካ ከመስለካ የብሉን። ተቓውሞኻን ናይ ፍትሒ ድሌትካን ናብ ቃልሲ እንተ ዘይኣዕቢኻዮ ፍትሒ ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ። እቲ ከተስተማቕሮ እትደሊ ፍትሒ፡ ባዕልኻ ክትቃለሰሉ ኣለካ። ርእስኻ ምስ ተቓለስቲ ንኽትሰርዕ ከኣ፡ ነዞም ኣብዚ ብመባእታዊ ደረጃ ተዳልዮም ዘለዉ ምቕሳም ጥራይ፡ ወይ ኣብ ሰለማዊ ሰልፍታትን ሰሚናራትን ምስታፍ ወይ'ውን ኣብ ዝመቕኣካ ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓሳብካ ምግላጽ ጥራይ ዘይኰነ፡ ግዜኻ፡ ሓሳብካ፡ ጉልበትካን ገንዘብካን፡ ኮታ ብሹለንትናኻ ንኽትውፈ ምብጋስን ምኽኣልን'ዩ ዘድሊ።

እዛ ጽሕፍቲ፡ ንሓደ ድሮ ተቓላሳይ ዝኾነን ናብቲ ጽፍሒ'ቲ ዝሳግም ዘሎን ደላይ ፍትሒ ዝቕንዐት እንተኾነት'ኳ፡ ዝኾነ ነቲ ደረጃ'ቲ ድሉው ዘየለ ደላይ ፍትሒ ከንብባ እንከሎ ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ ንርእሱ ኣብ ቦታ'ቲ ተቓላሳይ ተኪኡ ከንብባ ይኽእል።

“ማሕፉዳ” ካብ ውልቃዊ ተመኲሮን ሓሳባትን ዝፈልፈለት ምኺና ከብርህ እደሊ። ብቐጥታ ሓንቲ ምንጪ'ኳ ትኹን ከም መወከሲ ዝተጠቐምኩላ መጽሓፍ ስለ ዘይምንባራ እየ መወከሲ ዘይጸሓፍኩ'ምበር፡ እዛ መጽሓፍ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ፍልጠት ማዕከናት ናይ ዝተመሃርኩዎን ዝነበብኩዎን ጽልዋ ከም ዘለዋስ ዝከሓድ ኣይኰነን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ንተባዕታይ ኣንባቢ ዝዛረብ ከም ዘሎ ምምሳሉ፡ ንምጽሓፍን ምንባብን ንኽምችእ እምበር፡ ትሕዝቶ “ማሕፉዳ” ንኹሎም ጾታታት ዝዓለመ ምኺኑ ክሕብር እደሊ።

ንኹሎም ሓርበኛታት፡ ሰብኣውያንን ፍትሓውያን ዜጋታትን ተቓለስትን መዘኸርታ ትኹነለይ።

ዝተወሃሃድናሉ'ዩ ቃልስና፡ ዝተሰማማዕናሉ'ዩ ዓወትና!

ትሕዝቶ

ቃል ጸሓፊ
መእተዊ ..... ፭

ቀዳማይ ክፋል
መሳርሒታት ፍትሒ 1

ሃገራውነት 3
ንቕሓት 5
ተቓውሞ፡ ቃልስን ፖለቲካን 7
ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባት 10
መንግስቲን ምምሕዳርን 13
መሪሕነት/ኣመራርሓ 18
ትብዓት 21
ብጻይነት 24
ስነ-ስርዓት 25
ምስጢራዊነት 27
ኣገባብ ቃልሲ 27
ትምህርቲ 31
ሓበሬታ 32
ስነ-ጥበብ 33
ጭርሖታትን ምልክታትን 35

ካልኣይ ክፋል
እማመ መትከላትን እምነትን ንተቓላሳይ 37

ኤርትራዊ ዜግነት 39
እምነት 41
ብሄር/ቀቢላ 44
ኣውራጃ/ቀጽርታት ምምሕዳር 45
ሃገራዊ ኣገልግሎት 47
ባንዴራ 48
ባጤራ 49
ሃገራውያን በዓላት 50
ቋንቋ 51
ዶባት ሃገርና 52

መሲጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ (መ.መ.ኤ) 54
ጉዳይ ተቓወምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣብ ኤርትራ 56
ተቓላሳይን ሃገራውያን ፖለቲካውያንን ዘይፖለቲካውያንን ውድባትን
ምንቅስቓሳትን 57
ቃልስን ጐረባብቲ ሃገራትን 57
ተቓላሳይን ዓለምን 58

መእተዊ

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ እቲ ንሹሉ ሓሪምዎ፡ ኣሰኪፉዎን ኣፍሪሑዎን ዘሎ ነገር፡ እዚ ህሉው መከራ ጥራይ ኣይኰነን።

እቲ ቀንዲ ንሹሉ፡ ደጋፊ ይሹን ተቓዋሚ፡ ኣሻቒልዎ ዘሎ ነገር፡ ኣብታ ኣብ ጽባሕ ዘላ ገሌና ብልብና፡ ገሌና ብጋህዲን ብጻዕርን እንጽበያ ዘለና ኤርትራ ክህልዉና እንብህንም ውልቃዊን ሓባራዊን ውሕስነት እዩ። ኵሉ ሰብ ውሕስነት ይደሊ ኣሎ። ከም ውልቀ-ሰብ ይሹን ከም እኩብ፡ ብሞያ፡ ብእምነት፡ ብብሄር/ቀቢላ፡ ብፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ወዘተ. ኵሉ ውሕስነት ይደሊ ኣሎ። ውሕስነት ምድላይ ከኣ ኣብ ቃልሲ ነውሪ ኣይኰነን፡ ብፍላይ ኣብ ከምዚ ናትና ተመኵሮ ዘለዎ ህዝቢ። እንተኾነ፡ ሓደ ተቓላሳይ፡ ንሹሉ ውሕስነት ዘለዋ ሃገር ክሰርሕ እምበር፡ ንውልቃዊ ወይ ሓባራዊ ዕብለላን ሞሳን ኢሉ ክዓዩ ኣይግብኦን። እቶም ውልቃዊን ጉጅለኣዊን ረብሓታት ዘቕድሙ ተቓለስቲ፡ ድቂ'ቶም ክመጽኡ ዝኽእሉ ካልኦት ዓመጽቲ ገባብል እዮም።

ሓደ ፍትሓዊ ተቓላሳይ፡ ቃልሱ ከም ማንም ካልእ ዝተቓለሰን ዘይተቓለሰን ዜጋ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ፡ ከም ህዝቡ ንርእሱ ሓንቲ ወይ ማዕረ ድምጺ ዝውንነሉ መድረኽ ንምርግጋጽ ክኸውንዩ ዘለዎ።

ኣብ ሓደ ቃልሲ፡ ንሓደ ዓማጺ ሓይሊ ዓማጺ ምኽኑ ምልላይ እቲ ዝቕለለን ናይ መጀመርያምልክታት ባህሪ ቃልሲ ናይ ዝኾነ ተቓውሞን እዩ። ንሓደ ዓማጺ ሓይሊ ብኽመይ መንገዲ ትኣልዮ'ውን እቲ ኣውራ ዝኽበደ ኣይኰነን። እቲ ኣውራ ዝኽበደስ፡ ሓቀኛን ንቑሕን ተቓላሳይ ምኽንን፡ ብድሕሪ ምዕላው እቲ ዓማጺ ዘሎ መተካእታ ዝኽውን ራኢ ምስኣልን ምትግባሩን እዩ። ካልኣይ ዝበርትዐ ከኣ፡ ንጸላኢኻን ንነብስኻን ምፍላጥ እዩ። እዚ ፍልጠት'ዚ ከኣ'ዩ ኣብ ኣየናይ ኵነት ኣየናይ ኣገባብ ቃልሲ ክትጥቀም ዝድርኽካን ንዓወትካ ዘረጋግጽን።

ከምቲ ቻይናዊ ፍላስፋ ኩናት፡ ሳን ዙ ዝበሎ፡ "ንጸላኢኻን ንነብስኻን እንተ ዘይፈሊጥካ፡ ኣብ ሚእቲ ውግኣት ሚእቲ ግዜ ክትሰዓር ኢኻ፣ ንጸላኢኻ ፈሊጥካ ንርእስኻ እንተ ዘይፈሊጥካ ግን፡ ድሕሪ ነፍሲ-ወከፍ ዓወት ክትሰዓር ኢኻ፣ ንጸላኢኻን ንነብስኻን እንተ ፈሊጥካ ግን፡ ኣብ'ተን ሚእቲ ውግኣት ክትስዕር ጥራይ ኢኻ።"

ኣብ ሃገራዊ ፍትሓዊ ቃልሲ፡ ምስናይ ምረቱ፡ ምእንቲ ርእስኻን ምእንቲ

እቶም ዝዕምጹኻ ዘለዉን ደገፍቶምን ትቃለስ ከም ዘለኻ ክርደኣካ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ መዋጽኡ ጥራይ ዘተኵርን ትልሚ ዕብለላ ዝሃወጾን ተቓላሳይ ጥራይ’ዩ ብሓሳብ ንዝተፈላለዩዎ መቓልስቱ ይኹኑ ነቶም ዘይቅኑዕ መስመር ዝተኸተሉ ዜጋታትን ዘይተጠቓልል ሃገር ክሰርሕ ዝፍትን። “ሽሕ’ኳ ሕቶ ቃልሰይ ህዝባዊ ይኹን እምበር፡ ነቲ ዝቃለሰሉ ዘለኹ ህዝቢ፡ ቅዋም፡ ባንዴራ፡ ምምሕዳራውያን ቀጽርታት... ክመርጸሉስ ኣነ መን ኸይነ’የ፧” ኢልካ ርእስኻ ምሕታት ከድሊ እዩ። እቲ ቃልሲ፡ ምእንቲ ህዝቢ ትሕዝቶ ቅዋም፡ ዓይነት ባንዴራ፡ መጠን ምምሕዳራውያን ቀጽርታትን ወዘተ. ብሓርነትን መሰልን ንኽመርጽ መድረኽ ንምፍጣር’ዩ ክኸውን ዘለዎ።

ብመሰረቱ ሓደ ተቓላሳይ ፍትሓዊ ሕቶ ምስ ዘልዕል፡ ኣብ ኵሉ መዳያቱ ፍትሓዊ ክኸውን ይግባእ። ሓቀኛ ህዝባዊ ተቓላሳይ ንኹሎም መፍትሒታት ዝብርብር እዩ። ምእንቲ ሰላምን ምርግጋእን ምሉእ ሓፋሽ፡ ከምቲ ንህይወቱ ኣሕሊፉ ክህብ ድሉው ዝኾነ፡ ንገዛእ ስምዒታቱን ውልቃውያን ዕግበታቱን’ውን ዝስውእ እዩ። ኣብ ጐነጽ ዝመልኦ ቃልሲ’ውን እንተኾነ፡ ነቶም እትዋግኦም ዘለኻ ኣሕዋትካ ዘለካ ፍቕሪ’ውን ክፍተን ኣይግብኦን እዩ። መን’ዩ ፍቕርን መቕጻዕትን ብሓደ ኣይኽዱን’ዮም ዝበለ፡ ከምቲ ክትግስጾምን ክትቀጽዖምን ግዴታኻ ክኸውን ዝኽእል፡ ከተፍቅሮም’ውን ግዲታኻ እዩ። እዚ ዓቕብ እንተኾይኑ ከኣ፡ ልብኻ እንተ ወሓደት ፍትሓውት ዝመልኣት ክትከውን ኣለዋ። ኣብ ፍቕሪ ወይ ኣብ ፍትሓውነት ወይ ኣብ ክልቲኡ ዘይተሰረተት ሃገር ከም ኣብ ሑጻ ዝተሰረተት ቤት እያ።

ማሕፉዳ ሓደ ተቓላሳይ፡ ካብ ፍቕሪ ህዝቢ ዝተሰርሐ ኰይኑ፡ ኵለንትናዊ መሳርሒታት ፍትሒ፡ ባህሪ መሪሕነት፡ ትብዓት፡ ብጻይነት፡ ስነ-ስርዓት፡ ምስጢራውነትን፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ንጹር ዕላማን ቅርጡው ስነ-ሓሳብን ክመልእ ይግብኡ። መትከላቱን እምነታቱን ኣብ ማሕፉዳኡ ዘየካተተ ተቓላሳይ’ውን ናብቲ ዝደልዮ ምናልባት’ውን ክበጽሕ እንተኽኣለ ንርእሱ ዓዊኑ ንኽባቢኡ የዐውን። ስለዚ ከኣ’ዩ ማሕፉዳ ኵለንትናዊ መሳርሒታት ፍትሒ ቡቲ ሓደ፡ መትከላትን እምነትን ተቓላሳይ ከኣ ቡቲ ካልእ ክትመልእ ዘገድስ።

በዞም ኣብ ማሕፉዳ ዘለዉ ኣካይዳን መንገድታትን፡ ምኻድን ምቕያድን፡ ቀሊል’ኳ እንተ ዘይኮነ ሞሳኡ ግን ዕዙዝን ኣርባሕን እዩ። ቃልሲ ኵሉ

ግዜ ምቹእ ኣይኰነን። ተቓላሳይ ግን ነቲ ቃልሲ ዘምጽኦ ምችኡነት ናይ መወዳእታ ቀማሲ ክኸውንዩ ድሉው ክኸውን ዘለዎ። ዕረፍቲ ተቓላሳይ፡ ናይ ካልኦት ጾር ኣብ ምጻር እዩ።

ህዝባዊ መንግስቲ እምበር፡ መንግስታዊ ህዝቢ ከተፍሪ ኣይትቃለስ!

ቀዳማይ ክፋል

መሳርሒታት ፍትሒ

ሃገራውነት

ዜጋታት ሓንቲ ሃገር፡ ሃገራውያን ወይ ዘይሃገራውያን ኢልና ክንከፋፍሎም ንኽእል። ሃገራውነት ንባዕሉ ኣብ ክልተ ክንከፍሎ ንኽእል፤ ዕሙትን ንቑሕን (ሓርበኝነት)።

ዕሙት ሃገራውነት፡ ዘላቶ ክውንነት ብዘየገድስ፡ ሃገርካ ካብ ካልኦት ሃገራትን ህዝብታትን ዝበለጸትን ፍጽምትን ጌርካ ምርኣይን፡ ንሃገርካ እትገብሮ ሰናይ ኩነ እኪይ ተግባራት ብዘይሕቶ ምድጋፍን ምውፋይን ብዝኣመሰሉ ባህርያት ይልለ። ኣዝዩ ኣኽራሪን ንውሽጢን ከባቢኡን ድማ ሓደገኛን እዩ።

ንቑሕ ሃገራውነት (ሓርበኝነት)፡ ምስ ደቂ ሃገርካ ተኸባቢርካ ምንባር ብምቕዳም፡ ንሃገርካ ዘርብሕ ስለ ዝኹነ፡ ኣብ ምክብባርን ማዕርነትን ካልኦት ህዝብታትን ሃገራትን'ውን ምእማን፣ ከምኡ'ውን ሃገርካ እትገብሮ እኪይ ምብዳህ፡ ብእትገብሮ ሰናይ ነገር ምሕባንን ምውፋይን የማልእ። ርትዓዊን ሃናጺን ከኣ እዩ።

ንነብስኻን ደቂ ሃገርካን ፍትሒ ምድላይካ ካብ ልቢ እንተኹይኑ፡ ኣብ እኩብ ሓርበኛውያን ሃገራውያን ኣቲኻ ኣለኻ። ሃገራውነት ኣብ ልቢ'ዩ ዝበቀ'ልን ተኹስኩሱ ዝዓብን፣ ስለዚ ከኣ'ዩ ኣሸምባይዶ ካብ ዜጋ ናብ ዜጋ፡ ኣብ ሓደ ሰብ'ውን መምስ ግዜኡ ክብን ለጠቕን ክብል ዝኽእል። ስለዚ ድማ ንሃገራውነትካ ወትሩ ምክንኻን የድልየካ።

ሃገራውነት፡ ወዲ ሃገር ብምኺንካ ከም ዜግነትን መበቆልን ዝብጽሓካ ጥራይ ኣይኮነን። ሃገራውነት ኣብ ውሽጥኻ ዝነድድን፡ ኣብ ርድኢት ዝምርኩስን ብጻዕሪን ዋጋ ምኽፋልን ከኣ ዝምስከር እዩ።

ሃገራውነት ካብ ዞናውነት፡ ክፈለ-ኣህጉርነትን ኣህጉርነትን ዝጸብብ ካብ ዓድነት፡ ወረዳነትን ኣውራጃነትን ዝሰፍሕን፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ንሃገር ኣብሊጹ ቀዳምነት ዝህብ እዩ። እንሓንሳእ ምስ'ቲ ዕሙት ሃገራውነት ከጋጊ ይርኣ'ኳ እንተኹነ፡ ንሃገር ከም ሃገር ብውሕስነት ከተንስኣን ከዕብያን ዝኽእል ሓርበኛውነት እዩ።

ሓደ ዜጋ ሃገራዊ ክበሃል እንተኹይኑ፡ ከም መበገሲ ሃገራዊ ሓሳብ ክህልዎን ክቕድምን ይግባእ። ሃገራዊ ዝብል ቃል ከኣ ንመላእ እታ ከም ሃገር እትፍለጥ ምድሪን ህዝባን ዝውክል እዩ። ስለ ዝኹነ ከኣ፡ ከም ኵሎም

ዜጋታት ናይ ገዛእ ርእሱ መንነት (ብሄርን እምነትን ምናልባት'ውን ከባቢ) ዘለዎ ክንሱ፡ ምስ ናይ ኩሎም ውልቀ-መንነታት ደቂ ሃገሩ ሓሳቡ ወዲኑ፡ ኣብ ትሕቲ ሃገር ዝብል ጽላል ብምክብባርን ምጽውዋርን ንምምሕዳርን ንምንብባርን ዝኣምን ዜጋ'ዩ ሃገራዊ ሓሳብ ኣለዎ ክንብል እንኽእል። ሃገራዊ ሓሳብ ንናይ ውልቂን እኩብን ነጻነታትን፡ ምዕሩይ ምምኽራሕ ጸጋታት፡ ኩሉ ዓይነት መሰላትን ማዕርነት ዕድላትን ወዘተ. ዘማልእ'ውን እዩ። ስለዚ ሓደ ተቓላሳይ ሓርበኛ ንኽበሃል ሃገራዊ ሓሳብ ክህልዎ ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንሃገራዊ ረብሓታት ንምሕላውን ንምርግጋጽን ክሳብ ናይ ህይወት ዋጋ ክኸፍል ድሉው ክኸውን ኣለዎ። ፍኹሪ ህዝቢ ዘይብሉ ብድፉኑ ሃገራዊ'የ ወይ ሓርበኛ'የ ክብል ፍጹም ኣይክእልን እዩ።

ዘይሃገራውያን ዝበሃሉ ሰባት ወይ ስነ-ሓሳባት ከኣ፡ ናይ ምሉእ ዜጋ መሰል ዘየጠቓልሉ፡ ውልቃዊን ጉጅለኣዊን ረብሓ ዘቐድሙ፡ ካብ ምስ ደቂ ሃገር ምስ ካብ ክሊ ሃገር ወጻኢ ዘሎ ዝምድናን ፍኹርን ዝዓጦምን እዮም። ንውልቃዊ ረብሓታት ክብሉ ምስ ንሃገራዊ ረብሓን ዋኒንን ንናይ ደገ ኣካላት ኣሕሊፎም ዝህቡ'ውን ዘይሃገራውነቶም ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብተወሳኺ፡ ዝኹነ ዜጋ፡ እናተፈለጦ ወይ ንመኣረምታታት ዜጋታት ረጊጹ፡ ንሃገራዊ ድሕነትን ምርግጋእን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዕዮ ምስ ዝፍጽም፡ ሽሕ'ውን ብናይ ደገ ሓይልታት ዝተዓስበ እንተ ዘይኮነ፡ ካብ ዓንኬል ሃገራውነት ንጹግ እዩ።

ንሃገራዊ ክሊ ቄሪሶም ምስ ካብ'ቲ ክሊ ወጻኢ ዘለዉ ዝጽንብር ሓሳብ ዘለዎም ሰባ፡ ህሉው ሃገራዊ ሓሳብ የብሎምን። ኣብ መጻኢ ድሕሪ ምቀኮርራስን ምምልላእን ከም ሓደ ሃገር ምቕሞምን፡ ናይታ ሓዳስ ወይ ካልእ ሃገር ሃገራውነት፡ ወይ'ውን ካልእነት ከማዕብሉ ይኽእሉ ይኹኑ እዮም። እዚ ግን ጸረን ምስ'ዚ ህሉው ወይ ዝጸንሐን ሃገራውነት ፍጹም ዘይቃዶን እዩ።

ዓለማውነት ወይ ኣህጉራውነት ምስ ሃገራውነት ክሳብ ዝተወሰነ ደረጃ እናተሰማምዐ ክኸዱ ዝኽእሉ እንተኾኑ'ኳ፡ ሕመረት ነገሮም ክልተ ጻት ስለ ዝኹነ፡ ኣብ ሃገራውነትን ዓለማውነትን ኣብ ሓደ ግዜ ብድልድል ክትኣምን ኣይከኣልን እዩ።

ንቕሓት

ንቕሓት ክንብል እንከለና ብዛዕባ እቲ ምስ ኵነታትና ዝኸይድ ንቕሓት ኢና እንዛረብ ዘለና፣ ማለት እቲ ንደሞክራሲ፡ ማዕርነት፡ መሰል፡ ማዕርነት ዕድላትን ምምቕራሕ ጸጋታትን፡ ሕግን ፖለቲካዊ ተሳትፎን ዘድሊ ንቕሓት።

ልክዕ'ዩ ንቕሓት ቀስ ብቐስ ኣብ ሕብረተ-ሰብኣዊን ባህላዊን ቀጠባዊን ብኣከባብያዊ ምውሳእን ብተግባርን ብመልሰ-ግብርን ዝከናወን መስርሕ'ዩ። እዋናውን ዘየተሓታትትን ቀዳማይ መሳርሒ ፍትሒ፡ ምርግጋእን ብልጽግናን ከኣ ንቕሓት'ዩ።

ብኣልማማ ህዝብና ንቐሕ ወይ ኣይንቐሕን'ዩ ምባል ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ርግጽ ነገርሲ ንቕሓትና'ዩ ዘይተመጣጠነ ዘሎ። መበገሲ ትርጉም ንቕሓት ካብ'ቲ ዝጸናሕካዮ ብዕጋገ ድሕሪ ምብርባር፡ ናብ ፍጹም ደረጃ ምስትውዓልን ምስትብሃልን ምስግጋርን ከምኡ'ውን ብንጹር ከተድህብን ብውሮኻ መልሰ-ግብሪ ክትህብን እትኽእለሉ ደረጃ ምብጻሕን እዩ። ምንቃሕ ማለት ሓደ በዳሊ ኣካል ዓማጺ ምኺኑ ምፍላጥ ማለት ኣይኰነን።

ብጥሙሩ፡ ንቕሓት ማለት ንጉዳያትን ምዕባሌታትን ብህድኣት፡ ብዓቕሊ፡ ብመንፈስ ምጽውዋርን ምርድዳእን፡ ንምእላይን ንምስጓሞምን ወለንታዊ ሕልና ምህላው እዩ። ንቕሓት፡ ሜላታት ዘይፍትሓውያን ኣካላትን ነቲ ንምግዛእ ንኽጥዕሞም መብዛሕትኡ ግዜ ዝጥቀሙሉ ሽርሕታት፡ ከም እኒ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ተፈጥሮኣዊ ይዅን ናይ ብሄር፡ እምነት፡ ቋንቋ...ወዘተ ፍልልያት፡ ምስትብሃልን ኣብ መፈንጠራታቶም ዘይምውዳቕን ምምካቶምን'ዩ። ብተወሳኺ ከኣ ዝበዝሑ ዓመጽቲ ምስ ናይ ደገ ሓይልታት ጸገማት ብምፍጣር ዕድመ ስልጣኖም ንምንዋሕ ዝጥቀሙሉ ሜላታት'ውን ምልላይ የማልእ።

ንቕሓት ማለት ብዓሌት፡ ብሃይማኖት፡ ብቑንቋን ወይ ብውልቃዊ ርክባትን ረብሓታትን ከይተደረኽካ፡ ብሃናጽነት ንቕኑዕ ቅኑዕ፡ ንጌጋ ድማ ጌጋ ንምባል ድሉው ምኺንን ምኽኣልን እዩ። ንቕሓት ንዝያዳ ንቕሓት ድሉው ምኺን እዩ። ዘይነቕሑ ውልቀ-ሰባት ይዅኑ እኩባት፡ ውሕስቲን ብልጽግቲን ሃገር ንምስራሕ ይእገሙ። ድንቕ'ርና፡ ዓመጽቲ መንግስታትን፡ ተበለጽቲ መራሕቲ ሕብረተ-ሰባትን፡ ትዕቢት፡

ዘይምንባብን ዘይምክትታልን፡ ንምንቃሕ ዘይምጽማእ ወይ ምህካይ... ወዘተ ጸላእቲ ንቐሓት እዮም። እቲ ዝመርዘመ ጸላኢ ንቐሓት፡ ፍርድኻን ስጉምትኻን ብስምዒታውነት ምሃብን ምውሳድን እዩ። ምንቃሕ ቅኑዕ መንገዲን ኣገባብን ቃልሲ ንምኽታል ይሕግዝ እምበር ካብ ምቅላስ ኣየባኽርን እዩ። ብዘይ ንቐሓት ሓደ ተቓላሳይ ንገዛእ-ርእሱ፡ ንቓልሱ፡ ንዕላማኡን ንህዝቡን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሰዓታቱ ዝቐጽር ተተኳሲ ባእታ እዩ።

ንምምጥጣን ንቐሓት ከኣ ኩሉ ግዜ ናይ ተመሃራይ መምህርን መንፈስ ሒዝካ ምኻድ የድሊ። ንቐሓት ከም ኣብ ደገ ሰላም ተሳሊምካ እናተመለስካ ዝጥረ ኣይኰነን። ናይ ሰናይ ድሌት ዘይኰነስ ናይ ግብሪ ሓርበኛ ንምኳን፡ ኣብ ትሕቲ ፍልፍል ማዩ ጸብሪ ካብ ማይ እናፈለኻ ካብ ሓሬት ናብ ጽሩይ ንኽትቅይር ዘይሕለል ጻዕሪ ዘድልዮ'ዩ። ሓቀኛ ሰላም፡ ምርግጋእ፡ ተስፋን ቀጻልነትን ዘለዎም ህዝብታት እንተ ርኢና፡ ዕድለኛታት ኰይኖም ዘይኰኑስ ንንቐሓት ጻዕሪ፡ ልቢን ደሞምን ስለ ዝሃቡሉ'ዮም። ስለዚ ንቐሓት ብዘይ ጻዕሪ ጎፍ ዝብለካ ክሳብ ዘይኰነ፡ ንኽነጥርዮ ይኹን ንኽነመጣጥኖ ጻዕሪ የድልየና፣ ትግሃት የድልየና፣ ትሕትና የድልየና፣ ምክብባር የድልየና፣ ከምኡ'ውን ድሉውነት የድልየና። ንቐሓት፡ መምስ ግዜኡን ኵነታትን'ዩ ኣድላይነቱ። ክንዲ ዝኹነ'ዩ ከኣ ንቐሓት ደራቲ ናሕሲ ዘየብሉ።

ንቐሓት ብትምህርቲ ወይ ብግንዛቤን ተመኵሮን ክጠሪ ይኽእል። ከም ተቓላሳይ ፖለቲካዊ ንቐሓት ምእንቲ ክህልወካ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝቐሰምካ ክትከውን የድልየካ። እንተ ዘይኰይኑ ምስ ሓቅነትካ ከለኻን እሙን ክንስኻን፡ ነቶም ዓመጽቲ ዘተኣታተዉዎ መርሓ-ግብርታት ኰነ ንምትግባሮም ዘቕርብዎም ምኽንያታት ክትብድሆም ኣይትኽእልን።

በዚ ምኽንያት ከኣ እቲ ዘይፍትሓዊ ካባኻ ንላዕሊ ሓለፋ ኣቓልቦ ህዝብን ከባቢኡን ክረክብ ይኽእል። ኩሉ ተቓላሳይ፡ ካድር ናይ ዝቃለሰሉ ዘሎ ዕላማ'ዩ። ከምቲ ምምልማል ሓደስቲ ተቓለስቲ፡ ምፍራይ ሓደስቲ ካድራት ከኣ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ተቓላሳይ ግዴታ እዩ። ብግቡእ ዘይተረዳእካዮ ወይ ዘይበጻሕካዮ ብልሓታት እቲ ዘይፍትሓዊ ስርዓት እንተ ኣሎ፡ ዝያዳ ንኽትፈልጥ ጸዓር'ምበር ምስ ኰራኵሩ ኣብ ክትዕ ኣይትእቶ። ከምቲ ዝበሃል ንእሽቶ ፍልጠት ሓደገኛ'ዩ'ሞ፡ ኣብ ዘይተረዳኣካ ኣርእስቲ ምክታዕ ማለት፡ ጸላኢኻ ኣብ ዝመረጸልካ ሜዳ ምውጋእ ማለት'ዩ።

ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘይብሉ ተቓላሳይ ብገዛእ መራሕቱ'ውን ንኽታለል ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ብሰንኪ ዘይምንቕሑ'ውን፡ ተሓባባሪ'ቶም ነቲ ኣንፈት ሓቀኛ ህዝባዊ ቃልስን ብልጽግናኡን ዝጨውዩ ዓመጽቲ ኣካላት'ዩ ዝኸውን፣ ውሒሉ ሓዲሩ ከኣ ግዳይ'ውን ይኸውን። ከምኡ'ውን ነቲ ዝገጥሞ ዘሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ መተካእታ ንምኽን ኩነ ንምስንዳእ የጸግሞ። ተቓላሳይ ንገዛእ ርእሱ ነቒሑ ንህዝቡ ከንቅሕ እንተኾይኑ እምበኣር፡ ኣምር ፖለቲካ ክህልዎ ወሳኒ እዩ።

ተቓውሞ፡ ቃልስን ፖለቲካን

ተቓላሳይ ወትሩ መበገሲኡ ዘይምዕጋብ ወይ ተቓውሞ ንጸቕጥን ዕብለላን እዩ። እዚ ጸቕጢ'ዚ፡ ፖለቲካዊ ወይ'ውን ብሄራዊ፡ ዓሌታዊ፡ ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊን መንነታዊን ክኸውን ይኽእል። ካልኦት መሰረታውያንን መባእታውያንን መሰላት ወዲ-ሰብ ስለ ዝተጣሕሱ ክኸውን'ውን ይኽእል።

ብዙሓት ተቓለስትን ተቓወምትን ንርእሶም ከም ፖለቲከኛታት ክቕርጽዋ ይረኣዩ። ተቓዊምካ ማለት ግን ፖለቲከኛ ኢኻ ማለት ኣየስምዕን'ዩ፤ ከምኡ'ውን ተቓላሳይ ንምኽን በቒዕካ ኢኻ'ውን ማለት ኣይኮነን። ተቓላሳይ ስለ ዝኹንካ ፖለቲከኛ ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ተቓላሳይ ምኽን ማለት ነቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ምጥላብን ምቅዋምን ንምርግጋጽ፡ ግዜኻ፡ ሓይልኻ፡ ጉልበትካን ዋኒንካን ክሳብ ህይወትካ ብምውፋይ ናብ ዝሓየለ ደረጅኡ ምዕዛዝ እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ብእኩብ ወይ ብውዳበ እኳ ዝርአን ዝግለጽን እንተኾነ ብውልቂ'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ፖለቲካዊ ጽገና ወይ ፍጹም ለውጢ ምጥላብ ወይ ንመርሓ-ግብርታት ናይ ሓደ ዘይፍትሓዊ ፖለቲካዊ ሓይሊ ምቅዋም ጥራይ ተቓላሳይ ኣይገብርን'ዩ።

ብኣንጻሩ'ውን ፖለቲከኛ ተቓዋሚ ክኸውን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን፣ ተቓላሳይ ክኸውን'ውን ግድን ኣይኮነን። እዚ እናኹነ እንከሎ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ሓደ ተቓላሳይ ናይ ለውጢ ፖለቲከኛ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ብቒዕ ፖለቲከኛ ዝገብሮ ግን ፖለቲካዊ ንቕሓቱ፡ ትምህርቱን ተመኩሮታቱን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊን ቀ'ጠባዊን ስነ-ፍልጠታትን እዩም። ብመሰረቱ ፍልጠት ቅርጽን ዓይነትን መንግስቲ፡ ኣህጉራዊን ዞባዊን ዝምድናታት፡ ታሪኽን ማሕበራዊን ጸጥታዊን ግንዛቤን ልምድን

ክህልዎ ይግባእ።

ብኣንጻር እዚ'ውን ገለ ሰባት ፖለቲካን ፖለቲከኛታትን ሓሶትን ሓሰውቲን ምኻኖም ይአምኑ ወይ ንሓሶት ፖለቲከኛታት ከም ንቡር ተቐቢሎም የሳስዩዎም። እዚ ትምህርቲ ወይ ርድኢት እዚ ፍጹም ጌጋ'ዩ። እቶም ፖለቲከኛታት'ዮም እሙናትን ዘይእሙናትን ክኸኑ ዝኽእሉ'ምበር፡ እሙን ፖለቲከኛ ምኻንሲ ይከኣል እዩ። ብዙሕ ግዜ ምስ ርእሰ-ምዕባይ፡ ህርፋን መላኽነት፡ ናይ ምትላልን ወይ መእመን ባህሪ ዘለዎ ሰብ ዝተኣሳሰርካ እንተኾነ ፖለቲከኛ ከም ኣብ ዝኾነ ዓውዲ፡ ሞያ ወይ ተመኮሮ ቅኑዕ ወይ ዘይቅኑዕ ክኸውን ይኽእል፣ እሙን ወይ ዘይእሙን ክኸውን ይኽእል፣ ሓርበኛ ወይ'ውን ዕሙት ሃገራዊ ወይ ድማ ጭው ዝበለ ዘይሃገራዊ ክኸውን ይኽእል። ዝበዝሕ ግዜ ሰብ ብባህሪኡ ካብ ሰማዒ ተሰማዒ፡ ካብ ተገዛኢ ገዛኢ ማለት መራሒ ክኸውን ስለ ዝደሊ፡ ፖለቲከኛ ድማ ኣብ ብደረጃ ሃገር ዝካየዱ ውሳኔታት ቀንዲ ተራ ዘለዎ ክኸውን (ንረብሓኡ፡ ንረብሓ ውሑዳን ወይ ከኣ ንረብሓ ኩሉ)፡ ውሩይን ዓርኪ ሃብታማትን ውሩያትን ክኸውን፡ ደሓን ገንዘብ ክኽፈል፡ ኣብ ደሓን ገዛ ክነብር፡ ንዕኡን ንስድራኡን ስም ክገድፍ፡ ገለ ውን ከም ሞያ ክጥቀመሉ ዝደሊ ኣሎ። ብሓጺሩ ሓደ ሰብ ሕልና ዘለዎ ፖለቲከኛ ወይ'ውን ፈታዊ ነብሱን ዘይእሙንን ክኸውን ይኽእል። ስለዚ እቲ ሚዛን ኣብ ውልቃዊ ባህርያት እቲ ፖለቲከኛ'ምበር ኣብቲ ሞያኡ ዝኾነ ፖለቲካ ኣይኮነን ክምርኮስ ዝግባእ።

ብዙሕ ሰብ ብርእዮ ክቃወም ንርኢ ኢና፡ ተቓውሞኡም ናብ ቃልሲ ዘብቅዑ ግን ውሑዳት እዮም። ፖለቲከኛታት ግን ኣባና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ምሉእ ዓለም ውሑዳት እዮም።

ብተወሳኺ፡ ብውኖኡ እንከሎ ኣብ ክቃወም ዘይደልየሉ ደረጃ ምስ ዝበጽሕ ወይ ነብሰ-ፍትወት ወይ ተመላኽነት ምስ ዘጥሪ፡ ምቅዋም ደው ክብል ይኽእል እዩ። ካብ ምቅዋም ሓሊፎም ርእሶም ክሳብ ዝኸፍሉ ተቓሊሶም ክንሶም ደሓር ግን ይኣኽለኒ፡ ታሪኽይ ከይጽይቕ፡ ደኺመ፡ ደጊምሲ ናይ ባዕለይን ናይ ስድራይን ኣመት ክገብር ክብሉ ይረኣዩ'ዮም። ገለ ከኣ ኣንጻር ወይ ምብዳህ እቲ ዝተቓለሱሉ ውድብን ኣካይዳን ንኽብገሱ ነብሶም ኣይገብረሎምን ወይ ናይ ስጋ ይኹኖም'ሞ፡ ዓይኖም ዓሚቶም ክኸዱ ይመርጹ።

ተቓዋሚ፣ ካብ ዘይዕግበት፡ ዝሓሸ ኣማራጺ ምህላዉ ካብ ምእማንን

ኣንጻር ዓመጽን ዝለዓል እዩ።

ዘይዕግበት ናይ መርሓ-ግብርታት ወይ ዝተፈልየ ርእይቶ ስለ ዘሎ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ዓመጽ ስለ ዘሎ ጥራይ ክንቃወም ንግደድ ኢና። ምቅዋምና ናይ መሰል ሕቶ፡ ናይ ህላወ ሕቶ፡ ናይ ምንባር ሕቶን’ምበር፡ ፖለቲካዊ ኣሰራርሓን ስነ-ሓሳባዊ ፍልልይን ዘምጽኦ ወይ ዘውሓዞ ጥራይ ክይከውን ይኽእል’ዩ።

ተቓላሳይ፤ ነቲ ዕግበቱ ይኹን ዕግበት ህዝቡ ንኽማልእ፡ ንርእሱን ንህዝቡን እቲ ኣሎ ዝበሎ ዝሓሸ ኣማራጺ ንምርግጋጽ፡ ካብ ዓመጽ ንምንጋፍን፡ ነቲ ዝተበገሰ ተቓውሞ ናብ ዝለዓለ መድረኽ ብምስግጋር ኩለንትናኡ ዘወፊ እዩ።

ካብ ተቓዋማይ ናብ ተቓላሳይ ዘሰጋግር መስመር ወይ ሜላ ውሳኔ ጥራይ’ዩ። ናብ ቅኑዕ ፍትሓዊ ተቓላሳይ ንኽሰጋገር ግን እንተ ወሓደ እቲ ዝቃለሰሉ ዘሎ እኩብ ይኹን ዕላማ ምስቲ ተወፍዩ

ዜኡ፡ ማሉን ህይወቱን ክህብ ዘለዎ ድሉውነት ዝመጣጠን ክኸውን ኣለዎ። ሓቀኛ ተቓላሳይ፡ ብህይወት’ውን ምስ ዘይህሉ፡ ትጽቢቱ ክረጋገጽ ከም ዝኽእል ክኣምን ክኽእል ኣለዎ።

ፖለቲከኛ፤ ንዕግበቱ ይኹን ዕግበት ህዝቡ ንኽማልእን ቀጻልነቱ ንኽውሕስን፡ ነቲ ዝሓሸ ዝበሎ ዝኣምነሉ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን ኣካይዳን ከስርጽን ክረጋግጽን መንግስታዊ ይኹን ካልኦት ዝለዓሉ ህዝባውያን ስልጣናት ንምሓዝ ዝጽዕር እዩ። እዚ ኣብ ደሞክራስያውያን ሃገራት ሰልፍታት ብምቕም ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ገለ ግን ሰውራታት ብምቕም ብቓልሲ ክረጋገጽ ይኽእል። ስለዚ፡ በቲ ኰይኑ በቲ፡ ፖለቲከኛ ንሓንቲ ሃገር ንመሬታን ንህዝባን ዝመሓደሩሉ መንገዲ ንምርግጋጽ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘናዲ እዩ።

ሓደ ተቓዋሚ፡ ተቓላሳይ ወይ’ውን ፖለቲከኛ (ብሕልፊ ተቓላስን ፖለቲከኛን) ምስ ህዝቡ ጥቡቕ ዝምድና ክህልዎ ይግባእ። ቃልሱ ስለ ህዝቡ ምኽኑ ብቓል ዘይኰነስ ብግብሪ ክርኢ ይግባእ። ክብሪ ህዝቢ ዘለዎ ትሑት፡ ፍቕሩ ብግብሪ ዘርኢ፡ ካብ ብልሽውና ነጻ፡ ካብ’ቶም ናይ’ቶም ወጺዖምዎ ዘለዉ ባህርያት ከም ዝፍለ ዘመስክር፡ መብጽዓኡ ዘተግብርን ግሉጽን ክኸውን ይግባእ። ናይ ኵሎም ህዝቡ ብማዕረ ፍትሒ ክምጽእ ከም ዝኹነ ካብ ኣወዳድባኡ ክሳብ ኣሰላልፋኡ ማለት ካብ ኵሎም

ሕብረተ-ሰባት ዝቜመ ወይ ዘሳትፍ ባህሪ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ኵሉ እቲ እትገብሮ ነገራት፡ ህዝቢ ይዕዘበካ ከም ዘሎ ተገንዚብካ ክትገብሮ ይግባእ። ጽባሕ ክትመርሖ ከም እትኽእል፡ እንተ ወሓደ ነጻ ኰይኑ መራሕቱ ክመርጽ ዘኽእለሎ መድረኽ ክትፈጥር ምኽንካ ከተርእዮ ዘሎካ። ስለዚ ምውፋይካን ቃልስኻን ሞሳ ዘይብሉ ንኽይተርፍን ዘበገሰካ ዕላማ ምእንቲ ክትሃርምን፡ ትርግታ ልቢ ህዝቢ ስማዕ። ንስኻ እትደልዮን እቲ ህዝቢ ዝደልዮን ኣወሃሂድካ ኪድ። ሽዑ ምስ ህዝብኻ ዘለካ ዝምድና ዝተሰንዐ ዘይኰነስ ባዕሉ ተፈጥሮኣዊ እናኾነ ክመጽእ እዩ። ድሕሪኡ ከአ ልብኻ ንድሌት ህዝቢ ከም ልምዲ ይወስዶ'ሞ፡ ከይበለካ'ውን ኣቐዲምካ ክትርድኦን ክትርድኣሉን ትኽእል።

ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባት

ሓደ ፍትሓዊ ተቓላሳይ ኣካል፡ ነቲ ከረጋግጾ ዝደሊ ዘሎ ዕላማ ዘማእከል ንማሕበራዊን፡ ፖለቲካዊን ቍጠባዊን መዳያት ዘነጸረ ስነ-ሓሳባት እንተ ዘይብሉ ኵሉ ቃልሲ ኮንቱ'ዩ። እተን ቀንዲ ኣዕማድ ናይ ፍትሒ ኣካል፡ ስነ-ስርዓት፡ ዕላማ፡ ንቐሓትን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን እየን።

ኣተግባሪ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ሓደ ተቓላሳይ እዩ። እቲ ተቓላሳይ ብኣካል ወይ ብህይወት ኣብ ዘየለወሉ'ውን ከይተረፈ ዝውክሎ መንፈስ እዩ። ኣብ ዓለም ዛጊት እልቢ ዘይብሎም ተቓለስቲ ሓሊፎም'ዮም። እቲ ስነ-ሓሳቦም ግን እንተ ወሓደ ኣብ መንነ ህዝቦምን ከባቢኦምን ተፈላጢን ተዘካሪን ኰይኑ ይነብር። እንሓንሳእ ከኣ ዓለም-ለኻዊ ጽልዋ ይፈጥር። ስነ-ሓሳባት ሃነጽትን ዘይሃነጽትን ኢልና ክንከፍሎም ንኽእል። ሃነጽቲ ስነ-ሓሳባት፡ ማዕርነት፡ መሰል፡ ዕድላት፡ ምርጫታትን ድልድል ምምኞራሕ ጸጋታትን ዘማልኡ ክኸኑ እንከለዉ፡ ብመሰረቱ ኣብ ውሳኔ ህዝቢ ክብሪ ዘለዎምን ምጽውዋርን ምንብባርን ዘቐደሙን እዮም። ዘይሃነጽቲ ስነ-ሓሳባት ዝበሃሉ ከኣ፡ ነዞም ኣቐዲሞም ዝተዘርዘሩ ዝነጽግ ወይ ዘይድርዕ ባህሪ ዘለዎም'ዩ።

ዝኾነ ሃገራዊ ተቓላሳይ፡ ብኣጠቓላሊ ኣብ ምርግጋጽ ሰብኣዊ መሰላትን ማዕርነትን ኣብ ኵሎም ዜጋታት፡ ማዕረ ወይ ተመጣጣኒ ግዴታታትን ኣበርክቶን፡ ምንጋስ ግዝኣተ-ሕጊ፡ ምኽባርን ምዕቃብን መሰረታውያን ክብርታት እምነታት፡ ባህልታት፡ ልምድታት፡ ታሪኽን ሃገራውነትን፡ ምዕሩይ ምምኞራሕ ጸጋታትን ነጻ ዕዳጋ ብዘይ ምዝመዛን ዝኣመሰሉን

ምስኣም ዝመሳሰሉን መትከላት ዝተመርኰሰ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባት እንተ ተኸተለ ጠቓምነት ኣለዎ።

ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ እኩብ ናይ ስነ-ምግባራዊ ኣምራት፡ እምነታት፡ መምርሒታት፡ ዛንታታት ወይ ምልክታት ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓስ፡ ትካላት፡ ደርብታት ወይ ዓበይቲ ጥርናፈታት ኰይኑ፡ ብዛዕባ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከመይ ገይሩ ይዓዩን ንማሕበራዊ ስርዓት ከኣ ገለ ፖለቲካዊን ባህላዊን ቅዲ ዝህብን እዩ። ስልጣን ብኸመይ ይመቓራሕን ኣብ ምንታይ መዓላ ይውዕልን ዝግደስ'ውን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ እዩ።

ገለ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ወይ ጥርናፈታት፡ ኑዮም ፍሉጣት ፖለቲካውያን ስነ-ሓሳባት ከም ዘለዉዎም ወይ ብቐረባ ክጥቀሙሎም እንከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ ክስተት'ዮም ፖለቲካውያን ስነ-ሓሳባት ብዓቢ ስእሊ ዝወሱዱ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ'ዮም ስነ-ሓሳባት ግን ፈልዮም ኣይወስዱን። ሽዮታትን ሜላታትን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባት ብዝውቱር ኣገላልጻ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከመይ ገይሩ ይውደብን፡ ንምዕዋት እቶም ሽዮታት መንገዲ የመቻችእን ይዕቅኑ።

ንጹር ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ዘይብሉ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ፖለቲካዊ ሓይሊ እዩ ክትብሎ ኣየድፍርን። ፖለቲካዊ ስርዓታት ንምርግጋጽ ዝጠቅም ሻንብቆ ወይ ልዓት ክኸውን'ውን የሸግረካ። ንፖለቲካ ዝኸውን ሓይሊ'ምበር ድሮ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝኾነ ኣይመስ

ን። ፈዳዪ ሕነ፡ ሓላዊ ህዝቢ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ወዘተ. ክትብሎ ይጥዕም። እዚ ማለት ግን ንትግባረን ዕላማን፡ ካብ'ዶም ገበነኛታት ስርዓታት ንምግልጋል፡ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ክህልወካ ግድን እዩ ማለት ኣይኰነን። ምኽንያቱ ንጨቋኒ ስርዓት ንምእላይ ግድን ኣይኰነን ፖለቲካዊ ሓይሊ ክትከውን፡ ሽሕ'ኳ ኣገዳሲ እንተኾነ። 'ፖለቲካዊ ሓይሊ እየ' ወይ 'ናብኡ ገጸይ'የ' እትብል እንተኺንካ ግን፡ ግድን'ዩ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳባት ክህልወካ ዘለዎ። ሓደ ተቓላሳይ ሓይሊ ማለት፡ ግድን ፖለቲካዊ ሓይሊ'ዩ ማለት ኣይኰነን፡ ሽሕ'ኳ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ተመሳሳሊ ተራ እንተ'ለዎ።

ፖለቲካውያን ሰልፍታት

ፖለቲካውያን ሰልፍታት ናይ ገዛእ ርእሰን ፖለቲካዊ ሓሳብ ዘለወን ስልጣን ንምሓዝ ንሰልፈንን ሕጹያተንን ንውድድር ዘቕርባ እየን።

ናብ ስልጣን ክመጽኣሉ ዝኽእላ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓትን ሓደ ሰልፋዊ ፖለቲካዊ ስርዓታት ኣለዉ። ኣብ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓታት ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ንኽወዳደራ ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ሓደ ሰልፋዊ ስርዓት ከኣ ሓደ ሰልፊ ንኻልኦት ፖለቲካውያን ሰልፍታት ብምውጋድ ስልጣን ንበይኑ ዝብሕተሉ'ዩ።

ዘመናውያን ዓይነታት ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡ ተወሳሰልቲ፡ ተሓናፋጽቲን ተቐያየርቲን ኮይነን ንረኽበን። ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ገሊኣን ካብ'ተን ካልኦት ክሃብባ ንርእየን፡ ገሊኣን'ውን ስመን እምበር ፖለቲካዊ መርግጺታተን ክትፈልዮ ዘኣግምን ወይ ምስ ካልኦት ዝረዓማ እየን። በዚ ምኽንያት ከኣ ጸሚቑካ ንምቕራቡ ኣሸጋሪ'ዩ። እምነት ገለ ውሩያትን ዝውቱራትን ፖለቲካውያን ስርዓታት ዝኽተላ ሰልፍታት ምርኣይ ይከኣል።

ዒቃባዊ፤ ሓደስቲ ምዕባለታት ዘይቕበል፡ ህዝባዊ ኣገልግሎት ምንካይ፡ ትሑት ቀረጽ ኣብ ዜጋታት

ሊበራላዊ፤ ብሕታዊ ዋንነትን ነጻ ዕዳጋን፡ ዓለም-ለኻውነት

ማሕበርነታዊ፤ መንግስቲ ወሰንቲ ትካላት ብምውናን ንህዝቢ ክከላኸል

ዴሳዊ፤ ሸቃሎ ምንጪታት ኣታዊ ክቈጻጸሩ

ብዘመናዊ መለከዒታት ኩሎም ፖለቲካውያን ስርዓታት ኣብ ክልተ ዝጽንፉ መስመር እዮም ዝስርዑ ወይ ዝቕመጡ። እቶም ጽንፍታት ጸጋምን የማንን ክንፍታት ተባሂሎም ይጽውዑ። እቶም ናብ ማእከል ዝቐረቡ'ውን ማእከሎት እዮም ዝበሃሉ።

_ጸጋም_____ማእከላይ_____የማን_

መንግስቲ ኣልቦ ዴሳዊ ማሕበርነታዊ ሊበራላዊ ዒቃባዊ ንጉሳዊ ናዚኣዊ ፋሽሽታዊ

ገለ ካብዞም ብፖለቲካውያን ሰልፍታት ዝዝውተሩ ፖለቲካውያን ስርዓታት ብምንጽጻር ንገንዘብ። ኣብ መንነ ናዚኣዊን ፋሽሽታዊን ቅርበት ኣሎ። ክልቲኦም ንሊበራልን ንናይ ማርክስ ስነ-ሓሳብ ደሞክራሲን ዝነጽጉ እዮም፣ እንተኾነ ፍልልያት ከኣ ኣለዎም። ናዚኣዊ ስነ-ሓሳብ ሓደ ክፋል ናይ ፋሽሽታውነት ክቕጸር ዝከኣል እኳ እንተኾነ፡ ፋሽሽታውነት ንሃገር ዘቕድም ክኸውን እንከሎ ናዚኣውነት ግን ብፍሉይ ንዓሌት ኣርያን ዘቕድምን ዝግደስን'ዩ፣ ማለት ልዕልነት ናይ ኣርያን ዓሌት ካብ ኩሎም

ካልኦት ዓሌታት ዝኣምን እዩ።

እቲ ዝርዝር ሰፊሕ'ዩ። ንኣብነት እቲ ጸጋማዊ ክፍሊ ዝበልናዮ ሊበራል ኣብ ክልተ ይኽፈል፤ ማሕበራዊን (ጸጋም) ቍጠባውን (የማን)።

ኣብ መንነ ርእሰ-ማላውነትን እቲ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ዝስራዕ ውጹእ ተቓናቓኒኡ ዴስነትን ዘሎ ፍልልይ ትንክፍ ኣቢልና ንሕለፍ። እዚ ፍልልይ'ዚ፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ንዓለም ዝሓመሰ ዝሑል ኩናት ስለ ዝኾነን፡ ነቲ ህቡብ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ማሕበራውነት ዝደቐለ ወይ ዝጸረበን ክበሃል ዝኽእል እዩ።

ዴስነት	ርእሰ-ማላውነት
እቲ ሕብረተ-ሰብ ወይ ሓፋሽ ነቶም ምንጪ ጸጋታት ወይ መሳለጥያታት መፍረ ይውንን ወይ ድማ ይቁጻጸር	ብሕታዊ ዋንነትን ይቁጻጸር
እቲ ረብሓ እቶት ንሓፋሽ ብማዕረ የካፍል	ረብሓ እቶት ነቲ ወናኒኡ ዝኾነ ብሕታዊ ኣካል ይውዕል
ሓፋሽ ልዕሊ ውልቀ-ሰብ ይስራዕ	ውልቃዊ ነጻነት ልዕሊ መንግስቲ ወይ ልዕሊ ሓፋሽ ይስራዕ
ንብሕታዊ ዋንነት ከጥፍእ ይጽዕር	ስለ ብሕታዊ ዋንነት ይቐውም

መንግስቲን ምምሕዳርን

ትርጉም መንግስቲ ሰፊሕ እኳ እንተኾነ፡ ካብ ወራር ንምክልኻል፡ ጸጥታ ንምስፋን፡ ፈሰስ ምግባር፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምብጻሕ፡ ምጣኔ ሃብቲ ንምምእዛን...ወዘተ ምስ ህዝቢ ውዕል ዝኣቱ'ዩ። ገለ ብምርጫ ህዝቢ ክመጽእ እንከሎ፡ ካልእ እዋን ድማ ነዚ ቦታ ንምሓዝ ብዓመጽ ይኸውን።

ሓደ መንግስቲ ነቶም መሰረታውያንን ዘይመስረታውያንን ዝኾኑ ተግባራቱ ብግቡእን ብስሉጥን ንምፍጻም ትካላት ምምሕዳር የድልዮም። በቶም ኣካላት ምምሕዳራቱ ኣቢሉ ከኣ ስልጣኑን ሓላፍነቱን የሰላስል። እዞም ትካላት እዚኦም'ውን ንህዝቢ ብቐጥታ (ህዝቢ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ጉዳያት ድምጺ ይህልዎ) ይኹን ብውክልና (ባይቶ) ከሳትፍ'ውን የኽእሎ። እዚ ተሳትፎ'ዚ፡ ነተን ንፖለቲካውያን ሰልፍታት'ውን ዘካተተ'ዩ።

ህዝቢ፡ ንኽመርሑዎ ንመንግስታዊ ቦታ ንኽሕዙ ዝሻመዉ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ንምምራጽን ምውራድን መሰል ከህልዎ ይግባእ። እዚ ተኽእሎ ንኽህልዎ ከኣ፡ ሕግታትን ንዕኡ ዘኽበረሉን ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) ይሰርዕ። ኣብዚ ቅዋም ከኣ ዓይነታት፡ መልክዓት፡ ዝርገሐን መዋቕርን ምምሕዳርን ይፍጠር።

ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ናይ ወዲ ሰብ ምዕባለታት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምምሕዳራት ተራእዮም’ዮም። እቶም ዝውቱራትን ኣብ ምቕጻልን ካብ ዘለዉ ከኣ ንርአ፤

ንግስነት፤ ብንጉስ ወይ ንግስቲ ዝምራሕ

ምልካዊ፤ ሓደ ውልቀ-ሰብ ስልጣን ይውንን

ምልክ-ውሑዳን፤ መንግስቲ ብውሱናት ርቡሓት ወይ ሓያላት ይቡሓት

ደሞክራሲ፤ ህዝቢ ዝለዓለ ኢድ ዘለዎ ኣቃውማ

ምምሕዳራት ዝተፈላለዩ መልክዓት ኣለዉዎም። እዞም መልክዓት እዚኣቶም ገሊኦም በቲ ህዝቢ ዝመረጾም ክኸኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ግን ከወራረሱ ዝጸንሑን ብዓመጽ ዝመጽኡን ገለ’ውን ኣብ ጉዕዞ ዝተገርዙን’ዮም።

ፕረሲደንታዊ፤ መራሒ ሃገር ብቐጥታ ይምረጽ፡ ተሓታትነቱ ከኣ ነቲ ዝመረጾ ህዝቢ ይኸውን

ባይቶኣዊ፤ ፈጻሚ ኣካል ካብቲ ሓጋጊ ማለት ባይቶ ይምረጽ፡ ተሓታትነቱ ከኣ ነቲ ባይቶ ይኸውን

ሓንፈጽ፤ ሓንፈጽ ባይቶኣውን ፕረሲደንታውን

ንጉሳዊ፤ ዝወራረስ ስልጣንን፡ ተሓታትነት ናይ ህዝቢ ዘየድልዮ

ምልካዊ፤ ተሓታትነት ዘይብሉ፡ ኣዋዲ ኣልቦ መላኺ

ስልጣን ኣብ ምምሕዳር ሓንቲ ሃገር ዝርግሐኡ ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ይፈላለ እዩ። እዚ ከኣ ምስ ኣቃውማን ኣመጻጽኣን ናይ ምቕጻል ትልምን ክፈላለ ንርእዮ። ገለ ካብኣቶምን ባህሪኦምን ንምጥቃስ ይከኣል።

ምእኩል ምምሕዳር፤ ማእከላይ መንግስቲ ኩሉ ስልጣን ይብሕት

ፈደራላዊ ምምሕዳር፤ ማእከላይ መንግስቲን ዞባዊ መንግስቲን ስልጣን

ይመቻርሑ

ኮንፈደራላዊ፤ ዞባዊ መንግስቲ ዝያዳ ሓይሊ ይህልዎ ማእከላይ መንግስቲ ከኣ ድኹም

ምምቕራሕ ስልጣን ንኽጥዕም እዞም ዝስዕቡ መዋቕር ምምሕዳራት ንርአ። ርእሶም ዝኽኣሉ ኣካላት ይኹኑ እምበር፡ ስልጣኖም እንሓንሳእ ሓደ ምስቲ ካልእ ይተረኣኣስን ከተኣታቶን ልሙድ ተርእዮ። እዞም ኣካላት እዚኦም ድማ፤

ሓጋጊ ኣካል፤ እቲ ካብ ህዝቢ ዝተመርጸ ባይቶ፡ ሕጊ ዝሰርዕ ኣካል

ፈጻሚ ኣካል፤ እቲ ብባይቶ ይኹን ብቐጥታ ብህዝቢ ዝምረጽ ፕረሲደንት ወይ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ወይ ሕጊ ዘተግብር ኣካል

ፈራዲ ኣካል፤ ፈራዶ ብባይቶ ወይ ብፈጻሚ ክምረጹ ይኽእሉ፡ ሕጊ ብዝግባእ ምትግባሩ ዝቈጻጸር ኣካል

ንጹር ሽቶ

ቅድሚ ንዓወት ምህንጣይ ሽቶኻ ብንጹር ምቕማጥ ኣቐድም። ሽቶኡ ንጹር ዘይኮነ ተቓላሳይ ወይ ምእንቲ ዕላማኡ ንጹር ዘይኮነ ኣካል ዝቃለስ ተቓላሳይ፡ ኣንፈቱ ዝሰሓተ ወይ ንምስሓት ዝተቓልዐ እዩ። ንጹር ዕላማ ምስ ዝህልወካ ጥራይ ኢኻ ንጹር መስርሕ ቃልሲ ክትሃንጽ እትኽእል። ብዘይ ንጹርን ተዓጻጻፊን መስርሕ ቃልሲ ከኣ፡ ሽቶኻ ከተዐውት ኣይትኽእልን። ንጹር ዓወት ክትጓናጸፍ ምጽባይ'ውን ኮንቱ እዩ። ዘይተወደነ ወይ ዝተደናገረ ሽቶ ከተሰናድእ ምፍታን፡ ይንዋሕ ይሕጸር፡ ባዕለ-ቅትለታዊ ቃልሲ እዩ።

ሽቶኻ ንምንጻር እምበኣር ኣቐዲምካ እቶም ክትፈትሖም ዝደለኻ ጸገማት ብደቂቕ ምልላይ ከድልየካ እዩ። ደረጃታቶም ብምምማይ ከኣ ቀዳምነታት ብምስራዕ ንጽል ወይ ከኣ ጥምር ዝበለ ሽቶ ከተቐምጥ ትኽእል።

ዓወትካ ወይ ፈጽሚ ድሌት ህዝብኻ ኣብ ንጹር ሽቶኻ ብምሉእ ሓይሉ ዝተደገፈ ክኸውን ይግባእ። ክንዮን ክነጀን ሽቶኻ ምሕጻርን ምህውታትን ግን ከቢድ ዋጋ ክኽፍሉኻ እዮም። ቅኑዕን ፍትሓዊን ተቓላሳይ እንተኼንካ፡ እቲ ንስኻ እትኽፍሎ መጠን ህዝብኻ'ዩ ዝኽፍሎ ዘሎ ማለት'ዩ። ህዝቢ'ውን ናቱ ምኽንካን ዘይምኽንካን ብዕላማኻ ከለልየካ

ኣይክሸገርን እዩ። ንጹር ሸቶ እንተ ዘይብልካ ግን፡ ሓደ ካብ ክልተ ነገር ኢኻ ማለት እዩ፤ ወይ ቅንዕና የብልካን ወይ ድማ ብቕዓት የብልካን ማለት'ዩ።

ትርጉም ዕላማ ሓደ ውልቀ-ሰብ ይሹን ትካል፡ ዝሓልሞን ዝውጥኖን ንውጽኢቱ ዝውፈየሉን ማለት እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ'ውን፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮና ከይተፈለጠና ይሹን እናተፈለጠና ናይ ሓጺር ግዜ ወይ ነዊሕ ግዜ ዕላማታት ንሰርዕ ኢና። ዕላማታት ምስ በጻሕካዮም ዝውድኡ ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ከኣ ምስ በጻሕካዮም ንምዕቃቦም ገና ጻዕርታት ዝሓቱ ክኾኑ ይኽእሉ። ዕላማታት ካልኦት ዕላማታት ክወልዱ ይኽእሉ'ዮም። እንተኾነ፡ እቲ ዝበለጸ ንዕላማኻ ንምህራም ዘድሊ ሜላ ኣብ ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ዕላማ ኣተኩርካ ምስራሕ'ዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ንጽል ዕላማ ንምስራዕ ዘሸግሩ ሕልኽላኻት ውጺኢታት ኣለዉ። ስለዚ ከኣ'ዩ ብዝተኻእለ መጠን ሸቶኻ ከተነጽር ክትጽዕር ዘለካ። ንኣብነት፡ ኣብዚ ዘመነ-ቃልስኻ ዕላማኻ እንታይ እዩ፤ ስርዓት ንምውዳቕ ድዩ ወይስ ክንዮኡ ዝኸይድ ደሞክራስያዊት ወይ ዝኹነት ትሹን ኤርትራ ክትፈጥር፤ ስርዓት ንምውዳቕ ከም ዕላማ እትወስዶ እንተኾንካ፡ ኣብኡ ምስ በጻሕካ ጥራይ ዲኻ እታ እትደልያ ዓይነት ሃገር ክትዕልም፤ ወይ'ውን በቃ ብድሕሪኡ ዘገድሰካ ኣይኮነን፤ ደሞክራስያዊት ወይ ዝኹነት ዓይነት ትሹን ሃገር ንምፍጣር እንተኾይኑ እቲ ዕላማኻ፡ እቲ ምልካዊ ስርዓት ሓደ ካብ'ቶም ናብ ዕላማኻ ንኽይትበጽሕ ገዘፍቲ መሰናኽል እምበር ዕላማኻ ኣይገበርካዮን ዘለኻ። ስለዚ ከኣ'ዩ ዕላማ ክንጽር ዘለዎ።

ዕላማ ኣልቦነት ወይ ሓይልኻ ወይ ጻዕርካ ከንቱ ይገብሮ። ወሃ ዘበለ ኵሉ ዓይነት ብቕዓትን ክእለትን'ውን ይሃልውካ፣ ዘይምትኳር ወይ ዘይምንጻር ዕላማኻ ግን ኵሉ ከንቱ እዩ። ምኽንያቱ ኣንፈት ወይ መኣዝን ዘትሕዙኻ ሸቶታት እዮም፣ ስለዚ፡ ብንጹር ምስ እትዕልም ጥራይ ሓይልኻ ንኽንቱ ኣይተጥፍእን። ብመንጽሩ ከኣ ሓይልኻ ብኽንቱ ምስ ዘይተጥፍእ ናብቲ እትነጻጽሮ ዕላማኻ ንኽትበጽሕ ዝያዳ ሓይሊ ንኽህልወካ ይሕግዘካ። ዕላማታት ብምስራዕ'ውን ገስጋስካ ክትዕቅን ክትክእል ኢኻ። ምኽንያቱ ምስ ገስጋስካ እተመዛዝነሉ ክትበጽሖ ዝደለኻ ቀዋሚ ነጥቢ ኣቕሚጥካ ኣለኻ።

ዕላማኻ ብምንጻር ንርእስኻ ኣብ ኣእምሮኣዊ ዶብ ኣቕሚጥካ ኣለኻ። ውሱን ክትበጽሖ ዘለካ መወዳእታ ነጥቢ እንተ ሰሪዕካ፡ ብኡ ንብኡ

ንዝተወሰኑ ኮላለፍቲ ተረኽቦታትን ኮነታትን ዕሸሸ ኢልካ ናብ ዕላማኻ ጥራይ ንኸተድህብ ትኽእል ኣለኻ ምባል ይከኣል። ንዓኻ ዝኸውን ንጹር ዕላማ ምስ ሰራዕካ፡ ንባዕልኻ ነቲ ተልእኾ ንምፍጻም ተሓታቲ እናኾንካ ትመጽእ። እዚ ማለት ግን ብኣንጻር እቶም ብሃወኽ እትገብሮም ነገራት፡ እሞ ይፈጸሙ ኣይፈጸሙ ዘየገድሱኻ፡ ምኽኑ ክንጽር ይግብኣ። ንጹር ዕላማታት ኣብ ርእስኻ ናይ ምጥባቕ ባህሪ ኣለዎም። ስለዚ፡ እቲ ዝሰራዕካዮ ዕላማ ምስ ዘይትሃርሞ ወይ ንምህራሙ ምስ እተዕጠጢ፡ ኣእምሮኻ ባዕሉ የዘከረካ፡ ሕልናኻ ይሓቕየካ። እዞም ውስጠ መዘኻኸሪታት እዚኣቶም እምበኣር፡ ንኸይትህክ ወይ ንኸይትደናጐ ይረድኡኻ። ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ኣዋን ዕላማታት ከኣ፡ ዕላማኻ ብንጹር ኣብ

ዜኡ ንምህራም ብርክታት ምስራዕ ኣገዳሲ እዩ፣ ዕላማኻ ብግዜ ዝድረት እንተኾይኑ ማለት እዩ። ዕላማኻ ብግዜ ዘይድረት እንተኾይኑ ከኣ፡ ነቲ ዕላማታትካ ዝጠቕሙ ናይ ተግባራት ብርክታት ስራዕ።

ሱር ናይ ኵሎም ቅድሚ ሕጂ ኣብ መላእ ህይወትካ ተሰሚዖምኻ ዝፈልጡ ድርኺታትን ጽልዋታትን ዕላማ እዩ። ንጹር ዕላማ ምስራዕ ድማ፡ መሰረት ናይ'ቲ ድፍኢትካ ይምጥወልካ። ስለዚ፡ ዕላማ ብምስራዕካ ንርእስኻ ክትጭምዶ ዘለካ ጽኑዕ ነጥበ-መወዳእታ ይህበካ፡ ስምዒት ውሽጥኻ'ውን የለዓዕለልካ። እቲ እትጽዕረሉን ምሉእ ኣቓልቦ ክትህቦ ዘለካን ነገር ድማ ይህበካ፡ እዚ ኣቓልቦ እምበኣር እዩ ድርኺትካ ዘማዕብል። ዕላማታት ብቕልል ዝበለ ኣገላልጻ ኣቓልቦኻን ሓይልኻን ናብ ኣወንታዊ መኣዝን ክትጥምዝዝ ዝሕግዝ ናውቲ እዮም። እዚ ከኣ ምስ ምቕያር ቀዳምነታትካ ወይ መምስ ኮነታቱ ክቕየር፡ሓድሽ ክውሰኽ፡ ወይ'ውን ክንኪ ይኽእል እዩ።

ዕላማኡ ንኻልኦት ክገልጽ ዘይክእል ወይ ዝኽብዶ ሰብ፡ ንኻልኦት ተቓለስቲ ንምስሓብ ኣዝዩ ይኽብዶ። እቲ ዝኽበደ ሓላፍነት፡ ንጹር ዕላማ ምስኣል ዘይኮነስ ብተግባርካን ብኣገባብካን ማዕረ ዕላማኻ ክትከውን ምኽኣል እዩ። ንጹር ዕላማ ብቓላት ከተወቕቦ ትኽእል ኢኻ፣ ንመስሕብ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ፣ እንተኾነ እቲ ዝሰኣልካዮ ንጹር ዕላማኻ መንነትካ እዩ እሞ ከተጽንዖ ለበዋ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ንቓልሲ ምስ ህይወትካ ብምትሕሓዝ ዘይኮነስ፡ ብመስረቱ ህይወትካ ምስ ቃልሲ ብምትሕሓዝ ስራዕ።

መሪሕነት/ኣመራርሓ

ሓደ ቃልሲ ምእንቲ ዕወት ኣብ ኵሉ ደረጃታት ዕብየቱን መሓውራቱን፡ ቅርጡውን ጽኑዕን መሪሕነት ክህልዎ ከም ዘድሊ ዘየካትዕ’ዩ። ናይ ቃልሲ መሪሕነታት ባህሪኦምን ኣመጻጽኣኦምን ክፈላለዩ ዝኽእሉ’ኳ እንተኾኑ፡ ልሉያት ናይ ሓባር ረቓሒቲ ኣለዉዎም። ሓደ መራሒ ኣካል ከማልኦም ዘለዉዎ ዝርዝራት ነዋሕቲ እኳ ይኹኑ፡ ኣብ ክሊ’ቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት፡ ነጻነትን እምነትን ሰዓብቱ ክህልዉዎ ይግባእ።

መራሒ ማለት፡ ንኹሉ ስትራተጂያውን ሜላውን ገጽታ ዘድልዮም ስራሓትን ተውክሎታትን ኣብ ክንዳኻ ኰይኑ ክሰርሕን ክውስንን ንዕላማኻ ብራኢ ከዐውትን ዝተዳለወ ኣካል ብምኻኑ፡ ብተቓላሳይ ክኸብር ይግብኦ። ዋላ’ውን ዝግበር ነገር ከም ዘየለ እናፈለጥካ፡ እቲ መጀመርያ እትጥምቶ ሰብ፡ እቲ ተስፋ እትገብረሉ ሰብ እዩ መራሒ።

ብኡ መጠን ከኣ እቲ መራሒ ነቲ ንስኻ እትኸፍሎ ኣካላዊ፡ ጕልበታዊን ገንዘባዊን ካልእን መስዋእቲ ተገንዚቡን ኣኽቢሩን ብዘይ ተጉላባነትን ብዘይ ግቡዝነትን ክዓዩ ዘለዎ ሓላፍነታዊ ኣካል እዩ።

ስለዚ ሓደ ተቓላሳይ፡ ብዘይ ብቐዕ መራሒ ናብ ሓቀኛ ዕላማኡ ክበጽሕ ስለ ዘይክእል፡ ምስ መራሕቱ ምክብባር፡ ምትእምማንን ምርድዳእን ክላፈን ይግብኦ። መራሕቲ ኵሉ ግዜ ቅኑዓት ወይ ኵሉ ግዜ ግጉያት እዮም ማለት ኣይኰነን። እንተኾነ፡ ኵሉ ግዜ ተሓታትነቶም ነቲ ዝወከሎም ወይ ዝውክልዎ ኣካል ክኸውን ይግባእ።

ሓደ ቃልሲ፡ ውጽኢቱን ኣንፈቱን ብመጠን እቶም ዘፍርዮም መራሕቲ ክትመዝኖ ትኽእል። ሰዓብቲ ጥራይ ከብዝሕ ዘንቅድ ቃልሲ፡ ኣብ ምሕረት ኢድ ውሑዳት ጥራይ እዩ ዝወድቕ።

ስለዚ፡ ነፍሰ-ወከፍ ተቓላሳይ መራሒ ምኻኑ ክኣምንን፡ ብተወሳኺ ከኣ መራሒ ከኾኖ ዝኽእል ስልጠና ክቐስምን ይግባእ። እትስዕቦ እምበር እትመርሖ ኣይጭነቕካ! እንተ ወሓደን ናይ መጀመርያ ሰዓቢን ገዛእ ባዕልኻ ኢኻ’ሞ፡ ብኡ ኣቢልካ’ውን መራሒ ምኻንካ ክትኣምን ይግብኣካ።

መሪሕነት ካብ ውልቅኻ ኣብ ገዛኻ’ውን ክትግንዘቦ ትኽእል። ኵልና ካብ ተኸተልቲ ወይ መራሕቲ ምኻን ነጻ ኣይንወጽእን ኢና። ኣብ ገለ ጕዳያት መራሕቲ ክንከውን ከለና፡ ኣብ ገሊኡ ከኣ ሰዓብቲ ክንከውን’ውን ንኽእል።

ከምቲ ዝምሰል፡ ‘መራሒ ኰይኑ ዝውለድ የለን፡ መራሒ ይስራሕ እዩ።’ ክስርሑ እንከለዉ ዝተበላሸዉ ወይ ዘይተመልኡ ወይ ዘይበሰሉ መራሕቲ ከኣ ካብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ይበዝሕ። ምኽንያቱ፡ ነቶም ናይ መሪሕነት ኣገደስቲ ባእታታት ኣይፈልጥዎምን ወይ ኣይበቕዕዎምን እሞ፡ ብኢጋጣሚ ዝተፈጥረሎም ቦታ ብምጥቃም ዕንወት ንምፍጻም ድሕር ኣይብሉን። ሓደ ካብ’ቲ ብዙሕ ግዜ ዝጐድሎም ራኢን ርእሰተ-ኣማንነትን እዩ። ስለዚ፡ ራኢ ስለ ዘይብሎም፡ ርእሰ-ተኣማንነት የጕድሉ እሞ፡ ንሰብ ራኢ ክፈርሁን ክጸልኡን ብኡ ኣቢሎም ከኣ ኣብ ልዕሊ ርእሰ-ተኣማንነት ዘለዎም ዜጋታት ተጠራጠርቲ ይኹኑ። ሃገራዊ ሕቶ ነልዕል ዘለና፡ ሃገራዊ ራኢ ዘለዎም መራሕቲ ስለ ዝሰኣንና ንናይ መሪሕነት ባህልን ኣተሓሳስባናን’ውን ከነላግበሉ ንኽእል።

ሓደ መራሒ እሙንን ስነ-ምግባራዊን እንተኾይኑ፡ ሰዓብቱ ኣሰር እግሩ ክሰዕቡዎ ይኽእሉ፣ ነቲ ናይ ሓባር ዕዮን እምነት ሓድሕድን ከኣ ምቹእ ሃዋሁ ይፈጥር። ዕዉት መራሒ ንምኽን ከኣ፡ እቲ መራሒ ንሓሳባቱን፡ ስነ-ሓሳባቱን መምርሒታትን ናብ ሰዓብቱ ብንጹር ከመሓላልፍ ናይ ርክብ ብቕዓት ክውንን ይግባእ። ንጹር ሓበሬታ ብዘይምሃቡ፡ እቶም ሰዓብቲ ክስዕብዎ ኣይክእሉን። ሰማዒ ክኸውን ኣለዎ፡ ነፍሰ-ወከፍ ዋላ ናይቲ ዝደኸመ ወይ’ውን ዝተሓተ ጽፍሒ ዘለዎ ኣባል ርእይቶ፡ ሓሳብ ወይ ስክፍታ ክሰምዕ ኣለዎ። ንሳቶም ናብኡ ክሳብ ዝመጽኡ ክጽበ ዘይኰነስ ክኸዶም’ውን እዩ ዘለዎ። ምስ ደጋውያን ይዅኑ ኣብ ውሽጢ ኣባላቱ መእተዊ ዝኾኖ መጕስ ክህልዎ ይግባእ።

ውሳኔኡ ቅኑዕ ምኳኑን፡ ንሰዓብቱ ክመርሖም ከም ዝኽእልን ንሳኣቶም ከኣ ነቲ እቲ መራሒኦም ዝሰርዓሎም ዕማማት ክዓሙ ከም ዝኽእሉን እቲ መራሒ ርእሰ-ምትእምማን ክህልዎ ይግባእ። ብድሆታትን ሽግራትን ምስ ዘጋጥሙ ተኽተልቲ ኣድህቦኦ ዘጥፍኡ፡ ስልችዋት፡ ኒሕ ኣልቦ ክገብሮም ይኽእል እዩ። ስለዚ እቲ መራሒ ዝኹነ ክስተት ይከሰት ኣድህቦኡ ብዘይ ምጥፋእ፡ ኒሕ ብምምላእ፡ ብሓርኮትኮቱ ልቢ ተኽተልቱ ብምትብባዕ ዝግስግስ ክኸውን ይግብኦ። ነገራት ንጸጋም ምስ ዝኸዱ ወይ ኣብ ቀራና መንገዲ እንተ በጽሑ ከኣ፡ ወሳኒን ተባዕን ስጕምቲ ክወስድ ኣለዎ። ንግዜኡ ንኹሉ ዘዕግብ ከይከውን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ተባዕ ስጕምቲ ዘይምውሳድ ናይ ምምራሕ ዓቕሚ ዘምዝንን ንራኢ ዘልምስን እዩ። ኣብ ክሊ’ቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ብዝያዳ ርእሰ-ተኣማንነት ሓላፍነት ወሲዱ

ዝውስን ክኸውን ይግብኡ።

ከም መራሒ ፍናን ሰዓብቱ ክብ ከብልን፡ ኣድህቦኣም ኣብ ዓወት ናይቲ ውድብ ክንብሩን እንተ ደልዩ፡ ኣወንታዊን ጽፉፍን ክኸውን ይግብኡ። ኣብ ከበድቲን በዳህቲን ግዜያት፡ ሓደ መራሒ ንመስገደላት ምእንቲ ከሰጋግር ኣብ ልቡ ዝበሎ ዝምርኮስ ክኸውን ይግባእ። ሰዓብቲ፡ ኵሉ ግዜ ንመሪሕነት መራሒኣም እዮም ዘቋምቱ፣ እቲ መራሒ ከኣ መምስ ኮነታቱ ቅኑዕ ፍታሕ ንምቕራብ ንልቡ ዝኣምን ክኸውን ይግባእ። መራሒ ኵሉ ግዜ ንኹሉ ህዝቢ ከፍቱ ዘይኰነስ፡ ንህዝቢ ዝጠቅም ነገር ከም ዝገብር ዝእመን ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ክንዲ ኣብ ደቀቕቲን ዓበይቲን ተጻሚዱ ንሰዓብቱ ኣብ ምእላይ ዝሸገር፡ ዕማማት ብዝግባእ ብምምቕራሕ'ዩ ኣድማዕቲ ስራሓት ከሰርሕ ዝኽእል። ንመጓሰኡ ዝግደስን ዝከናኸነንን፡ ከምኡ'ውን ንድሕነተን ዝጽዕሮን፡ ንብጾቱ ከም ነብሱ ዘፍቅርን እንተኾይኑ፡ ስስዐ ስልጣን ይኹን ብድዐ ኣይህልዎን። ብጌጋኡ ክእረም ድሉው ዝኾነ፡ ትሑት፡ ትስፉው፡ መዝነታት ዘይብሕት ኮታ ብግቡእ ዘመቻርሕ፡ ዓቕሙ ይኹን ዓቕሚ ተኸተልቱ ንኸዕቢ ድቃስ ዝስእን ክኸውን ይግባእ።

ሓደ መራሒ ብተወፋይነቱ ኣብነታዊ መራሒ ከይኰነ፡ ካብ ተኸተልቱ ሓያል ጻዕሪ፡ እሙንነትን ብርኩት ሞሳን ከጕናጽፉ ክጽበ ኣይግባእን። እቲ መራሒ፡ ንመዝነቱ፡ ስርሑን ውድቡን ብመጠን እቲ እቶም ተኸተልቱ ክኹኑዎ ዝጽበዮም ውፉይ ክኸውን ይግባእ። ንሓደሽቲ ራኢታትን ኣሰራርሓን ከተኣታቱን ከተኣናግድን ዝጽዕር እንተኾነ'ውን፡ ነቲ ንሱ ዝሰኣሎ ራኢ ከበጽሖ ንሱ ንባዕሉ እንተ ዘይተጊህሉ ዝስዕቦ ኣይክህሉን'ዩ።

ሓደ መራሒ መሃዚ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ክእለት እዚ ከኣ'ዩ ሓደሽትን ዝጸንሑን ጸገማት ንምእላይ ዝሕግዝዎ። ሓደሽቲ ሓሳባት ኣብ ምምጻእን ምስንዳእን መሪሕ ተራ ክጻወት ኣለዎ፣ ብኡ ኣቢሉ ከኣ ነቶም ሰዓብቱ ኣርኣያን ተስፋ ቀጻልነትን ይኸውን።

ወሰንቲ ዘይኰኑ ብዙሕ ዘየገድሱ ኮነታት ኣብ መንጎ ኣባላት ምስ ዝፍጸም፡ ኣሕላፊ ክኸውን ይምረጽ። ጌጋታት ወይ ዘይምርድዳእ ምስ ዝፍጸሙ ድማ፡ ብዋዛ ምስ ቁምነገር ሸፊፍ ኢልካዮም ምሕላፍ ንወጥርታት ብምህዳእ ንኸበድቲ ግዜ ዘሰጋግር ሜላ እዩ። ስለዚ፡ ሓደ

መራሒ ብፍላይ ኣብ ቀንጠ-መንጢ ሓዳግ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ዕርበቱ ንኸይትሸገር ምእንቲ፡ ብዙሓት መራሕቲ ከተፍሪ ጽናሕ። ካብ'ቶም ዘፍረናዮም ከ ንመን ኢና መራሒና ክንገብሮ፤ ነቲ እሙን፡ ንዘይገብሮ ቃል ዘይኣቱ፡ ግሉጽነት ዘለዎ፡ ጻዕራም፡ ፈቃር፡ ኣፈታትሓ ሽግር ዝኽእል፡ ዘይመዳለዊ፡ ፍትሓዊ፡ ትሑት፡ ወሳኒ፡ ተባዕ፡ ዓቃል ወዘተ. ምጥማት ይግባእ። ነዚ ዝበቐዑ ብዙሓት ብም኿ኖም ሓደ ምምራጽ እንተ ስኢንና፡ መጀመርያ ዕድለኛታት ም኿ንና ከነመስግን ይግባእ። ድሕሪኡ ዕጫ ጌርና እንተ መሪጽና'ውን ብዙሕ ኣይክኽፍኣናን እዩ።

ኣብቲ መምዘኒታት፡ ምሁር ከም ረቐሒ ዘይተምጥቃሱ ምኽንያት፡ ትምህርቲ መደረብታ እምበር ቀንዲ ረቐሒ ስለ ዘይኮነ እዩ። መራሒ ምሁር ክኸውን ግድን ኣይኮነን። ናይ ዓለምና መራሕቲ ዝበዝሑ ሽሕ'ኳ ደሓን ዝኹነ ትምህርቲ ዝቐሰሙ እንተኹኑ፡ ብዘይካ ገለ ዝበዝሑ ግን ፕሮፌስራትን ዶካትርን ኣይኮኑን። ራኢን እቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ብቐዓታትን እንተ ኣለዉኻ፡ ንምሁራት ኣድማዒ ዕዮ ንኽሰርሑ ዝግብኦም ቦታ ምስኳዕን ምውህሃድን'ምበር ካብኦም ንላዕሊ ምሁር ም኿ን ኣየድልየካን።

ንምጥቐላል እምበኣር፡ እቶም ቀንዲ ዘድልዩና፡ መጀመርያ ናይ ምትኽኻእ ወይ መራሒ ምምራጽ ስልጡን ኣገባብ ምትእትታው፡ ድሕሪኡ ንመሪሕነት ዝበቐዑ ምድላው፡ ቀጺሉ ከኣ ሓደ ካብ'ቲ ንመፍለዩ ክጥዕመና ዝኽእል መምዘኒ ባህርያት ምልላይ እዩ።

ባህሪ መራሒ ንኽንፈልጥ ኣብ መንነ ኣመሓደርቲን መራሕትን ፍልልይ ዘሎ ክንግንዘብ ውን የድልየና እዩ። ኣመሓዳሪ ብዙሕ ግዜ ነቲ ካልኦት ዝሰኣሉዎ ራኢ፡ ኣብቲ ዝተዋህቦ ክሊ ከፍሪ ነቲ ዝተዋህቦ ደረት ንኽበጽሕ ዝጽዕር ክኸውን እንከሎ፡ መራሒ ግን፡ ነቲ ደረት ራኢ ዝስእልን ናብ'ቲ ደረት ንኽበጽሕ ምስ ሰዓብቱ ተዓጻጻፊ ሜላታት ክጥቀም ይኽእል።

ዓይነ-ልብኻ እንተኸፊትካ መራሕቲ ምልላይ ኣይክትስእንን ኢኻ።

ትብዓት

ነቲ ነቒሕካሉ ዘለኻ ናይ ዓመጽቲ ባህርያት ንምብዳሁ፡ ዘይሕለል ትብዓት ክህልወካ ይግባእ። ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት፡ ኣብ ማሕበራዊ ይኹን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ኣንጻር ምትላልን፡ ሓሶትን ዘይፍትሓውነትን ብትብዓት

ምቅላስ መለለዩ ሓደ ተቓላሳይ ክኸውን ይግብኡ። ትብዓትካ ብመጠን እቲ ናይ'ቲ ዝመጽኣካ ብድሆ'ዩ ዝትመን፡ ከምኡ'ውን ብመጠን መሰረት ባህሪ ናይ'ቲ እትኣምኖ።

ዘይፍትሓውነት ምእንቲ ከነለሊ፡ ፍትሒ እንታይ'ዩ ምባል ክቕድመና እዩ። ፍትሒ፡ ሓደ ውሱን መግለጺ ዘለዎ ኣይኮነን። ካብ ሓደ ውልቀ-ሰብ ናብቲ ሓደ፡ ካብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ናብ ሓደ ካልእ ክፈላለ ይኽእል። እዚ ከኣ ብምኽንያት ደቂ ሰብ ንፍትሒ ብዓይኒ ባህልታቶም፡ እምነታቶም፡ ሃገራዊ ኣቃውማኦምን ደረጃ ስልጣነታቶምን ስለ ዝመዝንዎ እዩ። ኣብ'ዚ ናይ ዓለማውነት መዋእል'ዚ ከኣ ትርጉም ፍትሒ ብተናጸል ኮነ ብመሰረት ዝግበሩ ዓለማዊ ውዕላትን እዋናዊ ኣመለኻኽታን ክደባለቕ ወይ ክጸሪ ይኽእል። ሓደ ኣካል ነዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ እኩባዊ መነጽራት ፍትሒ ምስ ዘደብዝዝ ወይ ዝጋርድ፡ ዘይፍትሓውነት ይፍጠር። እዚ ንመምርሒታት፡ መደባት-ስራሕ፡ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ውዕላትን ንኹሎም ስርዓተ-ሕግታትን ከጠቓልል ይኽእል። ዘይፍትሓውነት፡ ፍትሒ ንዝጐሲን ንዝተጐስየን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንባህሪ ተዓዘብቲ'ውን ከም መምዘኒ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና።

እቲ እትቃወሞ ሽነኽ መንግስቲ ወይ ተቓዋሚ፡ ሓያል ወይ ድኹም ኣካል ክኸውን ይኽእል'ዩ፣ ወይ'ውን እቲ ንሰኻ ዘለኻዮ ውድብ። ባህርያት ዓማጺ ኣብ ሓደ መላእ ነብሱ ዓማጺ ዝኾነ ኣካል ጥራይ ኣይኮነን ዝርከብ። እቶም ባህርያት ኣብ ግዜ ቃልሲ'ውን፡ እንተ ብፍላጥ ወይ'ውን ብዘይፍላጥ ኣብ መንነ ተቓለስቲ'ውን ይረኣዩ'ዮም። እቶም ኣብ ስልጣን ዝመጽኡ ዓመጽቲ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ፍትሓዊ ቃና እናዘመሩ ጐድኒ-ጐድኑ ነቲ ናይ ዓመጽ ባህሪ እናተለማመዱ ዝመጽኡ ተቓለስቲ'ዮም። ገለ መቓልስትኻ ሰኣን ምፍላጥን ወይ ነቲ ናይ ዓማጺ ባህሪ ስለ ዝተለማመዱ፡ ንዝኹነ ዝግበር ዓመጽን ምጥሓስ ውሽጣዊ ሕጊን ተቓውሞኻ ምስ እተስምዕ፡ ብዘይ ምሕላፍካ ከናሽዉኻን ክግልሉኻን ክፍትኑ'ዮም። በዚ ክትሕለል ኣይግበኣካን። ንዘይፍትሓውነት ብጻይካ እንተ ዘይትብድህ ኴንካ፡ ንዘይፍትሓውነት ተጻይካ ምብዳህካ ጥራይ ፍትሓዊ ተቓላሳይ ክገብረካ ኣይክእልን'ዩ። ወረ ካብ ዘይፍትሓውነት ክልቲኦም ደኣ እንታይ ክፈልየካ እዩ፤

ናይ ዓመጽቲ ባህሪ ከም እኒ ምንሻውን ምግላልን ትርከ-ምርኪ ዝመስሉ ዘማለአ ምኽኑ ኣለሊኻ ናብ ዝለዓለ ደረጃታቱ ክይሳዕረረ ብሃናጺ መንገዲ ክትቃለሶም ይግባእ። እቲ ዝዓበየ ትብዓት ዘድልዮ ነገር ከኣ፡ ካልኦት

ዜጋታት ካባኻ ዝተፈልየ ኣተሓሳስባን እምነትን ክህልዎም ምቕባሉን ምጻሩን እዩ። ኣብ ኩናት ንሞት ዘይምፍራሕ በይኑ ምስ ትብዓት ኣይቀንጸርንዩ፣ ዓያሹን ዓመጽትን'ውን ከይተረፉ ከምኡ ይገብሩ'ዮም እሞ፡ ንፉዓት መራሕቲ ከነጥሪ ንደሊ እንተኼንና'ውን፡ መጀመርያ ትብዓት ዘለዎም ድዮም ኣይኰኑን ክንግንዘብ ክንግደድ ኢና።

ገዛእ ርእሰኻ ከይተሰከፍካ ምግላጽ፡ ንባዕሉ ሓደ መሰረታዊ ትብዓት እዩ። ሓድሽ ነገራት ንምትእትታው ኣዚና ኢና ንፈርሕ። ንለውጢ'ውን ተባዓት ክንከውን ይግብኣና። ሕብረተ-ሰብ ከይነቐፈና ንፈርሕ፣ ብድሆ የሰክፈና። ንደቂ ሰባት ምህዞ፡ ብልሓት፡ ብርቂ ሓሳብን ትብዓትን'ዩ ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሖም። ኣብ ማሕበራዊ ገሲጋስ፡ ኮታ ኣብ ኵሉ መዳያት መነባብሮ፡ ትብዓት ወሳኒ እዩ። ስለዚ፡ ልክዕ ከምቲ ካልእ፡ ሓሳባትና ብሃናጺ መንገዲ ብዛዕባ ርእስና ምዝራብ ከም ትብዓት ክቑጸር ይግባእ። ሓደ ሰብ ራኢ እንተ ኣለዎ፡ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ጾር እንተ ኣለዎ፡ ዝሓሸ መንገዲ ራህዋን ቅሳነትን ትልሚ እንተ ኣለዎ፡ እንተ ነገረና ዶ ይሓይሽ ብሰንኪ ዘይምትብዑ ከይነገረና ሒዝዎ ክሓልፍ፤

እንተ ወሓደ ናይ ሓሳብ ተባዕ ኮን። ኣብ ኩናት ዘይኰነስ፡ ኣብ ትኣምነሉ ዕላማ ክትመውት ድሉው ኩን። ኣብ ፖለቲካዊ ይዅን ሃይማኖታዊ፡ ማሕበራዊ ይዅን ካልኦት ቀለልቲ ዛዕባታት ከይተረፈ፡ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ብዘይ ግቡዝነትን ብቕንዕናን፡ ብመጠን እቲ ኣብ ግዜኡ ዘለካ ርድኢትን ርእሰኻ ንምግላጽ ድሕር ዘይትብል ሰብ ንምኳን፡ ማንም ዘየሕድገካ መንነት እንተ ገይርካዮ ደስ ይበልካ። ናይ ካልኦት እምነትን ሓሳብን ከይቕይረካ ኢልካ ንዘለካ ሓሳብ ይዅን እምነት ከይትምርምር ኣይትፍራሕ። ነቲ እትኣምኖን እትሓስቦን'ውን ተቐባልነት ረኺቡ'ኳ እንተ ሃለወ፡ ዝብድሆ ሓሳብ እንተ መጺኡካ ከይትልወጥ ኣይትፍራሕ። ትብዓት ልብኻን መልሓስካን ሓደ ክትከውን ምፍታንን ንዕኡ ዋጋ ምኽፋልን እዩ። ኣብዛ ምድሪ ብፍቓድካ እተኽብሮን እትሓፍሮን እምበር እትፈርሖ ክህልወካ ኣይትገደድ። ሓደ እግዚኣብሄር እዩ ክልቲኡ ክትህቦ እትኽእልን እትፈርሖን እተኽብሮን። እቲ ፍርሒ'ቲ'ውን ብዝከኣለካ ኣብ ፍቕርን ክብርን ዝተመርኰሰ ክትገብሮ ሃቅን። ምትፍናን፡ ጉልበት፡ ኣጽዋር፡ ብዝሒ፡ ዓብላልነት ወይ ምውንዋን ነገራት፡ ኣብ ቅድሚ ሓሳበካን እምነትካን ዋጋ ኣይሃልዎምዩ።

ሓሳብካ ምግላጽን፡ እትኣምኖ ዕላማ ኰነ እምነት ብዘይ ፍርን ምምስሳልን

ኣውጅ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ናይ ምልዋጥ ትብዓት፡ ብትምህርቲ ይሹን ብተመኩሮ፡ ብምኽሪ ይሹን ብጸጋ፡ ዕብየትን ምልዋጥን ዘይምፍራሕ። ልብኻ ክመልኣልካ ግን ኣለዎ።

ንጸላኢኻ ምሕረት ምሃብ ዕብየት'ዩ። እዚ ግን እቲ ናይ ጽልኢ ተግባራቱ እናቐጸለ ዘይኸነስ፡ ከቋርጾ ምስ ዝደሊ ወይ ምስ ዝኽእል፡ ወይ ከኣ ደጊም ተግባራት ጽልኡ ከተግብረሉ ዝኽእል መድረኽን ዓቕምን ሕልናን ምስ ዝውዳእን ጥራይ'ዩ።

ብጻይነት

ብጾትካ ማለት፡ ብዕላማ ዝሳነዩኻ ኣዕሩኽ ወይ ከኣ መካይድቲ እዮም። መሳንይቲ ኣብ ዕላማ ከኣ፡ ኣብ ክንዳኻ ክብጆ ድሉው ዝኹነን ንተበጃውነትካ ዘኽብርን፡ ከምኡ'ውን ናይ ህዝቢ ሓልዮት ዘለዎ ክኸውን ይምረጽ። ብጻይካ፡ ካብ ካልእ ኣደ ዝተወልደ ሓው እዩ። እቲ ናይ ስጋ ሓውኻ ዘይብጻይካ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከምቲ ኣዴኻ ዝወለደትልካ ጥራይ ዘይኮነ ሓውኻ፡ ውድብካ ዝወለደትልካ ጥራይ ኣይኮነን ብጻይካ። ስለዚ፡ ሓውኻ ይሹን ብስጋ ዘይብጽሓካ ዜጋ፡ ኣብ ወሳኒ ግዜ ስለ ዕላማን ድሕነት ህዝቢን፡ ኣንጻር ሓውኻ ይሹን ብስጋ ዘይብጽሓካ ዜጋ፡ ንስኻ ኣብ ጐድኑ ንሱ'ውን ኣብ ጐድንኻ ዝስለፍ እዩ ሓቀኛ ብጻይካ።

ብጻይነት፡ ኣብ ክብሪ ሰብኣውነትን ኣብ ሓደ መስመር ተሃን ንቓልሲ ምህላዉን ዝተመርኰሰ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ መጻኢ ምርግጋእን ጽፉፍ ሽቶን'ውን ዘተኣናግድ ክኸውን ይግብኡ። ሓደ ውፉይ ተቓላሳይ፡ ፈታው ርእሱ ጥራይ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ብጻይነት ቀንዲ መለለዩ ውፉይ ተቓላሳይ'ዩ። ንብጻዮም እንተ ወሓደ ከም ንገዛእ-ርእሶም ካብ ዘየኽብሩን ዘየፍቅሩን ሰባት ዝቑመ ጥርናፈ፡ ከንሁ ኣይኽእልን እዩ። እንተ ኣንሃወ'ውን፡ ንምውዳቕ ወይ ንኻልኦት ንምጉዳእ ዝተቓለዐ እዩ።

ንሓደ ተቓላሳይ ካብቲ ሓደ፡ ናብ ቃልሲ ንኽኣቱ ዘንቀልዎ ምኽንያታት በበይኖም ክኹኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ክበጽሕዎ ዘለዎም ሽቶታት ግን ገምጋም ወይ ከኣ ድምር ናይ ኩሎም መበገሲታት ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ከኣ፡ ኣብ መንነ ተቓለስቲ ሓቀኛ ብጻይነት ክረጋገጽ እንተ ዘይኽኢሉ፡ ነቲ ዝድለ ሽቶ ብርግጸኝነት ክበጽሕዎ ኣይክእሉን። ንሱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ መንቀሊ ቃልሶም ሓላፍ-ዘላፍነት ስርዓታትን መሰላትን እናኹነ እንከሎ፡ እቲ ከምጽኡዎ ዝግባእ ምምዕርራይ ሓዲነም ተመሳሳሊ ወይ

ዝኽፍአ ሓላፍ-ዘላፍ መጻኢ የስዕቡ።

ምስ ብጻይካ ብዕላማ ክትፈላለ ምስ እትጅምሮ'ሞ ናብቲ ናቱ ዕላማ ንኽስግደካ ብሓይሊ ክዕልቕካ ምስ ዝፍትን፡ ንውልቃዊ ረብሓ ንኽብል ንምውዳቕካን ንምጥፋእካን ከኣ ኣጽዒቱ ምስ ዝሰርሕን፡ ፈጺሙ ኣንጻር ዝኹነ ዕላማ መርገጺ ምስ ዝሕዝ፡ ምስ ተጻይ ሓይልታት ወጊኑ ንዕንወትካ ምስ ዝሻረኽ፡ ንምኽርታትካን ብጻያዊ ትዕግስትኻን ብተጻብኦ ክፈድየካ ምስ ዝጅምር፡ ብዘይ ስክፍታ ተጻይ ኢልካ ክትሰምዮ ትኽእል።

ብጻይካ ይንበር ኣይንበር፡ ብንጹር ጸረ ዕላማታትካ ዝሰርሕ ኣካል፡ ተጻይ ክትብሎ ትኽእል። እዚ ማለት ግን፡ ናይ ሓሳብ ፍልልይን ጸረ ሓሳብን ፈላሊና ክንርእዮ ኣለና። ንሓደ ዓማጺ ስርዓት ቀታሊ እዩን ኣይኰነንን ምባል ተጻያዊ ሓሳብ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዓማጺ ስርዓት ቀታሊ እዩ እንተኾነ ገስጋሲ'ዩ ወይ ኣይኰነን ምባል ግን ናይ ሓሳብ ፍልልይ እዩ።

ተጻያዊ ሓይሊ ተጻባኢ እምበር ብጻያዊ ባህርያት የብሉን፡ ጥፍኣትካን ዕንወትካን እዩ ዘሰራስርሮ። እዚ ክንብል እንከለና ምሳና ናይ ሓሳብ ፍልልይ ጥራይ ዘለዎም ወይ'ውን ናይ ሓሳብ ፍልልይ ዘይብሎም ተጻይና ክኹኑ ኣይከእሉን'ዮም ዲና ንብል ዘለና፤ ብፍጹም ኣይኰነን። ስለዚ ናይ ዕላማ ተጻይ ኣሎ፤ ብዕላማ ተመሳሳሊ ወይ ሓደ እናኹነ እንከሎ'ውን ተጻያዊ ባህሪ ዘለዎ ኣሎ'ሞ፡ ንኽልቲኡ ዘማልእ'ውን ኣሎ ንምባል እዩ።

ስነ-ስርዓት

ስነ-ስርዓት ዘይብሉ ተቓላሳይ፡ ንፍጹም ዕንወት ዕላማኡን መቓልስቱን ዘቀላጥፍ እዩ። ብዙሓት ናይ ሰውራታትን ቃልስታትን ኣርማታት ክኹኑ ዝበቐዑን ዘጽንዑን ሰባት፡ ኣገዳስነት ስነ-ስርዓት ኣጽኒዖም ኣብ ጽሑፋቶምን ታሪኾምን ኣስፊሮምዎ ኣለዉ።

ስነ-ስርዓት ምህላው ማለት፡ ንማሕበራዊ ይዅን ሞራላዊ፡ ሰብኣዊ ይዅን ሃገራዊ ሕግታት ሓደ ሕብረተ-ሰብ ምኽባርን፡ ንዘለካ ዕቃበታት'ውን ብኣወንታዊነት፡ ተጻዋርነትን ስልጡን ኣገባብ ምትእንጋድን'ዩ። ሓደ ተቓላሳይ ትካላዊን ህዝባዊን ስነ-ስርዓታት ከማልእ ኣገዳስነቱ ለበዋ ዘድልዮ'ውን ኣይኰነን።

ትካላዊ ስነ-ስርዓት፡ ንሓደ ተቓላሳይ ናይ ገዛእ ዕላማኡ ተማእዛዚ ምኽኑን ፍትሓዊ ማሕላኡ ዘጽንዓሉን ዘረጋግጸሉን መስርሕ'ዩ። ናይ

ሓደ ተቓላሳይ ናይ መጀመርያ መረጋገጺን ኪዳንን፡ ብኻልእ ሽነኽ ድማ ናይ መጻኢ ንሕጊ ዘለዎ ተገዛእነትን ስርዓትን ንድሕሪ ምርግጋጽ ሸቶ፡ ኣብ ሕጂ ኣብ ህዝብን ሃገርን ዘለዎ ስርዓትን ኣኽብሮትን ከምኡ'ውን ስነ-ስርዓት ዘለዎ ኣካይዳ ኣብ ክሊ ተቓለስቲን እዩ ዝርአ። ስለዚ ሓደ ተቓላሳይ ብዘይ ዝኹነ ቅድመ-ኵነት ፍጹም ስነ-ስርዓት ዘለዎን ልዙብን ክኸውን ይግባእ።

ስርዓት ዘይብሉ መምህር ወይ ወላዲ፡ ስርዓት ዘለዎም ተመሃሮ ወይ ውሉድ ንምፍራይ ዘለዎ ዕድል ጽንኩር እዩ። ነቲ ብዓንደ-ርእሱ ዘቃልሰካ ዘሎ ምኽንያት ዝኹነ፡ ምድፋር ክብረትካን ባህልኻን እምነትካን፡ ብገዛእ ባዕልኻ ምድፋሩ፡ መዘና ናይቲ ዓማጺ ናይ ፋሉልነት፡ ዓቕሚ ኣልቦነትን መላኽነትን ባህሪ ይገብረካ። እቲ ጌጋታትሲ ነቲ ዓማጺ ግደፈሉ፣ ንተጻይካ ብጌጋኻ ሓጋዚኡ ኣይትኹን። ስርዓት ዘይምግባርን ነብስኻ ዘይምግታ እምበር፡ ስርዓት ምግባርን ነብስኻ ምግታእንሲ ክሳራ የብሉን። ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ዝበዝሐ እዋናት ወኪል ናይ ኵሎም መቓልስቱ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ'ቲ ዝቃለሰሉ ዘሎ ዕላማ ውክልናኡ ግን ወትሩን ዘየቋርጽን እዩ።

ብተወሳኺ፡ ሓደ ተቓላሳይ ኣካል ምስ ህዝቢ ዘለዎ ዝምድና መሰረታዊ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ ሓደ ብስነ-ስርዓት ዝተሃንጸ ተቓላሳይ፡ ሓደ ስርዓት ዘለዎ ህዝቢ ንምህናጽ ሓላፍነት ክወስድ ይግብኦ። ብትሕትናኡን ኣብ ህዝቡ ዘለዎ ክብሪን ብቓሉን ብግብሩን ክልለ ክኸእል ኣለዎ። ከም ኣባል ህዝቢ መጠን፡ ብህዝባዊ ስነ-ስርዓት'ውን ክግዛእ ኣለዎ።

ህዝባዊ ስነ-ስርዓት ክበሃል ከሎ፡ ናይ ሓደ ህዝቢ ባህሊ መሰረት ዝገበረ ኰይኑ ኣብ ምክብባርን ሓድሕዳዊ ይኹን ምስ ዘይዜጋታት ዝህልዎ ምቅርራብ ዘንጸባርቕ'ዩ። ሽሕ'ኳ ባህልና ኣብ ትሕትና ዝተመስረተ እንተኾነ፡ እቲ ክቡር ስርዓቱ ግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሃሰሰ ክኸይድ ንሪኦ ኣለና። ስለዚ ክኣ እዩ ሃገርና፡ ብሃገር ደረጃ፡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መንገዲ ናይ ስነ-ስርዓት ባህሊ ወይ ክኣ ሲቪላዊ ስነ-ስርዓት ከተተኣታቱ ኣለዋ ዝብል እምነት ክህልወና ዝግብኦ። እዚ ካብ ሓደ ገዛ ዝጅምር ኰይኑ ግዴታ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ውልቀ-ሰብን ስድራን ክኸውን ይግባእ። እምነት፡ ሓቂን ስነ-ምግባርን ዘይብሉ ተቓላሳይ ኰነ ህዝቢ፡ መላግቦ ሃገራዊ ስጥመት ጥራይ እዩ ዘላሕልሕ።

ምስጢራዊነት

ምስጢራዊነት ክፋል ናይ ዲሲፕሊን ወይ ስነ-ስርዓት እዩ። ንተኣማንነትካን ንተወፋይነትካን መምዘኒ'ውን እዩ።

ምዕቃብ ምስጢር፡ ሓደ ካብ ዝኹነ ተቓላሳይ ወትሩ ክርከብ ዝግብኦ ብቕዓት እዩ። ኣብ ትሕቲ ዝኹነ ይኹን ግዜ፡ ዝኹነ ሓበሬታ ከይመመኻን ንዘይምልከቶን ምሃብ፡ ብፍላይ ከኣ ሃገራዊ ሓበሬታ ንዘይሃገራውያን ኣካላት ምቕባል ሓደገኛን ብሃገራዊ ክድዓት ምስ ዘቕጽዑን ዘዋርዱን ገበናት ክቕጸር ይኽእል እዩ። እዚ ሓደገኛ ሓበሬታ ከም እኒ ትሕተ-ቅርጻዊ፡ መስመራት ሓይሊ መብራህቲን፡ መስመራት ቴለፎንን ኢንተርነትን፡ ዝርዝር ኣስማትን ኣድራሻታትን ዜጋታት፡ ካልኦት ብመንግስታውያን ትካላት ጥራይ ክዕቀቡ ዝግብኦም ረዘንቲ ሰነዳትን የጠቓልሉ። ውልቃዊን ትካላዊን ናይ ምዕቃብ ሓላፍነታት'ውን ካብኡ ዘይሰንፍ ተኣፋፍነት ኣለዎ።

ሓበሬታ፡ ከምቲ ንዓወት ንምጉንጻፍ ዓቢ ጥቕሚ ዘለዎ፡ ናትካ ሓበሬታ ብምስራቕ ጸላኢ ንዕንወትካ ክጥቀመሉ ዝኽእል ቀንዲ ዝዓበየ ቀታሊ ኣጽዋር እዩ። ክሳዕ በቲ ናይ ቃልሲ እኩብካ እቲ ዘለካ ሓበሬታ ግዜኡ ምሕላፉ ዝውሰን፡ ወይ ከኣ እቲ ናይ ቃልሲ መስርሕ ናብ ናይ ዓመጽ መንገዲ ክስጉም እንተ ርኢኻ ነቲ ሓበሬታ ከተውጽእ ትኽእል። እንተኹነ፡ ብመሰረት ምስቲ ጥርናፈኻ ዘለካ/ዝነበረካ ናይ ኪዳን ሓይሊን ማሕላን፡ ክወርደካ ናይ ዝኽእል ተጻብኦ ተሓታትነት ክትወስድ ምኳንካ ኣቕዲምካ ክትፈልጥ ይግባእ። እቲ ግዜኡ ምሕላፉ ዘይተወሰነ ሓበሬታ ኣበየናይ ደረጃኡን ግዜኡን ንኽተውጽኦ ከም ዘለካ ምውሳን፡ ናይ ገዛእ ርእሲኻ ውሳነ'ዩ። ነቲ ሓበሬታ ቅድሚ ምቅላዕካ ኣብ ሕጂን ምስቲ ኣብ መጻኢ ከውርዶ ዝኽእል ሳዕቤን ወይ ረብሓ ምምዝዛን የድሊ።

ከምቲ ኣቕዲሙ ዝተገልጸ፡ ብፍላይ ኣብዚ እዋንዚ ካብ ቀተልቲ ኣጽዋር ብዘይንእስ ስለ ዘገድስ፡ ንዝወሃበካ ሓበሬታ ኣቕዲምካ ሓደገኛነቱ ክትመሚን፡ ንኽትሰምዖ ወይ ክትውንኖ እንተ ወሲንካ ከኣ ናይ ምዕቃቡ ሓላፍነት ክትወስድ ምኳንካ ኣቕዲምካ ክትፈልጥን ይግባእ።

ኣገባብ ቃልሲ

ኣገባብ ቃልሲ፡ ከከም ኩነታትን ድሕረ-ባይታ ህዝብን ውሽጣዊ ዓቕሚ

ተቓላሳይ ኣካልን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜን ካብ ቦታ ናብ ቦታን ክፈላለ ይኽእል። ሓደ-ሓደ ግዜ ከኣ ነቲ ሓደ መስርሕ ኣወንዚፍካ ንግዜኡ ነቲ ካልእ ከተቐድም ትኽእል። ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ከኣ ንኹሎም መስርሕ ቃልስታት ኣብ ሓደ እዋንን ደረጃን ክትጥቀም ትኽእል። ስለዚ፡ ተቓላሳይ ነዚ ከም ስልቲ ክጥቀመሉ ስለ ዝኽእል፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ርጡብነት ትውክልትን ሓደ ዓይነት መስርሕን ቀዲምካ ግምት ምሃብ ኣይከኣልን።

ብኹሉ ዝተኻእለ መንገዲ ምቅላስ ተመራጺ'ኳ እንተኾነ፡ መምስ መድረኽን ክውንነትን ክኽየድ ይግባእ። ስለዚ ከኣ፡ ኣብ ዝኼነ ተቓላሳይ ሓይሊ፡ ዘይጐነጻዊ ንጥፈታት ዘማእከልን መጠናዊ ወይ ፍጹም ጐነጽ ዘሳሲ ናይ መጽናዕቲን ትግባረን ኣካል ምህላዉ ኣገዳሲ ይኸውን። እዚ ከም ኣብ ውዱብ፡ ኣብ ጃለ ተቓላሳይ'ውን ክኸውን ዘለዎ እዩ።

ኩሎም መስርሓት ቃልሲ ነናቶም ድኻምን ብርትዐን ኣለዎም። ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ግዜ፡ ባህሪ፡ ዓቕሚን ብልሓትን እቲ እትቃለሶ ዘለኻ ኣካል እዩ ዝምርኩስ። ቅኑዕ ወይ ጌጋ ዝበሃል ኣገባብ ቃልሲ የለን። ፍርህን ትብዓትን ተቓለስቲ፡ ብዝመርጽዎ ኣገባባት ቃልሲ ከምዘን ዝውቱር ተርእዮ'ኳ እንተኾነ፡ ብጭብጢ ዘይድገፍን ርትዓውነት ዘይብሉ ሚዛን እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ሞራላውን ዘይሞራላውን፡ ሰብኣውን ዘይሰብኣውን ትግባረታት ነቲ ዝተመርጸ ኣገባብ ከነኣእስዎ ወይ ክብድህዎ ይኽእሉ።

ዝኼነ ይኹን ኣገባብ ቃልሲ ምረጽ ብዘየገድስ፡ ነቲ እትቃለሶ ዘለኻ ሓይሊ ብንጹር ምፍላጥን ንኹሎም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ብደረጃታት ምልላይን ብኡ መጠን ከኣ ኣብ ልዕሊኡም እትወስዶ ስጕምቲ ክትመዝንን ይግባእ።

ብውግእ ድዩ ብሰላም ምቅላስ፡ ናይ ዝኼነ ውሳኔ ይኹን ብዘየገድስ፡ እቲ ሕቶ ኣብቲ ስርዓት ኩናት ክትእውጅ ድሉው ዲኻ ዝብል እዩ -- ኩናት ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብግልጺ ይኹን ብስቱር ኩለንትናዊ ኩናት ኣዊጁ ዝርከብ ስርዓት። እዚ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ መንፈሳዊ፡ ቀጠባዊ፡ ሓበሬታዊ፡ ንቕሓታዊ፡ ስለያዊን ወተሃደራዊን ከጠቓልል ይኽእል። ውግእን ኩናትን ፈላሊኻ ምርኣይ'ውን ከገድሰና እዩ። ብተወሳኺ'ውን ኣሸባሪ ሓይሊ ከይትበሃል ከመይ ጌርካ ትብድሆ፧ ዕልዋ ጌርካ ብዓለምን ከባብን ከ ከመይ ተቐባልነት ክህልወካ ይኽእል፧ ዝብሉ ሕቶታት ከነሰላስል ይግባእ።

ወተሃደራዊን ስለያዊን ስርሒታት ዘሰክፎም እንተ ኣለዉ ከኣ፡ ኣብ'ተን ዝተረፋ ብኹሉ ዝተኻእሎም ክሰርሑ ይግባእ። ነቶም ብጐነጽ ዝነቐሉ፡ ጸሎትን ንጥፈታትን ናይ'ቶም ሰለማዊ ቃልሲ ዘልዕሉ የድልይዎ እዮም፣ ነቶም ብዘይ ጐነጽ ክቃለሱ ዝመርጹ ከኣ መታን ክጽልዩን ሰለማዊ ንጥፈታትን ከካይዱ ከኣ፡ ተኽላኻሊ ድርዒ የድልዮም። ስለዚ፡ ዝመላላእ እምበር ክነጻጸል ዘይግብኡ እዩ። ንጸላኢ ብሰላም እናለመንካ ነቲ ብዕላማ ዝሰምረካ ግን ከኣ ብጐነጽ ክቃለስ ዝፍትን እናተጻረፍካ'ውን ኣይኰነን። ሰለማዊ ህዝቢ ክትፈጥር እናተመነኻ ከኣ ነቲ ብዘይ ጐነጽ ዝብል ምቀኻሸው'ውን ቅኑዕ ኣይኰነን። ወዲ ሰብ ብባህሪኡ ዓማጺ እዩ፣ ግዜ፡ ኣማራጺ፡ ኵነታት፡ ሃይማኖትን ሰብኣውነትን ጥራይ እዮም ንደረጃ ዓመጽነቱ ዝውስንዎ።

ሓንትስ ውልቃዊ ቀጠፀኻ ንምውጻእ ዘይኰነስ፡ ዝተጸንፀን ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ህዝቢ ዝወሓደ ዋጋ ዘኽፍሎን ይኹን እምበር፡ ጥራይ ምሉእ ብምሉእ ርእሰ-ምክልኻል ምኳኑ ብቕንዕና ኣረጋግጽ እምበር፡ ብዝጠዓመካ ተቓለስ። እቲ መትከል፡ ሃገር ምድሓን፡ ንወጽዓ መዛዘሚ ንምግባርን ብህዝቢ እትምራሕ ሃገር ንምስራሕን ክሳብ ዝኹነ፡ ክልተኡ ኣብ ጣውላ ምቕማጡ ኣይጽላእን። ኩናት ምስ ዝኸውን ከኣ ከይፈተኻ እትገብሮ ኣማራጺ ክኸውን ይግብኡ። ጐነጽ ኣድላይነት ዘይብሉ ደረጃን ካልኢትን ምስ ዝብጻሕ ከኣ ብሸዓ ርእስኻ ክትገትእ ድሉው ምኳን። ባህሪ ተጻይካ ሰለማዊን ተላዛብን ዋላ ኣይኹን እምበር፡ ኩሉ ግዜ ንዝርርብ ካብ ልቢ ድሉው ምኳንን ምጽዋዕን የድልየካ። እቲ ቀንዲ ዕላማ፡ ህዝቢ ምድሓን እምበር ሕነ ምፍዳይ ክሳብ ዘይኰነ ማለት እዩ። ልክዕ እዩ እቲ እንቃለሶ ሓይሊ፡ ንምድሓን ህዝቢ፡ ምርግጋእ፡ ሰላምን ብልጽግናን ካብ ዕንቅፋት ምኳን ሓሊፉ፡ ቀታሊን ገፋዕን ኣጽናትን ምኳኑ እዩ። ኣብ መጠረሽታ ግን፡ እቶም ዓመጽቲ ጠቕሊሎም ንጠፈር እንተ ዝኹዱ፡ ቀዳምነት እንህቦ እግሪ እግሮም ምስዓብ ድዩስ እታ ደርብዮማ ዝኸዱ ሃገር ቀዲምካ ምድሓን፡ ክንሓስበሉ ዘለና እዩ።

ብፍላጥ ድዩ ብዘይፍላጥ፡ ገለ ኣካላት ነቲ ብዓማጺ ሸነኽ ጥራይ ተኣዊጁ ዘሎ ስነ-ኣእምሮኣዊን ኣካላውን ናይ ኩናት መንፈስ ኣነኣኢሶም ብምርኣይ ንርእሰ-ምክልኻል ይነቐፉ እዮም። እዚ ሓሳብ ዶ ምሓሸ ክበሃል ይከኣል ይኸውን፡ እንተኾነ ህዝቢ ንዝኾነ ዝወርዶ ግፍዒ ከመይ ኣቢሉ ከም ዝምልስ ክትነግሮ ከጸግም'ዩ። ልክዕ እዩ፡ ተመጣጣኒ ዝኾነ ስጕምቲ ምውሳድ እዩ እቲ ኣብ ልብና ክህሉ ዘለዎ። ናይ ርእሰ-ምክልኻል መንፈስ

ዘለዎ ቃልሲ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ካብ ርእሰ-ምክልኻል ሓሊፉ ናይ ሕነን ጸቢብ ወገናዊ ዝኹነ ጐነጽ ከተኣናግድ ምስ ዝጅምር ግን፡ ሸዑ ካልእ ሕቶ እዩ። ከም'ዚኣም ዓይነት ተረኽቦታት ኣብ ዝኽሰቱሉ ግዜ ከኣ፡ ካብ ጌጋን ዓገብን ምባል ኣንጻሩ ምቅላስ ክትጅምር'ውን ከገድደካ ይኽእል እዩ - ልክዕ ከምቲ ነቲ መበገሲ ቃልስኻ ዝኹነ ስርዓት እትቃለሶ ዘለኻ። እዚ ከበሃል እንከሎ ብኩናት ጥራይ ማለት ኣይኮነን። ሕጂ'ውን ከከም ዝጠዓመካ ካብ ምምስካር፡ ነቲ ዓማጺ ጸቕጢ ምግባር፡ እምቢታ ምስማዕ ክሳብ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ጐነጽ ክኸይድ ዝኽእል ምክያድ እዩ።

ዘይጐነጻዊ ቃልሲ 'ንዑ'ባ በጃኹም ውረዱልና!' ምባል ጥራይ ማለት ኣይኮነን። ሰላማዊ ቃልሲ ጥበብ ዘለዎን ማዕረ እቲ ብኩናት ዝቃለስ ናይ ማእሰርቲ፡ ስቓይን ሞትን ዋጋን ተወፋይነትን ከም ዝጠልብን'ውን ምርሳዕ ኣይግባእን። ሓቂ'ዩ ዘይጐነጻዊ ኣገባብ ኣብ ዝኹነ ኣየብጽሓናን፡ ብጐነጽ ግን ሃገርና ከነምልስ ክኢልና ዝብል መጓተ ኣይሰኣንን። እዚ ማለት ዘይጐነጻዊ ቃልሲ ኣብ ዝሓለፈ ተመኵሮ ክሰርሕ እንተ ዘይከኣለ፡ ሕጂ ክሰርሕ ኣይክእልን ማለት ኣይኮነን። ኣቐዲምና ብጐነጽ ስለ ዝተዓወትና ሕጂ'ውን ብጐነጽ ጥራይ ኢና ክንዕወት ማለት ኣይኮነን። ድሕሪ ከም ሃገር ምቕምናን ምቅይያር ጂኡ-ፖለቲካዊ ኣቃውማ ከባቢናን ኵነታትናን ምኽንያታት ቃልስናን፡ ማለት ቅድም ምስ ጓና ክኸውን እንከሎ፡ ሕጂ ግን ፍጹም ውግእ ሓድሕድ ምኺኑን ብምግንዛብ፡ ዋላ ብጐነጽ እንተ መረጽና፡ ምስ ነፍሲ-ወከፍ እንትኮሳ ጥይት ማለት ኣብ መንነ እንትኮሰን ክልተ ጠያይቲ ዘሎ ናይ ማይክሮ ካልኢታት ናይ ሰላም ኣማራጺ ከነሰላስል ይግብኣና። ኣብ መጠረሽታ ኵሉ ምሉእ ዘለዎ ኩይኑ ኣይንረኽቦን፡ ምኽንያቱ ባህሪ ሰብ ኣብ ስስዐን ሓይልን ስለ ዝምርኩስ። ስለዚ፡ ቃልስና ብዝተኻእለ መጠን ብዝወሓደ ጐነጽ፡ ብዝተኻእለ መጠን ድማ መወዳእታ ዘይብሉ ሰላማዊ ተኽእሎታት ምምዝማዝ ከም ዘድልየና ክንርዳእ ንኽእል።

ብኣገባብ ቃልሲ ጥራይ ምስ ዝፍለዩና ተቓለስቲ፡ ብዘይ ዕጥይጥይ ክንሰርሕ ድሉዋት ክንከውን ኣለና። ንህዝብና ዘድሕንን ዘውሕስን እንተኹይኑ፡ ምስቲ ስርዓት ሰለማዊ መንገዲ ክንፍትን ድሉዋት እንተኼንና፡ ምስ ተቓለስቲ ደኣ ሞ ክንደይ እኳ። ምስ'ቶም ብዘይ ጐነጽ ዝብሉ ቡቲ ሰለማዊ ወገንና፡ ምስ'ቶም ብጐነጽ ዝብሉ ከኣ ከምኡ ሓቢርና ብስትራቴጂን ብስልትን ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ኣገባብ ቃልሲ ንጸላኢኻ

ናብ'ቲ እትጠልቦ ዘለኻ ንመምጽኢ እትጥቀመሉ እምበር ባህሪኻ ወይ መንነትካ ክኸውን የብሉን፡ ብፍላይ ከላ ጐነጽ ምስ እትመርጽ።

ትምህርቲ

ንሓደ ተቓላሳይ፡ ትምህርቲ መሰረትን ምንጭን ናይ ሓደ ካብ እምነ-ኩርናዕ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳቡ ናይ ዝኹነ ንቕሓትን፡ መኣዝን ትልሙ ናይ ዝኹኑ ሰላምን ብልጽግናን ህዝቡንየ ክኸውን ዘለዎ። ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎ እምነት ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ኣይግባእን። ኣብ ህሉው ደረጃ ፍልጠትን ምንጭታት ፍልጠትን ብምምርኳስ እዋናዊን ናይ መጻኢን ርእይቶን ትልምታትን ከመንጨ ይግባእ። ነፍሲ-ወከፍ ተቓላሳይ ናይ ትምህርቲ ዓቕሙ ንኽማዕብል ክመሃርን ርእሱ ንኽምህር ክጽዕርን ይግባእ።

ትምህርቲ ኣብ መሰርሕ ቃልሲ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ምንቕቓሕ ተቓለስቲን ህዝቢን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ንቓልሲ፡ ከም ነዊት ንማሕረሻ እዩ። ልዑል ትምህርቲ ምድላብ ከኣ ቅድሚ ነቲ ክትብሎ ዘለካ ሓሳብ ምግላጽካ ኣብ ሰማዕትኻ ቀዲሙካ ዝጸንሕ መገዲ ዝጸርግ መእተዊ እዩ። ቃልሲ ገዲፍካ ተመሃር ኣይኰነን እዚ ዘረባ፡ እናተቓለስካ ተመሃር'ምበር። ኣብ ግዜኻ ንእሽቶ ነቓዕ እንተ ኣላትካ'ውን ተመሃር፣ እንተ ወሓደ ንገዛእ ርእስኻ ኣማዕብል።

ትምህርቲ ዘይብሉ ብዙሕ ከንብብ ይሽገር፣ ንዝሰምዖም ንምርዳእ'ውን ይጽገም። ብኻልኦት ኣህጉራውያን ቋንቋታት ንዝተጻሕፉ ሰኣን ምንባቡ ፍልጠትን ተመኩሮን ይሓጽሮ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ናብ ካልኦት ከሕልፍ'ውን ኣይክእልን። ዝሰርሖም ታሪኻት ኣብ ምስናድን፡ ርእይቶኡ ብጽሑፍን ዓለምለኻዊ ደረጃን ከብጽሕ ይእገም። ንኻልኦት ንኽንቅሕ ይሽገር፣ ርእሰ-ተኣማንነት'ውን ክጐድሎ ይኽእል፡ ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምሁራት ቁይሙ ዝዛረበሉ መድረኽ ስለ ዘይሰኣን።

ምስ'ዚ ኵሉ ኣገዳስነት ትምህርቲ፡ ንዘይተማህረ ወይ ከኣ ክመሃር ዕድል ዘይረኸበ ምንዓኞ ናይ ሓደ ተቓላሳይ ባህሪ ክኸውን ኣይግብኦን። እቲ ዘይተማህረ'ዩ ንትምህርቲ ፈጢርዎ እሞ፡ መብዛሕትና ከኣ እቶም ብፍጹም ወይ ከምቲ ዝድለ ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸቡ ስድራናን እቶም ምእንቲ ክሕሸና ዝሃለኹ ኣያታትናን እዮም ክንመሃር ኣኽኢሎምና። ትምህርቲ ኣብ ህይወት ገና ተመሃራይ ምኽንካ ንምርግጋጽ'ምበር ንትዕቢት ኣይትጠቀመሉ። ብትምህርትኻ ትዕበ እንተኾንካ፡ ብትዕቢትካ

ንኽትወድቕ ግዜኻ'ዩ -- ድሮ'ውን ወዲቕካ እንተ ዘይሃሊኻ'ዩ። ብዙሓት ዓይነታት ሰባት በብምኽንያቱ ክብረት ክረኽቡ ይኽእሉ ይኹኑ፡ እንተኾነ እቶም ትሕትና ዘርእዩ ጥራይ'ዮም ነታ ክብረት ብልክዕ ዘስተማቕርዋ። ንኽትቃለስ ምሁር ክትከውን ግድን ኣይኮነን፣ ተቓላሳይ ግን ብኽንዲ ዝተኻእለ መጠን ግድን ክመሃር ኣለዎ። ክሳዕ ትሓልፍ ከተንብብን ክትፈልጥን ጽቡቕ እዩ።

እቲ እትደልዮ ዓወት ምስ እተረጋገጸ ከኣ፡ ሃገር ኣብ ምብልጻግን ምህናጽን ብዘይ ጸገም ክትሳተፍ ትኽእል። ብፍላይ ብፖለቲካዊ ይዥን ልውል ማሕበራዊ ተራ ከተበርክት እንተ ደሊኻ ኣካዳምያዊ ትምህርትኻ ክብ ከተብል ኣድላዩ እዩ።

ዕድሜኡም ብዘየገድስ፡ ብሰንኪ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ስደትን ካልእ ምኽንያታትን ናብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ካልእ ልዕል ዝበለ ደረጃ ዘቕስማ ትካላት ትምህርቲ ክጽንበሩ ዘይከኣሉ፡ እሞ ክመሃሩ ድሌት ንዘለዎም ከኣ ዳግማይ ግምት ተዋሂቡዎም ከም ብሓድሽ ፍሉይ ዕድል ተዋሂብዎም ክቕጽሉ ዝኽእሉሉ ኣገባብ ክፍጠር ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ሓደ ተቓላሳይ ክእምቶ ዝግባእ እዩ።

ኵሉ ጸረ-ትምህርቲ ደጋፊ መግዛእትን መሰናኽል ናይ ስልጣነን እዩ።

ሓበሬታ

ኵሉ ዓይነት ሓበሬታ ምርካብ ንተቓላሳይ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ሓበሬታ ዘይብሉ ተቓላሳይ ይዕውን። ቅኑዕን ዘይቅኑዕን ሓበሬታ ክመሚ ዘይፍትን ወይ ዘይኽእል ከኣ፡ ርእሱ ይቐትል ወይ ኣብ ምቕታላ ኢድ ይሕውስ። ከምቲ ንኣናጹ ኣብ መጻወድያ ዝዓበየ መግቢ ንእሽቶ ስሚ ጥራይ ከተቐምጥ ዘድልየካ፡ ጸላኢ ምስ ባህግታትካን ስምዒታትካን ሓዊሱ'ዩ ዝደለዮ መርዛም ሓበሬታ ዓቂኑ ዘቕምሰካ። ስለዚ፡ ንዝኾነ ሓበሬታ፡ ዳግማይ ንዝኾነ ሓበሬታ፡ መንቀሊኡ፡ ዕላማኡን ጠቓምነቱን ብዕምቈት ከይመመኻ ምጥቃም ከተወግድ ይግብኣካ። ብዙሓት ንተሃንካ ዘሐድሱ ወይ ዘደዓዕሱ ጥዑማት ዜናታት፡ ትንተናታትን ትረኻታትን ከትረክብ ከለኻ፡ ቀልጢፍካ ኣይትመሰጠሎም ወይ ኣይትንጸንም። ቅድም ኣዳቒቕካ ኣጽንዓዮም። እቶም ድሮ ዘለዉኻ ሓበሬታን ሃገራዊ ስምዒትን ድሮ ተቓላሳይ ንምኽን ኣብቂዖምኻ'ዮም እሞ፡ ዝኾነ ተወሰኺ ሓበሬታ ናይ ዝኾነ ይዥን ተረኽቦ፡ ከም መመላእታ እምበር ከም መምዘኒ

ሃገራውነትካን ስምዒታትካን ጌርካ ኣይትውሰዶም። ናህርኻ'ዩ ብሓደስቲ ፍጻሜታትን ተረኽቦታትን ክትርንዕ ዝግብኦ'ምበር፡ ፍትሓውነት ቃልስኻስ ኣብ ርጉኣት እዋናትን ኵነታትን'ዮም ክህነጹ ዘለዎም።

ንዝኹኑ ዝተወደቡን ዘይተወደቡን ማዕከናት መራኽቢ ብዙሓን፡ ጽን ምባል ኣገዳሲ'ዩ፣ ብፍላይ ከኣ ነቶም ኣብ ቃልሲ ንሓርነት ኣብ ጐድንኻ ዝተሰርዑ። ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ነጻነት፡ ሓደ ተቓላሳይ ክኣምነሉ ዘለዎ ዘየካትዕ መሰል ክኸውን'ዩ ዝግባእ። ተቓላሳይ'ውን ሓላዊ እቲ መሰል ጥራይ ዘይኰነስ፡ ተጠቃሚ ናይቲ መሰል'ዩ ዝኸውን ዘሎ። ስለዚ፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ኣብ ቦታኡ እንከሎ፡ ነተን ሓሳባት ናይ ገዛእ-ርእሰን ኰነ ናይ ካልኦት ዘቃልሓ ማዕከናት ሓበሬታ ጥንቁቕ ክብሪ ከድልየካ'ዩ።

እንተኾነ፡ ንውልቃዊ ጸለመ፡ ዓሌታዊ፡ ሃይማኖታዊን ካልእን ዓመጽን ጽልእን ዘጋውሓ መራኽቢ ብዙሓን ብጋህዲ ምብዳህ ተራ ኵሉ ፍትሓዊ ተቓላሳይ እዩ። ተቓላሳይ ብቑጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንባዕሉ ኣብ ከምኡም ዝኣመሰሉ መፈንጠራታት ጸረ-ህዝቢ ምስ ዝኣቱ፡ ነቲ ቃልስን ንመስተርሆት ህዝብን ውሽጣዊ ሕማም'ዩ።

ስለዚ፡ ሓደ ተቓላሳይ ኣዝዩ ጥንቁቕ ክኸውን ይግባእ። ናይ ምምማይ፡ ምጽዳይን ምንፋይን ብቑዓትን መሳርዕን ክህልዎ ይግባእ። ንዝዝርግሑ ሓበሬታ ከኣ ጉድኣቱን ጥቕሙን ብምግንዛብ ብዝተኻእለ መጠን እሙንን ቅርዑይን ክኸውን ኣለዎ።

ንመዘኻኸሪ ዝኣክል፡ ሓበሬታ ሓደገኛ ኣጽዋር'ዩ። ክትዝርግሑ ኰነ ክትቅበሎ እንከለኻ፡ ኣዝዩ ጥንቃቐ ዘድልዮ ነታኡ እዩ። ንሓበሬታ ብግቡእ ዝጥቀም ተቓላሳይ፡ ሚዛን ሓይሉ መመሊሱ'ዩ ዝስውድ።

ስነ-ጥበብ

ስነ-ጥበብ ርእሱ ክኢሉ ኣብዚ ኣርእስቲ ምምጽኡ ከገርም ኣይግባእን። ምኽንያቱ ተራ ስነ-ጥበብን ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ብረታዊ ቃልሲ'ውን ርኢናዮ ኢና።

ስነ-ጥበበኛታት ማለት በቲ ተራን ልሙድን ናይ ወዲ ሰብ ናይ ምብህሃል ሜላ ወጺኦም፡ ብኻልእ መንገዲ ብስዉርን ብጋህድን ብምውህሃድን ምዝንጋዕን ዝዓዩ፡ ርእሶም ዝኸኣሉ ሞያተኛታት ክፋል ሕብረተ-ሰብ ስለ

ዝኹኑ፡ ሓደ ተቓላሳይ ተራኦም ተገንዚቡ ከተባብዖምን ክንከባኸቦምን ከዳምጾምን ይግባእ። ኣብ ዝተወደበ ኣካል፡ ስነ-ጥበበኛታት ናይ'ቲ ዝተወደቡሉ ኣካል መደብ ዕዮ ብዘሰኒ ክኸዱ እንከለዉ፡ እቶም ዘይተወደቡ ከኣ ኣብ ሓደ ነጻ ክሊ ክዓዩ ይኽእሉ። እቲ ግዴታ ናይ'ቶም ዳሕረዎት ኣብቲ ዝወስድዎ ንጹር መርገጺን ስነ-ጥበባዊ ሕልናንየ ዝምርኮስ።

ስነ-ጥበብ፡ ኣብ ልዕሊ ኮነታት፡ ባህሊ፡ ቋንቋን ታሪኽን ሓደ ሕብረተ-ሰብ ንዘለካ ክብሪ መግለጺ ክትጥቀመሉ እትኽእል ፖለቲካዊን ማሕበራዊን መሳርሒ'ውን እዩ። ስነ-ጥበብ ዝሓየለ ሜላ ጐስጓስ'ውን እዩ። ስለዚ፡ ሓደ ተቓላሳይ፡ ንባዕሉ'ውን ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ከፍሪ ዝኽእል እንተኹይኑ፡ ንሞያኡ ክዓብሶ ኣይግባእን። ስነ-ጥበበኛታት ናይ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ዕማማት ምሩጻት ልኡኻት ወይ ካድረታት'ዮም። ሓደ ስነ-ጥበበኛ፡ ከም ካልኦት ሰብ ሞያን ሰራሕተኛታትን ዝደልዮ ከፍርን ናይ ገዛእ ባዕሉ ፖለቲካዊ ርእይቶ ክህልዎን ዘይሕከኽ መሰል ከም ዘለዎ ብፍጹም ክንዝንግፅ የብልናን። እዚ እናኹነ ግን፡ ከም ካልኦት ዜጋታት ተሓታቲ ናይ'ቶም ዘቕርቦም ፍርያት'ውን እዩ።

ትጽቢትና ደኣ'ዩ ክዓቢ ክኽእል ዘለዎ'ምበር፡ ከም ዜጋታት ግን ግዴታና ማዕረ እዩ። ስነ-ጥበብ መዓርግ ኣይኰነን፣ ወይ ስነ-ጥበበኛ ህዝባዊ ጽፍሒ ዝሕዝ ዝተመርጸ ኣካል ኣይኰነን። ነቲ ብውድብ ደረጃ ተጠርኒፉ ዝሰርሕ ከኣ፡ ከምቲ ካልእ ኣባል ዝተዋህቦ ሓላፍነት ዘተግብር፡ ብዲሲፕሊንን ብመደብ ናይ'ቲ ውድብ ተገዚኡ ዝኽይድን ክኽውን ይኽእል። ተሓታትነቱ ከኣ ነቲ ውድብ እዩ። እቲ ብውልቂ ዝነጥፍ ግን፡ ተሓታትነቱ ንስሙን ንሞያኡን እዩ፣ ማለት ውህብቶ ዘይብሉ እንተኹይኑ፡ እቲ ሞያ'ዩ ዝፈርዶ። እቲ ዘፍርዮ ስርሓት ከኣ ብዓይኒ ትዕዝብቲ ህዝቢ ይሓልፍ እሞ፡ ወይ ክብሪ ይረክብ ወይ ይስእን።

ስነ-ጥበበኛ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክህልዎ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ፖለቲካዊ ኣምር ወይ ብስለት ዘይብሉ ስነ-ጥበበኛ፡ መሳርሒ ዓመጽቲን ፈላለይቲን ወገናት ይኸውንሞ፡ ከይተረድኦ'ውን ንህዝቢ ደው ዝበለ እናመሰሎ ጸረ ህዝቡ ይዓዩ። ትርጉምን ፍልልይን ህዝቢ፡ ሃገርን መንግስትን ዘይፈልጥን ብዛዕባ መሰልን ሓርነታትን ብግቡእ ፍልጠት ዘይቐሰመን ስነ-ጥበበኛ፡ ብዛዕባ ህዝቢ ይኹን ሃገር ወይ'ውን ብዛዕባ መሰልን ሓርነትን ዝብሎ ኣይክህልዎንየ ወይ ይዘባረቐ። ብዛዕባ መሰል ርእሱ ይኹን ሞያዊ

ሓርነቱ'ውን ኣይክፈልጥን'ዩ። ስለዚ፡ ሓደ ሓርበኛዊ'የ ዝብል ስነ-ጥበበኛ እንተ ኣሎ፡ ንቕሓቱ ከዕቢ ክህከ ኣይግባእን። ግዴታኡ'ኳ እንተ ዘይኰነ፡ ሓላፍነቱ ግን እዩ።

ጭርሖታትን ምልክታትን

ሓደ ቃልሲ፡ ንጹራትን መሰጥቲን ጭርሖታት ክህልዉዎ ኣዝዩ ኣገደሲ እዩ። ጭርሖታት፡ ጽማቐት ዕላማ፡ ራኢ፡ ስነ-ሓሳባት፡ መትከላትን እንታይነትን እዮም። ጭርሖታትን ምልክታትን ጽማቑ ዕላማኻን ባህሪ ተቓላሳይነትካን ዝምስክሩ እንተኾይኖም፡ ባህጊ ዜጋታት ክሰልቡ ይኽእሉ።

ካብ ሓደ መስመር ዘይበዝሑ፡ ወረ እንሓንሳእስ ኣብ ክልተ-ሰለስተ ቃላት ዝተጠምሩ ጭርሖታት፡ ኣፍ ኩሉ ተቓላሳይ ኰይኖም ከገልግሉ ይኽእሉ። ሓደ ተቓላሳይ ናይ ገዛእ-ርእሱ ጭርሖ ክህልዎ፡ መለለዩን ካብ ካልኦት ተቓለስቲ፡ ጥርናፈታት ወይ ተጻይ ሓይልታት መፍለዪ ክኾኖ ይኽእል።

እቲ ብዙሕ ግዜ ዝኸብድ ንጭርሖታትካ ወይ ምልክታትካ ምጽብቓቕ ዘይኰነስ፡ ማዕሪኣም ኳንካ ምርካብ'ዩ'ሞ፡ ኣቐዲምካ መርምር። እዚ ከኣ ጭርሖታትካ ወይ ምልክታትካ ማዕረ'ቲ እትመልኮም ክመልኩኻ ስለ ዘለዎም'ዩ።

ካልኣይ ክፋል

እማመ መትከላትን እምነትን ንተቓላሳይ

ኤርትራዊ ዜግነት

ኤርትራ ነናቶም መንነት ዘለዎም ሕብረተ-ሰባት ዝሓቖፈት ሃገር እያ። ውጽኢቲ መንነታዊት ሃገር ግን ኣይኰነትን። ንሹሉ ዜጋ ብምልኣት ንምሕቋፍ ምእንቲ ክከኣል፡ እኳ ደኣ ናይ ዜግነት ሃገር እያ ምባላ ዝሕሸን ክዉንን ኰይኑ ንረኽቦ።

መንነታዊት ሃገር፡ ብሓደ መንነት (ሃይማኖታዊ፡ ብሄራዊ ዋላ'ውን ዓሌታዊ ክኸውን ይኽእል) ዝቑመት ወይ ዝተዓብለለት

ዜግነታዊት ሃገር፡ ንዝተፈላለዩ መንነት ዘለዎምን መንነቶም ዘኽብሩን፡ መንነቶም ዝሃሰሰ ወይ ዘይግደሱ ሰባትን ከይተረፈ እተጠቓልል

ብመበቈል ጥራይ ዘይኰነስ፡ ዝኹነ ንሃገርና ንውሕስነታን ንዕብየታን ዘገልገለ ሰብ፡ መሰል ዜግነት ክወሃብ ክንኣምን ይግባእ። ነዚ ምቅዋም ዘይፍትሓዊን ዘይኣርባሒን እኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳ ንቐዋማዊ መንግስቲ፡ ሃገራዊ ባይቶን ሓጋጊ ኣካልን ምግዳፉ ይከኣል።

ኤርትራዊ ምኽን ክንዮ ዜጋዊ፡ መበቈላዊን ሓርበኛዊን ሓበን፡ ካብ ካልኦት ኣህዛብ ዘዐብን ዘመክሕን ክኸውን ኣይግብኦን። ኤርትራውነት ብጠቕላላኡ ኣብ ክሊ እቲ መግዛእታዊ ዶባት ዝተሓጽረ ኰይኑ፡ ንዝኹነ ንኤርትራውያን ዝመስል ወይ ብስጋ፡ ዓሌት፡ ሃይማኖትን ዘርእን ንዝመሳሰሉ ካብ ክሊ ኤርትራ ወጻኢ ዝመበቈሉ ከም ዘየማልእ ክንጸር ይግብኦ።

ኤርትራዊ ዘመድ ብምህላዉ፡ ኤርትራዊ ዝዛረቦ ቋንቋ ስለ ዝተዛረበ ወይ ከኣ ኤርትራዊ ዘምልኾ ኣምላኽ ስለ ዘምለኸ፡ ንሓደ ሰብ ኤርትራዊ የብሎ ማለት ኣይኰነን። ወይ ከኣ ብኣንጻሩ፡ ዜጋ ካልኦት ሃገራት፡ ብስጋዊ ዝምድና፡ ባህሊ፡ መንነት፡ ሃይማኖትን ታሪኽን ምሳኻ ዝተኣሳሰሩ ኣህዛብ ስለ ዘለዉ ሃገራቶም ይብጽሓኻ ማለት ኣይኰነን። እንተ ወሓደ ግብራዊ ኣይከውንን፡ ወይ ግብራውነቱ ካልእ መዘዝ ከስዕብ ይኽእል። ሓደ ካብቲ ምኽንያታት ከኣ፡ ነቶም ይቕርቡኒ ዝበልካዮም ደቂ ካልእ ሃገር ዘይቀርብዎም ወይ ክቕርብዎም ዘይደልዩ ኤርትራውያን ስለ ዝህልዉ። ብመንጽሩ ከኣ እተን ሃገራቶም ንዓኻ ዘይቕርቡኻ ወይ ክቕርቡኻ ዘይደልዩ ካልኦት ሕብረተ-ሰባት ዘማልኣን ስለ ዝኾና እየን።

ንድለዮ ኣይንድለዮ፡ ክሳዕ መዓስ ብዘየገድስ፡ ፖለቲካዊ ምሕደራ ዓለም ብሃገር ክሳብ ዝተሰርዐ፡ ዘርእና፡ ብሄርና፡ መንነትና፡ ሃይማኖትናን

ታሪኽናን ብዘየገድስ ብኡ ክንምእዘዝ ይውሕስ። እንተ ወሓደ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ክኸይድ ዝጸንሐ ኣካይዳ ብሃናጽነት ብምብዳህ፡ ማለት ልብን ኣካልን ህዝብን ካርታታትን ከይመንጨቱ ምስ መሰልትና ዝሓሸ ናይ ምንብባር ሓሳብ ንዘምጽኡ፡ ሽሕ'ኳ ኣይንሰማማዓዮም ከነሳስዮም ግን ኣይጽላእን።

ኵሉ ኤርትራዊ፡ እቲ ብሓደ ወገን ይኹን ብኽልተ ወለዲ ብዘየገድስ፡ ካብ ኤርትራዊ ዘርኢን ወለዶታትን ደምን ዝመጽኣ ዜጋ እዩ። እዚ ነቶም ብሰንኪ ዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ስደት ዝወሓዙን ካልእ ዜግነት ክሕዙ ዝተገደዱ'ውን ይምልከት። ክሳዕ ሕጂ ምሉእ-ብምሉእ ኤርትራውያን ዘይክንሶም ኤርትራዊ ዜግነት ዝተዋህቦም ዜጋታት ኣለዉና። እዚኦም ገሊኦም ኣብ ኤርትራ ነዊሕ ብምጽናሖም ኰይኑ፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምጽንባር ህይወቶም ንኽወፍዩ ዝተጋደሉ ይርከቡዎም። እቲ ዝመጽእ ናይ ኤርትራ ቅዋም ዝውስኖ እኳ እንተኾነ፡ ብተቐማጥነት ጥራይ ዝወሃብ ዜግነት'ውን ከም ዘሎ ክንግንዘብ ይግባእ። መጽናዕቲ የድልዮ'ዩ እምበር፡ ገለ-ገለ ብምድንጋር፡ ገለ-ገለ ከኣ ብገለ ኤርትራውያን ኣካላት ዜግነት ዝተዋህቦም ሰባት ከም ዘሎ'ውን ይእመን እዩ።

ሓደ ሰብ ፍትሓዊ ይኹን ኣይኹን፡ ገበነኛ ይኹን ንጹህ፡ ምስ ዜግነት ዘተሓሕዝ ሓንቲ'ኳ የብሉን። ከምቲ ፍትሓዊ ኤርትራዊ ዘሎ፡ ዓማጺ ኤርትራዊ ከህሉ ይኽእል'ዩ። ሓደ ሰብ፡ ሃገራውነት ስለ ዘይብሉ'ውን፡ ኤርትራዊ ኣይኮነን ማለት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ርጉጽን ዘይርጉጽን መንነታዊ ጠቐነ ንፍትሓዊ ዕላማ ጠቓሚ ኣይኮነን።

ነቶም ኤርትራዊ ግቡኣትን ግዜታትን ፈጺሞም ዜጋታት ንምኳን ዝበቐዑ ዜጋታት፡ ብዙሕ ቅሬታ ክህልወና ኣይግባእን። መራሒ ሃገር ናይ ምኳን ዕጫ ግን፡ ዝቐረበ ስጋውን መንፈሳውን ጥቡቕነት ዘድልዮ ዕዮ ስለ ዝኾነ፡ ምሉእ ኤርትራውን ኣብ ኤርትራ ዝተወልደን ክኸውን ውሑስ ይገብሮ። እንተ ወሓደ፡ ክሳብ ኣብ ዜግነትን መበቁልን ዘለና ኣረዳድኣን ግንዛቤን ዝመዓራረ።

ብኽልቲኡ ወገን ኤርትራዊ ክንሱ፡ ግን ከኣ ድርብ ዜግነት ዘለዎ፡ ነታ ናይ ካልእ ሃገር ዜግነቱ ክሳብ ዘይሓደገ ላዕለዋይ ፖለቲካዊ ጽፍሒ ክሕዝ ኣይግባእን።

እምነት

ኣመጻጽኣ ህዝቢ ኤርትራን እምነታቱን ኣብ ሓደ ግዜ ዘይኰነስ በብእዋኑ'ዩ ተፈጺሙ። ንሓያሎ ዘመናት ኣብ እምነት ዝተመርኰሰ ህይወት ካብ ዝመርሑ ህዝቢ ዝቑመት ሃገር እያ ዘላትና። ብክርስትናን እስልምናን ዝተዓብለለት ድማ'ያ። ከም ህዝቢ፡ ኤርትራ ንኹሎም ኣመንቲን ዘይኣመንቲን ክትጸውር እትኽእል ሃገር ምኳና ታሪኽ ምሂሩና'ዩ። ስለዚ'ዩ ከኣ፡ ዝኹነ ሰብ ንድላዩ ከምልኽ ምሉእ ነጻነት ክህልዎ ናይ ሓደ ተቓላሳይ መሰረታዊ እምነት ኰይኑ ክርከብ ዘለዎ።

ሃይማኖት ተጠቒምካ ንእምነት ዘለዎምን ዘይብሉኦምን ኣንጻር ሓድሕዶም ንምትንሳእ ዝህንጠ ሓይሊ ይኹን ሓሳብ ግን፡ ሓደ ተቓላሳይ ከይጸወሮ ጥራይ ዘይኰነስ ንኽምከቶ ቁሪጹ ክለዓለሉ ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። ዓለማዊ ምጥባቕ ሰብኣዊ መሰላትን እቲ ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ ናይ ኤርትራ ናይ 1997 ቅዋምን ብዘስፈሮን፡ ሓደ ሰብ ብውልቁ ዝደለዮ ክኣምን መሰል ከም ዘለዎ ምእማን ኣገዳሲ'ዩ። ከም ዜጋታት፡ ኩሎም እምነታት ኤርትራ ብማዕረ ክንሪኣምን ኣፍልጦ ክንህቦምን ይግባእ።

ህግደፍ፡ ከም ስርዓት፡ ኣብ እምነትና ጣልቃ እናኣተወ ንኹሉ ክብርታት እምነትን ካልኦት ክብርታትናን ኣጉዲሉዎምን ሃስዩዎምን ይርከብ። ስለዚ፡ እዞም ኩልና ኣምላኽናን ቤት ኣምላኽናን ዝተደፈርና፡ ብዘይ ንሕስያ እንተ ወሓደ ስለ ክብሪ እምነታትና ብጥምረት ሓቢርና ክንቃለስ ይግባእ። እዚ ክበሃል እንከሎ ተጐጃጂልካ በብሃይማኖትካ ንምቅላስ ንምትብባዕ ወይ ንዕብለላ ሓደ እምነት ካብ'ቲ ሓደ ንምጕስጓስ ኣይኰነን። ተመሳሳሊ ወይ ከኣ ብማዕረ ወሪድዎም ንዘሎ ግህሰት ሓቢሮም ብምብዳህ ማዕርነታዊ መሰል እምነታቶም ዘረጋግጹሉ ዋጋ ምኽፋል ዝግብኦ ቃልሲ ክኸውን ስለ ዘለዎ ጥራይ እዩ። ኩልና ብኽብረት ነንገዛእ ኣምላኽና እናጸዋዕና ብዘይ ስክፍታ መንነት እምነትና እናገለጽና ብሕብረት ክንቃለስ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝኹነ ደረጃን ኩነትን፡ ንዝኹነ ኣድልዎ ወይ ድማ ሃይማኖታዊ ወገናዊ ኣካይዳ ክንጸወሮ ኣይግባእን።

ኣሸንኳይዶ ኣብ ከም'ዚ ናትና ካብ ዳርጋ ሚእቲ ካብ ሚእቲ እምነት ዘለዎ ህዝብስ፡ ኣብ'ተን ኣዝዮም ውሑዳት ኣመንቲ ዘለውወን ሃገራት'ውን'ኳ ኣብያተ-እምነታት ወሳንን ጸላውን ተራ ከም ዘለወን ህያው ተመኩሮ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብታ እንደልያ ኤርትራ ንናይ ሓባር ክብርታትናን ምጽውዋር

እምነትናን ኣምልኾናን ዝፈታተኑን ካብ ናይ ካልኦት ልምድታት ብለቓሕ ዝተወስዱን ንምውጋድ ከድሊ እንተኾይኑ፡ ነጻነት እምነት፡ ማዕርነትን ጽልዋን ኣብያተ-እምነታት ወሳኒ እዩ። ኣብ መጻኢት ኤርትራ እንደልዮ ነጻነት ከምኡ እናኹነ ርትዓዊ ቃና መቐረት እምነት ኣብ ግዜ ቃልሲ ምውጋድ ግን ግቡእ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ንምኽባር እምነታት መሰረት ዘይገበረ ቃልሲ፡ እምነታት መሰረት ዝገበረት ሃገር ንኽምስርት ተስፋ የብሉን። ብዘይካ'ዚ እምነታት ኣብ ስርዓትን ምርግጋእን ቀንዲ መጻውር ምስ ዝኾኑ፡ ርትዓውያን ሕግታት ንምስፋን ሓገዝቲ እዮም። ነቶም ቀንዲ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ማዕርነት፡ ህላወን ምርጫን እምነታት እንተ ኣሳሲና፡ ናይ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዕብለላ ምፍራህን ዘይምትእምማንን ክውገድ ይከኣል።

ካብ ምኽፋት ኣፍ ጀሚሩ ክሳብ ንመንነት እምነትካ ምግላጽ ነውርን ከም ባህሪ ናይ ቃልሲ ዘይኮነ ጌርካ ክውሰድ ኣይግብኦን። ውዒልና ሓዲርና ዝሕባእ ነገር'ውን ስለ ዘይኮነ፡ ካብ መንነትካ ሓቢእካ፡ ፍልልያት እምነትካ ኣሚንካን ተቐቢልካን ብሓደ ምኻድ የተኣማምን። ምኽንያቱ ፍልልያትካ እንተ ፈሊጥካ፡ ልጓም ልሳንካ ክትሕሉ ይቐለልካን ዝያዳ ናይ ምክብባር መንፈስ ትፈጥርን። "ኣነ ክርስትያን/ኣስላማይ/ካልእ ኢየ። ንኣምላኽይን ንነጻነት ኣምልኾይን ዝደፈረ ከም ምስ ካልኦት ከማይ እምነቶም ዝተደፍሩ ኮይነ ክቃለሶ ኢየ። ማዕርነትን መሰልን ኣመንትን ካልኦትን ተቐቢለ፡ ዝኹነ እምነት ብኣድልዎ ከይዝረን፡ ዜጋታት ካብ ውልቀ-ሰብ ክሳብ ጉጅለ ብሰንኪ እምነቶም ክብሮም ከይገሃስ ቃል እኣቱ፡" ዝብል ቅኒተ-ሕልና፡ ንህዝቢ ናይ ሓድሕድ ዕረፍቲ ዝህብ እዩ።

ኣውራ ኣጽዋር ናይ ሓደ ተቓላሳይ፡ ፍቕሪ ህዝቡ ኮይኑ ሓድሕድ እምነት ብምፍጣር ሓድሽን ሓቀኖን ተስፋን ምምእኻት እዩ። ተቓላሳይ ኣካል ይኹን ኣብ ኤርትራ ዝትከል መንግስቲ ኣብ ሃይማኖታዊ ዋኒንን ውሽጣዊ ውሳኔታትን ኢድ ክመልስ ብፍጹም ክድገፍ ኣይግብኦን። ብተወሳኺ፡ ከም ተቓለስቲ፡ ክብሪ ኣምላኽ ዝደፍሩ ኣስማትን ኣብነታትን ከይንጥቀምን፡ ንእምነታትና ዘቁናጽቡ ከኣ ብንጹር ክንቃወሞምን ይግባእ። ምስኡ ግን፡ ንኻልኦት መሰሎም ከይገሃስካ ብዛዕባ እምነትካ ናይ ምስባኽ መሰል ክሕሎ ክንኣምነሉ ኣለና።

ገለ ተበለጽቲ፡ ንፍትሓዊ ቃልሲን ተቓለስቲን ንምጭዋይ፡ ንሃይማኖታዊ ድሕረ-ባይታ ኤርትራ ማለት ክርስትና እስልምና ምስ'ቲ ማእከል ስሕበት ፖለቲካ ዓለም ንዝኹነ ናይ ማእከላይ ምብራቕ ጉዳያት

ከተሓሕዝዎ ይረኣዩ'ዮም። ነዞም ተርእዮታት እዚኣም ካብ ትንተና ተሓሊፉ ብተግባር ንሃገርን ንዜጋታትን ኣብ ዘየድሊ ምክፍፋል ክሸሙ ከነፍቅድ ኣይግባእን። ኤርትራ ብዝተኻእለ መጠን ዘይሻራዊት ሃገር ክትከውን ኣለዋ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ጉዳይ ማእከላይ ምብራቕ። ኣኺሎም ዝተርፉ ናትና ሸግራት ኣለዉና። ግዴታና ሃገራዊ ጥራይ'ዩ። እምነታዊ ግዴታና ከኣ ኣብ ክሊ ሃገርና ዝተሓጽረ ምስ ዝኸውን ውሑስ ይኸውን። ኣብ ኤርትራ ከኣ ኣብ ትሕቲ ዝኹነ ይኹን ብሃይማኖት ዝቕመ ሰልፊ ወይ ምንቅስቓስ ንኸይህሉ ክንጥንቀቕ ይግብኣና፡ እንተወሓደ ንገለ ወለዶታት። እቲ ኣብ መጠረሽታ ወሳኒ ህዝቢ'ኻ እንተኹነ፡ ሓደገኛነቱ ብምርኣይ ሓሳብና ከነስምረሉ ይግባእ።

ሓደ ክርስትያን ዜጋ፡ ኣስላማይ ዘይኮነ ክርስትያን ስለ ዝኹነ ወይ ንእስልምና ክስዕብ ስለ ዘይመረጸ'ዩ። ከምኡ'ውን ሓደ ኣስላማይ ዜጋ፡ ክርስትያን ዘይኮነ ንኽርስትና ክስዕብ ስለ ዘይመረጸ'ዩ። እቲ ካልእ እምነት ዘለዎ'ውን ከምኡ። እቲ እምነት ዘይብሉ'ውን ንዝተቐረበሉ እምነታት ስለ ዘይተቐበለ'ዩ። እዚ እቲ ክዉን ሓቂ'ዩ። ዕድለኛታት ኴንና ዲና ዘይዕድለኛታት ብዓብላልነት ካብ'ዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ እምነታትን ክፍልታቶምን ዝቐምና ኢና። ኣማራጺና ብምክብባርን ምጽውዋርን ምንባርን ጥራይ'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

ኣብ እምነታት ዘለና እምነት እምበኣር ኣብዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ክጠቓለል ይምረጽ፤

- እምነት ምርጫ እዩ'ሞ፡ ዝኹነ ኤርትራዊ ከኣ ንዝመረጾ እምነት ክኣምን ወይ ከይኣምን፡ ክኽተልን ከይኽተልን መሰሉ ምኺኑ፡
- ዝኹነ ዜጋ ንሱ ኣይውክለንን'ዩ ብዝበሎ እምነት ክስመ ከም ዘይብሉን፡ ካብ'ቲ ሓደ እምነት ናብ'ቲ ካልእ፡ ወይ ካብ እምነት ዘለዎ ናብ ዘይብሉ ወይ ብግልባጡ ናይ ምኺን መሰሉ ክሕሎ፡
- ኣብ ቅጥዒ ኣባልነት ይኹን ዜግነት፡ ዝመረጾ እምነት ኢሉ ክመልእ መሰል ክህልዎ፡
- ፖለቲካውያን ሰልፍታት፡ ብሕልፊ ናይ መጻኢ፡ ንኹሎም እምነታት ዘማልኣን ዘይንጽላን ክኹና፡
- ኣብያተ-እምነታት ክንዮ ናይ እምነት ምትሕግጋዝ፡ ናይ ደገ ሓይልታት መጋበርያ ምእንቲ ከይኮና ንጹርን ጽኑዕን ሕጊ ክሰፍር፡

ከምኡ'ውን

- ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ግዜ መጻሕፍቲ እምነት ምምንዛፅ፡ ምንዳድን ምቕዳድን ከውገድን ልዳታት ኣብያተ-እምነት ክሕፈሩን ክኽበሩን።

ብሄር/ቀቢላ

ኣብ ፍትሓዊት ኤርትራ፡ መለለዩ ብሄር ብንጹር ክሳዕ ዝውሰን፡ ዝኾነ ብሄር'የ ወይ ቀቢላ'የ ዝብል ኣካል፡ ብዕቖኑ ክንጸግ ኣይግብኦን። ካብ መሰረቱ ኩሎም ብሄራት ኤርትራ ብማዕረ ክንሪኦምን ኣፍልጦ ክንህቦምን ይግባእ።

ብልምዲ ትሽዓተ ብሄራት ክንጽውዕ ጸኒሕና። ገለ ክፋል ሕብረተ-ሰብና ከኣ ከም ብሄር ክንፍለጥ ኢና ንደሊ ብምባል ንቕድሚት ዝመጽኡ ኣለዉ። እቲ ናይ ብሄራት መምዘኒ ዝልክዕን ፍቓድ ዝህብን መላእ ህዝብና'ኳ እንተኾነ፡ ሓደ ተቓላሳይ ከም እምነት ብዙሕ ጸገም ከምጽእ ዝኽእል ኣርእስቲ ገይሩ ክርእዮ ኣይግባእን። ልክዕ'ዩ ሓደ ዜጋ እንተ ወሓደ ካልእ ብሄር'የ ክብል እንተኾይኑ፡ ካብ'ቶም ካልኦት ብሄራት ዝፈልዮ ፍሉጣት መምዘኒታት ዘለዎ እኩብ ክኽውን ይግባእ። እንተኾነ፡ ሓደ ዓይነት መዐየሪ ከይህልወና ይኽእል'ዩ። እንተኾነ፡ ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ልቡ ኣብ ክንዲ ትሽዓተ ብሄራት ጥራይ፡ ካብ ትሽዓተ ንላዕሊ ኢሉ ክሓስቦ ኣለዎ። ብሄራውነት ብልሙድን ዘመናውን መለክዒታት ተወሲዱ ከካትዕ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኤርትራ ፍሉይን ሓለፋ ክብሪ ዝግብኦ ብሄር ስለ ዘየለ፡ ነጥቢ ምፍልላይን ዘይምዕጋብ ናይ እኩባት ሕብረተ-ሰብ ክኽውን ስለ ዘይብሉ ከኣ፡ ካብ ትሽዓተ ንላዕሊ ብሄራት/ቀቢላታት ከም ዘለዋና ምእማን ይቐልል።

ብሄራት ስለ ዝበዝሓ፡ ዘስዕቦ ዝኾነ ጸገም የለን፡ ምናልባት እንተ ሃለወ ከኣ፡ ምስ ምንጻግ ብሄራዊ ኣፍልጦ ከስዕቦ ዝኽእል ሳዕቤን ኣነጻጺርካ ኣዝዩ ትሑት'ዩ ክኽውን ዝኽእል። እዚ ነቲ ንነዊሕ ዝጸንሐ ልምድን እምነት ቀጽሪ ብሄራትን ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ተቐባልነት በቲ ሓደ፡ ነቲ መሰል ናይ'ቶም ከም ብሄር ክቑጸሩ ዝደልዩ ብኻልእ ሽነኽ ብምግንዛብ፡ ብቐንዱ ከኣ ወሃብትን ከላእትን'ውን ስለ ዘይኰንና'ዩ። ንሕቶ ኣፍልጦ ብዓይንና ጥራይ ዘይኰነስ ብዓይኒ እቲ ሓታቲ ምርኣይ ከድልየና እዩ። ንዓኻ ሓደ ብሄር ኢልካ ክትጽውዖም ስለ ዝቐለካ ወይ ፍልልይ ዘለዎም

ኰይኑ ስለ ዘይተሰመዓካ፡ እዚ እዩ ብሄርኩም ምባል ቅኑዕ ኣይኰነን። ዝኾነ ኤርትራዊ ተቓላሳይ ወይ ዜጋ፡ ውሉድ ዝኾነ ብሄር ይኹን፡ ውሉድ ህዝቢ ምኳኑ ክንኣምን ይግባእ። ሓደ-ንሓደ መሰሉ ክሳብ ዝሕልወሉ ጥራይ ዘይኰነስ እቲ መሰል ንኹሉ ኤርትራዊ ማዕረ ክሳብ ዝብጽሖ ክንቃለሰሉ ከኣ ኣለና። ዝኾነ ዜጋ ኣይውክለንን'ዩ ብዝበሎ ብሄር ክስመ ከይግደድ ምጥባቕ ናይ ሓደ ተቓላሳይ ሓላፍነት እዩ። ክሳብ ሓደ ሰብ ብሰንኪ ብሄሩ/ቀቢላኡ ስራሕ ይኹን ኣገልግሎት ዝስእነሉን ዘይርከበሉ ደረጃ ዝብጻሕ ምቅላስ ዕማም ህዝባውያን ተቓለስቲ ክኸውን ይግብኦ።

ብሄራውነት ናቱ ኣወንታታትን ክብርን እኳ እንተ ሃለዎ፡ ናይ ሓርበኛዊነት ቀንዲ ረቓሒ ኣይኰነን፡ ማለት እታ ሃገር ብሓደ ብሄር ዝቈመት መንነታዊት ሃገር እንተ ዘይኰይና። ካበየናይ ብሄር ምኳንካ ብዘየገድስ ሃገራዊ መንፈስ እንተ ዘይብልካ ብሄራዊነትካ ንሃገር እንታይ ይገብረላ።

ገለ ኣካላት፡ ነቲ ንሕና ብዘይ ቅድመ-ኵነት እንቃለሰሉ ሓደነት ኤርትራ ዝፍትኑ ሓደገኛታት ምስ ታሪኽን ክውንነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘይከዱ ከም ዘለዉዎ ዝተቐድሑ ናይ ምግንጻል ኣምራት ዘለዎ ኣተሓሳስባኦም ብደቂቕ ከነስተውዕለሎም ይግባእ። ብሄራዊ ይኹን ካልእ ሕቶ ብምምኽናይ ቃልኡ ንኤርትራ ክመቓቕል ወይ ከኣ ምስ ካልኦት ንኽጽንብር፡ ዝኾነ ተቓላሳይ መሰልን ምሕሳብን ኣይግብኦን ማለት ዘይኰነስ፡ ምስ ራኢ ሓንቲን ጥምርቲን ኤርትራ ዘራኽብ ከም ዘይብሉን እኳ ደኣ ዕንቅፋት ምኳኑን ከይተነጸረ ክሓልፍ የብሉን።

ኣውራጃ/ቀጽርታት ምምሕዳር

ብመትከል፡ ሓደ ተቓላሳይ፡ ውሉድ ዝኾነ ኣውራጃ ካብቲ ውሉድ ካልእ ኣውራጃ ይኹን ካብ ውሉድ ገዛእ ኣውራጃኡ ከም ዘይበልጽ ክኣምን ይግብኦ። ብኽፊል ኣብ ኣቀማምጣ፡ ዘርኢ፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ እምነት፡ ታሪኻዊ መንነትን መበቈልን ዝተመርኰሰ ክኸውን እንተ ከኣለ፡ እቲ ዝዓበየ ምያ ቀጽርታት ንስሉጥን ኣድማዕን ምምሕዳር'ዩ። እዚ፡ ንኽም እኒ ፍርዳዊ፡ ምምቕራሕ ጸጋታትን፡ ምብጻሕ ኣገልግሎትን፡ ግብሪ ምእካብን ወዘተ. ከማልእ ይኽእል። ቀጽሪታት ምምሕዳር፡ ካብቲ ኣኣብ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ብዝሕን ጻዕቅን ህዝቢ ዝቀያየር ናይ ምርጫ ቀጽርታት ፈሊና ክንሪኦ ይግባእ። ቀጽርታት ምምሕዳር ቀወምቲ ወይ ንውሕ ዝበለ ዕድመ

ሃሊዎም ንምቐያሮም ከኣ ውሳኔ ባይቶ ወይ ረፈረንዱም የድልዮም።

ናይ ምርጫ ቀጽርታት፡ ንውክልና ባይቶን ካልእ ምስ ምርጫ ዝተኣሳሰር ንጥፈታትን ጥራይ ዝምልከት ኰይኑ፡ ብመሰረት ዝተወሰነ ቑጽሪ፡ እቲ ናይ ባይቶ ውክልና መናብር እዩ ዝቐውም። ንሓደ ወካሊ ህዝቢ ንምምራጽ ሓደ ዓይነት ወይ ተመጣጣኒ ብዝሒ ናይ ክመርጹ ዝፍቀዶም ሰባት ክህልዉ ስለ ዘለዎም፡ ማዕርነት ውክልና ምእንቲ ክረጋገጽ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክጽናዕን ክዕረን ግዴታ'ዩ። ምስ ስፍሓት መሬት ቀጥታዊ ምትሕሓዝ ስለ ዘይብሉ፡ ብጂኦግራፊ ክትሪኡ እንከለኻ ኣብ'ቶም ሰባት ብጻዕቂ ዝቐመጡለን ከባቢታት ጽብብ ዝበለ ክኸውን እንከሎ ኣብቲ ዋሕዲ ነበርቲ ዘለዎ ከባቢታት ከኣ ሰፊሕ መሬት የጠቓልል።

ሃገርና ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ብዝተፈላለዩ ቀጽርታት ምምሕዳር ክትመሓደር ጸኒሓ ኣላ። ንሹሎም ህዝቢ ዝመርጾምን ዝደልዮምን ዓይነታት ምምሕዳራት ክብሪ ክህልወና ይግባእ። ጽባሕ'ውን ህዝቢ ዝመረጾ ዓይነት ምምሕዳር ከጽንዕ፡ ከምልስ ወይ ከተኣታቱ መሰል ዘለዎ፡ ንሱ እቲ ህዝቢ ጥራይ ምኻኑ ክንኣምን ይግባእ። ብምሉእ ባርኾት ህዝቢ ናይ ገዛእ ርእስና ምምሕዳራዊ ቀጽርታት ክሳብ ዘይተለምና፡ እዚ ዓይነት ኣውራጃዊ ዶብ'ዩ ዝበለጸ ምባል ሃናጺ ኣይኰነን። ከም መጠን ውሑድ እዚ ህዝቢ'ዚ ግን፡ ሓደ ሓቀኛ ተቓላሳይ ነቶም ብድሕሪ ኣውራጃውነት ወይ ዞባነት ተመኺልዮም ክኸዱ ዝደልዩ ፈላለይቲ፡ ድሑራትን ጸበብቲን ውልቀ-ሰባት ወይ ዘይብዙሓት ዲል ክህብ የብሉን። ነዚን ወዲ ከም'ዚን ንምውጋድ ከኣ ኣብ ልብና፡ ኤርትራ ከም ሓንቲ ኣውራጃ ቈጺርና ክንነብራን ክንቃለሰላን ይግባእ። ሃገርና ኤርትራ! ኣውራጃና/ዞባና ኤርትራ!

ቀጽርታት ምምሕዳር፡ ብኣሃዛዊ ኣጸዋውዓ፡ ብትሽዓተን ቀጺሉ ከኣ በዚ ዘሎ ስርዓት ከኣ ኣብ ሓደ ግዜ'ውን ናብ ዓሰርተ ኣውራጃታት ጸኒሑ ከኣ ናብ ሽዱሽተ ዞባታት ተመቓቒሉ ይርከብ። ሕጂ ናብ'ቲ ቑጽርታት ወይ ናይ ስም ዘለወን ኣውራጃታት ምክፍፋል ቀዳምነት ዝወሃቦ ኣይኰነን ። ምኽንያቱ ጽባሕ መሰላዊት ኤርትራ ምስ ተፈጥረት፡ ታሪኻዊ ይኹን ህልዊ ወይ ካልእ ሓደስቲ ቀጽርታት ምምሕዳር ክንፈጥር ኣይከጸግመናን እዩ። እቲ ዘድሊ ዘሎ፡ እንደልዮ ኣመሓዳድራ ናብ ምምራጽ ዝሕግዙ ሕጋውያን መንገድታት ምምድማድ እዩ። ምድንጋራትን ዘይምስምማዕን ምእንቲ ከይፈጥር እኳ ደኣ ክሳዕ ህዝብና እንተ ብቑጥታ እንተ ብወከልቱ

ብቅዋማዊ መስርሕ ዝውስኖ፡ ንስለ ብዝሒ ክንትግብሮም ዘለና ህጹጻት ጉዳያትን ርድኢታትን ክንብል'ውን ምምሕዳር ከም ዘለዎ ክጸንሕ ክውንነቱ ክረኣየና ይግብኡ። ኣብ ፍትሓዊት፡ መሰላዊትን ሰለማዊትን ኤርትራ፡ ኣሽምባይዶ ዶባት ውሽጣዊ ምምሕዳር ብዛዕባ እንበልዖ ዓይነት መግብታት ብሃገር ደረጃ ክንውስን ምሉእ ግዜ ክህልወና እዩ። ብሰንኪ ብህጹጽ ዘይምቕያሩ ዝሃልቕ ትንፋስ ይሹን ዝዓብር እንስሳ ወይ ዝነቅጽ ሩባ የለን እሞ፡ እቲ ንቀጽርታት ምምሕዳር ቀዳምነት ክህብ ዝህንጠ ተቓላሳይ፡ ነታ ፍትሓዊት ናይ ሓባር ኤርትራ ንምምጻእ ተስፋ ዝቑረጸ ወይ ሃገራዊ ራኢ ዝበነኖ ጥራይ እዩ።

ሃገራዊ ኣገልግሎት

ሓደ ካብ'ቶም ንኣስታት ርብዒ ዘመን ካብ መዓልታዊ ምብህሃልናን ተመኩሮናን ከነወግዶም ዘይክኣልና ሕቶ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ንስለ ተኣፋፍነት ልዑላውነትናን እቶም ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክርከቡ ዝኽእሉ ኣወንታውያን መኽሰባትን፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይነቓነቕ ደገፍ ተቓላሳይ የድልዮ። ምኽንያቱ ሓደ ተቓላሳይ ንባዕሉ ንሃገሩ ዘገልግል ዜጋ'ዩ። ስለዚ ሓደ ተቓላሳይ፡ ከምኡ ናይ ሓቀኛ ተቓላሳይ ባህሪ ዘለዎም ንኽፍሪ ዕማሙ ኩይኑ ንረኽቦ። እንተኾነ፡ ኣብ መጠንን ኣገባብን ኣሳታፍነትን ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ካብዚ ሕጂ ዘሎ ኣዚዩ ዝተፈልየ ኣገባብ ክንመርጽ ንኽእል። ስለዚ ከኣ ነዞም ዝቕጽሉ ነጥብታት ምዝካር የድሊ።

- ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ'ቲ ናይ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ ግዴታኡ (ብግፋ ዘይኮነስ ብርድኢት) ክምለስ ወይ ንተመሳሳሊ ንውሓት ግዜ ክስራዕን ኣብታ ቀጻሊት ኤርትራ ከኣ ግዴታ ኩይኑ ክጸንሕን፡
- ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሑ ከኣ ብገንዘብን ብንዋትን ምስ ውሑስ ናይ ስራሕ ዕድልን ክጣየሱ፡ ሓለፋታት ክረኽቡን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ከካይዱን
- እቶም ዓመትን ሽዱሽተ ኣዋርሕን ከይወድኡ ብገዛእ ፍቓዶም ዝኸዱ ኩሎም፡ ሓለፋን ፖለቲካዊ ንጥፈታት ከካይዱ ምስ ዝደልዩን፡ ዝተረፋኦም ኣዋርሕ ክምልኡ ክግደዱ፡
- እቶም ኣገልጊሎም ግን ከኣ ዝራሕርሕዎ ወይ እንተ ወሓደ ንዘ ኣዋርሕ ዘገልገሉ፡ ናይ ኣገልግሎቶም ምስክር ወረቐት ብመሰረት

ንውሓት ኣገልግሎቶም ክወሃቦም። ካብኣቶም እቶም ናብ ደገ ክይዶም ዝጸንሑ'ሞ ተመሊሶም ኣብ ኤርትራ ክቐመጡ ምስ ወሰኑ እቲ ዝግብኦም ናይ መጣየሲ ንብረትን ገንዘብን ናይ ስራሕ ዕድላትን ክወሃቦም

- ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከኣ ሃገራዊ ሰራዊት ክቐውም ከም ዘለዎ ክግበርን፡ እዚ ከኣ ብወለንታን ብብቕዓትን ክኸውን፡
- ኣብ መጻኢ ኩለን ደቀንስትዮ ካብ ወተሃደራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብፍቓድ ህዝቢ ንኽንሓፋ ምስባኽ። ከም ኣማራጺ ደቀንስትዮ ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ወይ መንግስታዊ ትካላት ከገልግላ ክኽእላ። ደቂ ዝኹነ ሃይማኖት ወይ ብሄር ይኹና ብዘየገድስ፡ ብፍቓደን እንተ ዘይኮይኑ ኩለን ደቀንስትዮ ወተሃደራዊ ኣገልግሎተን ብማሕበራዊ ንጥፈት ክትካእ። እቶም ማሕበራዊን ሞያዊን ኣገል
- ሎታት ከኣ ንኹለን ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ብማዕረ ክምልከት፡
- መራሕቲን ኣገልገልቲን ዕላውያን ኣብያተ-እምነታት፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክመሓሩ - እንተ ወሓደ ካብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን ውሱን ቑጽሪ ኣገልገልቲ ኣብ ሓንቲ ቤት እምነት ቅድም ክግምገም።

ባንዴራ

ሓቀኛ ሰንደቕ ዕላማ/ባንዴራ ናይ ሓደ ተቓላሳይ ልቢ ህዝቡ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ናይ ዓለባ ወይ ኤለክትሮንያዊት ሰንደቕ ምስ ዘድሊ ከኣ ንዕላማኡ፡ ጻዕሩን ራኢኡን ዝውክል ሕብሪ ወይ ምልክት ክሰርሕ ይኽእል። እቲ ተቓላሳይ ንመዘከርታ እቲ ዝተጻወቶ ሃገራዊ ተራ ኣብ ናይ ሃገር ባንዴራ ክሰፍረሉ እንተ ደለየ፡ ክሳብ ድሌት ህዝቢ ዘይጓዕጸጸ ነውሪ ክቕጸር የብሉን። ቀንዲ ምያ ሓደ ተቓላሳይ፡ ንዓማጺ ስርዓት ኣሊኻ ፍትሓዊ ዝኹነ ምትካል'ምበር፡ ሕብርታትን ምልክታትን ምቕያር ክኸውን ግን ኣይግብኦን።

ሓቀኛን ፈንጠዝያውን ትርጉም ባንዴራ ወይ ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ብሩህ'ኳ እንተኹነ፡ ኣብ ዝኹነ ይኹን ግዜ ብርትዓዊ ረፈረንዱም ክቕየር ዝኽእል፡ ውጽኢት ምንዮት መለለዩና ምኟኑ ክንጽር ይግባእ።

ኣብ ቀጻሊ፡ ህዝቢ በቲ ዝህሉ ሕጋዊ መንግስቲ ተመሪሑ ረፈረንዱም ይገብር'ሞ ካብ'ዘን ዘለዋ ወይ ካልኦት ሓንቲ ክመርጽ ስለ ዘለዎ፡ ሓደ ተቓላሳይ ንዛዕባ ባንዴራ ዝጠፍእ ግዜ ክህልዎ ኣይግባእን። ብኣውራኡ ምስ'ቲ ዘይፍትሓዊ ኣካል ዝፈላልየካን ካብኡ ዝፈልየካን ቀንዲ ዕላማኻን ኣካይዳኻን እምበር፡ ዓይነት፡ ሕብርን ትርጕምን ባንዴራ ኣይኰነን። ፈላላዩ ሳዕቤን እንተ ዘይነብሮ፡ ንኽልተኡ ምምላእ ኣማራጺ'ኳ እንተኾነ፡ ኩነታትናን ተነቃፍነትናን ኣገናዚብካ፡ ነቲ ዓማጺ ቀዪርካ ደሓር ባንዴራ ምትካእ፡ ካብ ባንዴራ ቀዪርካ ደሓር ዓማጺ ምትካእ ዝያዳ ይስልጥንን ይምረጽን።

ባጤራ

እታ ህሉው ባጤራ ኤርትራ ብስማ ተሰምዩ ዘሎ ናቕፋ፡ ናይ ኵልና ታሪኽን ንዝቕጽል ወለዶታት ሓወልቲ ዝኾነት፡ ሓንቲ ናይ ቃልስና ንጽል ኣርማ ኣንጻር ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ እያ። ህዝቢ ናቕፋን ከባቢኣን ዝኸፈልዎ ዋጋ'ውን ክጉሰ ዘይግብኦ'ዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ብዛዕባ ባጤራና ናቕፋ ምስያሙ ብዙሕ ከተሓሳስብ ዝግብኡ ኣይኰነን። ብዛዕባ'ዚ መን ኣምጺእዎ ዘይኰነስ እንታይ ይውከል'ዩ እቲ ሕቶ። ብዛዕባ'ዚ ዝኾነ ዜጋ ወይ ተቓላሳይ ዝተፈላለየ ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል እዩ። እቲ መተካእታ ዝመጽእ ስምከ ብሓቂ ድዩ ኵሉ ውልቀ-ዜጋ ክረድዮ ዝኽእል፤ እንተ ወሓደ ንሕጂ፡ ንባህልን ታሪኽን ክብርን እምነትን ሃገርና ከሳብ ዘይጐደኡ፡ ናቕፋ ኢሉ እንተ ተጸውዐ ወይ'ውን እንተ ተቐየረ ብዙሕ ኣቓልቦ ዝወሃቦ ኰይኑ ክንረኽቦ ኣይግባእን። ኣብ ጐድኒ ሓድ-ሕድ ኳንና ንኽይንቃለስ ክዓግተና'ውን ኣይግብኣን።

ብዛዕባ እቲ ስእልታት፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ብሄራት ሕቶ ስለ ዘለዓዕል፡ ናይ ህዝቢ ምርጫታት ብምስታፍ ንሓድነትን ታሪኽን መንነትን ጸጋታትን ህዝቢ ዘንጸባርቕ ሓድሽ ዝመልከዑ ባጤራ ክተኣታዶ ከም ዝግባእ ከማጉት'ውን ኣይግብኦን።

ገለ ኣካላት ንፖለቲካዊ ሃልኪ ክጥቀሙሉ እኳ ይፈትኑ እምበር፡ ክብሪ ዋጋ ሓደ ባጤራ ካብ ኣብኡ ዘለዉ ኣሳእል ወይ ዝተዋህቦ ስም ዘይኰነስ፡ ኣብ'ቲ ነቲ ባጤራ ዘኽብር ሓያል ጻዕርን ቀጠባዊ ስርዓትን እዩ ዝምርኰስ። ናቕፋ ስለ ዝተባህለን ዘይተባህለን፡ ብረት ወይ ሰዊት ስለ ዝተሳእሎን ዘይተሳእሎን ንናይ ሓደ ዜጋ እቶት ክምልኣሉን ከጉድለሉን

ኣይክእልን’ዩ። ምእንቲ ርእሱ፡ ጥቕሚ ወረቐታዊ ገንዘብ እናነከየ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ብምኻኑ፡ ብኡ መጠን ከኣ ኣድላይነት እቶም ኣብኡ ዝውቀሩ ስእልታት ምንካዩ ኣይተርፍን። ብዘይ ብኡ ከም ርትዓዊ ኣማራጺ፡ ስምን ትሕዝቶ መልክዕን ናይ ባጤራና ብጠለብ ህዝቢ ምስ ቅዋም ብምትሕሓዝ ውሳኔ ህዝባዊ ባይቶ ወይ’ውን ረፈረንዱም ክካየደሉ ይኽእል’ዩ።

እቲ ኣገዳሲ፡ ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ክንዲ ኣብ ስምን ሕብርታትን ኣሳእልን፡ ኣብ እቲ ንህዝቡ ክርብሕ ይኽእል እዩ ዝብሎ ፖለቲከ-ቀኒጠባዊ ስነ-ሓሳባትን መርሓ-ግብርታትን ምህናጽን ምምዕባልን ከተኩር ይግብኣ። ዓይነትን ስምን ባጤራና ንምቕያር እኹል ግዜ ክህሉ’ዩ፡ ሓንትስ ቃልስኻ ከተዐውት ሓዱልካ ተቓለስ እምበር።

ሃገራውያን በዓላት

እዚ ኣርእስቲ ንሓደ ተቓላሳይ ቀንደ-ዋኒን ወይ ብዙሕ ኣገዳሲ ከይመስል ይኽእል’ዩ። እንተኾነ፡ ኵሎም ንህዝቡ ኣገደስቲ ዝኾኑ ጉዳያት ንሓደ ተቓላሳይ’ውን ኣገዳስቲ እዮም። እቲ ህዝቢ ንሓደ ተቓላሳይ ዘለዎ ክብርን ዝህቦ ኣፍልጦን፡ ብመሰረት ኣብ’ቶም ንዕኡ ዘገድስዎ ነገራት ዘለዎ ርእይቶ እዩ።

ሃገራውያን በዓላት ምስ ታሪኽ፡ ባህሊ፡ ሃይማኖታትን ካልኦት ምስ መበቈልን ኣመጻጽኣን ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ ምስ እንጥቀመሎም ዓውደ-ኣዋርሓት ዝመጽኡ ክኾኑ ይኽእሉ። ካልኦት በዓላት ምውሳኽ፡ ኣገዳስነቶም ተራእዩ ብድሌትን ድምጺን ህዝቢ ምትእትታው ከም ዝከኣል ምእማን የድሊ።

ሰንበትን (ከም ናይ ክርስትያን ቅድስቲ መዓልቲ) ዓርብን (ከም ናይ ኣስላም ቅድስቲ መዓልቲ) ብማዕረ ክኽበራ ምእማን ኣዕሚሙ ከሰማምዕ ይግብኣ። እቶም ካብ’ዘን ክልተ እምነታት ወጻኢ ዘለዉ ዜጋታት’ውን ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ። እዚ ዓይነት መሰል፡ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ግዜን ኵነታትን ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ክንፈግ ዘይግብኡ መሰል እዩ። እዚ ምናልባት ብምኽንያት ኣቀማምጣ መሬትን ህዝብን፡ ንሃገራዊ ናይ ስራሕ መዓልታት ንምጥዕዓምን ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ ተፈላልዩ ክስርሓሉ ይኽእል’ዩ። ብተወሳኺ ምስ ዓለም ዘለና ናይ ንግዲ መዓልታት ምውህሃድ’ውን ካልእ ጸላዊ ረቐሒ ኣብ ምውሳን ሃገራውያን ናይ ዕረፍቲ መዓልታት ክኸውን ይኽእል።

ብመሰረቱ ግን፡ ሓደ ተቓላሳይ ኣብ ከም'ዚኦም ወሰንቲ ዘይመስሉ ጉዳያት ዘለዎ እምነት ንመቓልስቱን ንተዓዘብቲን ኣገዳሲ እዮም'ሞ ዓቲቡ ክርእዮም ይግባእ።

ቋንቋ

ብመጀመርያ፡ ብዘይ ግብዝና ካብ ልብና፡ ኵሎም ቋንቋታት ኤርትራ ብማዕረ ክንሪኦም ወይ ኣፍልጦ ክንህቦም ይግባእ። ትግርኛን ዓረብኛን ግን ዝበለጹ መሳርሒታት ቃልሲን ምምሕዳርን ኰይኖም ክንረኽቦም ንኽእል። ኣብ ህልውቲ ኤርትራን ኣብ ህሉዋት ዜጋታትን ናይ ቋንቋ ትግርኛ ዕብለላን ጽልዋን ምዕባዩ ዘይከሓድ'ዩ። እዚ እናኹነ ግን ኣብ ግዜ ቃልሲ ኩነ ኣብ ምምሕዳር ሓደ ተቓላሳይ ተራን ማዕርነት ቋንቋን ተዛረብቱን ብዘይ ዕጥይጥይን ብርድኢትን ክኣምነሉ ዝግብኦ ጉዳይ'ዩ። ከምቲ ቋንቋኻ ንዓኻ ዝብጽሓካን እትሕበነሉን፡ እቲ ካልእ ዜጋ'ውን ብቑንቋኡ ሕቡን ምኺኑን ንኽጥቀመሉን ከማዕብሎን መሰሉ ምኺኑ ምእማን የድሊ።

እኩብ ድምር ኣድላይነት ናይ ቋንቋ ንመራኸቢ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ቋንቋ፡ ኣብ ምትሕልላፍ ባህሊን ታሪኽን'ውን ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ንመብዛሕትኡ ህዝቢ ከራኽብ ዝቐለለን ዝመችኣን ቋንቋ እንተ ዓብለለ ግን ጸገም ዘለዎ ኣይኰነን። ኣብ ታሪኽ ኣህዛብ ቋንቋታት ብሓይሊ ወይ ብኣማራጺ ክምዕብሉን ክቀያየሩን ተራእዮም እዮም። ብዓመጽ ክሳብ ዘይኰነን ብድላይ ህዝቢ ክሳብ ዝመጸን ድማ ኣድላዩ እንተኾይኑ ምዕቃብ፡ ምምዕባልን ምቕያርን ቋንቋ ከፍርሓና የብሉን።

ሓደ ህዝባዊ ተቓላሳይ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ንህዝቡ ብኹሉ ሃገራዊ ቋንቋታት ክበጽሖም ይግባእ። እዚ ነቶም ኣብ ስደት ንዝተወለዱን ዝዓበዩን ኤርትራውያን ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን'ውን ይግባእ። ንእዋኑ ትግርኛን ዓረብኛን ከም ቀንዲ መጠቀሚ ቋንቋ ኰይኖም ምናልባት እንግሊዝኛ ከኣ ከም መሳርሒ ቋንቋ ምጥቃም ዝሓሸ ውጽኢታዊ ወይ ልሙድ ኣማራጺ ይመስል። ዝኹነ ይኹን ተቓላሳይ/ዜጋ ካብ'ዞኦም ቋንቋታት እዚኦም ወጻኢ ዝኹነ ሃገራዊ ቋንቋ ዝዛረብ'ውን ሓሳቡ ክህብን ኵሉ ሓበሬታ ክቐበልን ይግባእ።

እቲ ሓቀኛ ናይ ትግርኛን ዓረብኛን ኣድላዩነት፡ ብልክዕን ብምሉእን'ኳ ኣይኹን እምበር ገለ ንምጥቃስ፤

- ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝተወሰነን ድሒሩ ብምኽንያትን ብልምድን ክእመነሉ ዝጸንሐ ዝተተባብዐን እዩ።
- ነዞም ክልተ ቋንቋታት ምስ እምነት ስለ ዝተሓሓዙ'ዮም ክምረጹ ዘለዎም ዝብል ሓሳብ ኣሎ።
- ንዜጋታት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ዝጽሕፍዎም ደብዳቤታትን ኣብ ሕጋውያንንን ወግዓውያንን መስርሓት ክጥቀሙሉም ዝቐለሎምን ቋንቋታት ብምኺኖም'ዩ ዝያዳ ዘድልዩ።
- ምስ ከባቢና ዘራኸቡ ቋንቋታት ስለ ዝኸኑ ዝበሃል መመላእታ ምኽንያት'ውን ኣሎ፡ ብፍላይ ከኣ ንቑንቋ ዓረብኛ።

እቶም ምኽንያታት ይውሓዱ ይብዝሑ እቶም ውጽኢታት ናብ ሓደ መንገዲ ክሳብ ዝመርሑና፡ ነዛ ንሕጂ'ኳ ይኹን በዞም መሰረታውያን ቋንቋታት ብምክብባር እናተሳለና ክንከይድ ሃናጺ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ዝኹነ ዜጋ ብኣይኰንኩን ወይ ኣይመልኮን'የ ዝብሎ ቋንቋ ከይውከል ወይ ክዛረብ ወይ ክጽሕፍ ከይግደድ ምጥባቕ ስራሕ ሓደ ተቓላሳይ'ዩ። ክሳብ ሓደ ዜጋ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ብሰንኪ ቋንቋ ስራሕ ይኹን ኣገልግሎት ዝስእን ዘይርከበሉ መድረኽ ዝፍጠር ምቅላስ'ውን ዕዮ ተቓላሳይ እዩ።

ዶባት ሃገርና

ሓደ ተቓላሳይ፡ እንተ ወሓደ ከኣ እቲ ተጠርኒፍሉ ዘሎ ኣካል፡ ነቲ ዝቃለሰሉ ዘሎ ህዝቢን ደረት መሬትን ባሕርን ሰማያቱን ዓለማዊ ሕግን ጽቡቕ ጌሩ ከጽንዕ ግዴታ እዩ። እንተ ዘይኰይኑ ቃልሱ ይደናገር። ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ዝተሓንጸጸን ወይ ዝተገብረ ስምምዓትን ኣፈናውን ባይታኣውን ባሕራውን ዶባት ምስናይ ኣህጉራዊ ሕንጻጻትን፡ እቲ ኣብ 1998 ናይ ዝተወሰነ ዶብ ምስ የመንን እቲ ኣብ 2002 ዝተወሰነ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደሚርካ፡ ናይ'ታ እትኣምነላን እትቃለሰላን ዘለኻ ሓራ ኤርትራ ካርታ ከተላሊ ይግባእ።

ናይ ምድሪን ባሕሪን ዶባትናን ናይ ሰማይ ክልልናን ብኹሉ ዙርያና ንጹር ክኸውን ይግባእ። ስለዚ፡ ሰለማዊን ሕጋዊን መስርሕ ብምኽታል ዶባትና ናይ ምንጻር ካብ'ቶም ኣገደስቲን ቀዳምነት ክወሃቦም ዘለዎም ጕዳያት ተቓለስቲ ክኸውን ይግባእ። ምስ ዶባት ንዝተኣሳሰር ዝኸፈልናዮ ዋጋ ከቢድ ምኺኑን ብኣጋ እንተ ዘይተነጺሩን፡ ናብ ተመሳሳልን ቀጻልን

ሓደጋታት ከውድቑና ከም ዝኽእልን ከንዘንግዕ የብልናን።

ብፍሉይ ላብ ጕዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንጹር መትከል ከህልወካን ከተነጽሮን ግዴታኻ እዩ። መትከልካ ምንጻር ካልእ፡ ምሉእ ኣቓልቦኻን ጸዓትካ ሂብካ ምስራሕ ከኣ ካልእ'ዩ። ከም መጠን ስለኡ እትቃለስ ኣካል፡ ህዝቢ ላብ'ዚ ዓቢ ጕዳይ ናትካ መርገጺ ክፈልጥ ይደሊ እዩ። ላብዚ ጕዳይ'ዚ መርገጺኻ ዘይንጹር ምስ ዝኸውን፡ እቲ ዋጋ ላብ ዕላማኻ ጽልዋ ከም ዘምጽእ ዘየጠራጥር'ዩ። ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ላብ ኩሉ ጕዳይካ ሓደ ዓይነት ርእይቶ ክህልወካ ግድን ኣይኰነን። ብሰንኪ'ዚ ጕዳይ ምስ ኢትዮጵያውያን ዝምድናኻ ምህሳይን ምጭቕቓቕን ኣገዳሲ ኣይኰነን። መትከልካ ግን ብንጹር ኩሉ ክፈልጦ ይግባእ። በዚ ኰይኑ በቲ ግን፡ ከም ተቓላሳይ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዘለካ ሓርፋፍ ይኹን ጥቡቕ ዝምድና፡ ላብታ ከተምጽኣ እትደናደን ዘለኻ ኤርትራ ዓቢ ጽልዋ ከም ዝህልዎ ዝከሓድ ኣይኰነን።

ዘይከምቲ ንገለ ሰባት ዓቕብ ዝኹኖም፡ ናይ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን (ህ.ግ.ደ.ፍ) ካብ ስልጣን ምውራድን ምውጻእ ኢትዮጵያ ካብ ገዛእ ሓላልና ዝኹነ መሬትን ላብ ሓደ ግዜ ክበሃል ዘየጸግም እዩ። ቅድሚ ዝኹነ ነገር ግን ፍትሓዊ ምኽን ከቢድ ጾር ምኽኑን፡ ላብ ሓደ ግዜ ፍትሓዊን ዘይፍትሓዊን ምኽን ከም ዘይከኣልን ኣዕሚቕካ ምግንዛብ የድሊ። ኩልና እንፈልጦ ሓቂ ኣሎ። ላብ ኤርትራ ዝኹነ ዓይነት ስርዓት ይሃሉ ይተካእ፡ ንዝኹነ ዓይነት ናይ ደገ ሓይሊ ቅንጣብ መሬት ኤርትራ ንደቒቕ'ኳ ይኹን ከርግጽ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፍቓድ የድልዮ። ቀዳማዊ መፍትሒ ናይ ኩሎም ምትፍናናት ግን፡ ሰላማዊ ክኸውን ናይ ወትሩን ዘይሕለልን እምነት ክኸውን ይግባእ።

ኣገደስቲ ነጥብታት፡

- ጕዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንመወዳእታ ግዜ ብ2002 ይግባይ ኣልቦ ቀያዲ ብይን ከም ዝተዋህበሉ፡
- ላብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ዓይነቱ ብዘየገድስ፡ ወይ እቲ ስርዓት ላብ ጕዳይ ዶብ ዘለዎ ርእይቶ ብዘየገድስ፡ ኢትዮጵያ መሬት ኤርትራ ክትለቅቕ ግዴታኣ ምኽኑ ናይ ኣዝዩ ብዙሕ ኤርትራዊ ድሌት ምኽኑ ዘይምጉሳይ፡
- ማንም ኤርትራዊ፡ ብውልቂ ይኹን ብውዱብ፡ ብፖለቲካዊ ሃልኪ

ከይዘበለ ንምውጻእ ኢትዮጵያ ካብ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ምስ ዝጽውዕ ከኣ ሃገራዊ ግዴታኡ ምኽኑ ምእማን፡

- ኣብ መጻኢት ኤርትራ ከኣ ዶባዊ ውሳኔ ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዘይኰነስ ናይ መላእ ህዝቢ ክኸውን ምእንቲ፡ ብህዝባዊ ባይቶ ይሹን ብረፈረንዱም ክረጋገጽ። እቲ ብህዝቢ ብርትዓዊ ኣገባብ ከምረጽ እንትስፈዎ ፖለቲካዊ ሓይሊ (ፈጻሚ ኣካል) ከኣ ንምውጻእ ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ ብዘይቅድመ-ኵነት ወይ ብዘተ ንምፍትሑ፡ ህዝቢ ብባይቶኡ ይሹን ብረፈረንዱም ዝወሰኖ ውሳነ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ከተግብር ጥራይ ከም ዝግብኦ ምእማን።

መሲጋገሪ መንግስቲ ኤርትራ (መ.መ.ኤ)

ድሕሪ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ፡ ቀዲሙ ክመጽእ ክንጽበዮን ክንሰርሓሉን ዝግባእ እንተ ሃልዩ መ.መ.ኤ. ምትካል ምኽኑ'ዩ። ብሕጽር ዝበለ፡ ተራ ናይ መ.መ.ኤ.፡ ሃገር ካብ'ቲ ዝጸንሓቶ መድረኽ ናብ ካልእ እቲ ሓቀኛ ድሌት ህዝቢ እተማልእ ሃገር ዘሲጋግር ልዙብ ድንድል'ዩ። ከምቲ ስሙ ዝእምቶ፡ ግዝያዊ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መጻኢን ነባርነትን ሃገር ወሳኒ እዩ። ኣብ ከም'ዚ ናትና ሃለዋት፡ መ.መ.ኤ. ምትካል ከተወግዶ ዘይከኣል ምርጫ እዩ። መሲጋገሪ መንግስቲ፡ ኣብ ሓንቲ ዜጋታታ ኣብ ዓመጽ፡ ኩናት፡ ቅርሕንቲ፡ ዘይስኒትን ሓድሕድ ዘይምትእምማን ዝጸንሑን ወይ ዝነብሩን ከኣ'ዩ ዝያዳ ኣድላይነቱ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ እንተ ወሓደ ክልተ ዓይነት ግዝያውያን መንግስታት ኣብ ግምትና ኣእቲና ክንከይድ ዝግብኣና። ህ.ግ.ደ.ፍ. ዘካተተን ዘየካተተን መ.መ.ኤ. ኢልና ክንፈልዮም ከኣ ንኽእል። መ.መ.ኤ ክንተክል ዘገድዱና ከውነታት ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ይኽእሉ።

- ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃንደበት ምሉእ ድምጺ ህዝቢ ምስ ዝሰምዕ
- ህ.ግ.ደ.ፍ.፡ ካብ ውሽጢ ብዝርከቡ ሰበ-ስልጣናት ምስ ዝዕሎ
- ህ.ግ.ደ.ፍ. ናይ ደገ ጸቕጢ ይሃልዎ ኣይሃልዎ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ምስ ዝነዓቦ
- ህ.ግ.ደ.ፍ. ካብ ደገ ብዝተላዕለ ኤርትራዊ ዓቕሚ ብሓይሊ ምስ ዝእለ
- ህ.ግ.ደ.ፍ. ብደገፍ ወይ ምሉእ ዓቕሚ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምስ ዝእለ

መሰጋገሪ መንግስቲ ብባህሪኡ ማእከላይ ባይታ ኣለልዩ ከቀራርብን ከሰምዕን'ምበር፡ ሰዓሪን ተሰዓሪን ዘስሚ ቃና ዘለዎ ክኸውን ግድን ኣይኮነን። ሰላምን ምርግጋእን ስምረትን ምትሕቕቓፍን ፖለቲካውያን ሰልፍታት ምስ ሓድሕደንን ምስ ህዝበንን፡ ናይ ህዝበንን ናተንን ዓወት እዩ። ድኻም ናይ ኩሎም ወገናት ከኣ፡ ከም መጠን ፖለቲካውያን ውድባት፡ ፖለቲካውያን ውድባት ድማ ብዙሕ ግዜ ክጉሰያ ዘይክእላ ከዕንዋን ከልምዓን ሰብ መሪሕ ተራ ምኳነንን፡ ውድቀተን ሃገራዊ ውድቀት ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ።

እምበኣር ንህ.ግ.ደ.ፍ. ዘካተተ ወይ ብዘይብኡ ዝትከል ዓይነት መ.መ.ኤ. ክፈላለ ግድን'ዩ። ብፍላይ እቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ክህልዎ ዝኽእል መ.መ.ኤ. ዝያዳ ዝተሓላለኸን ሓያል ዋጋ ዕዳጋን ዝሓትት ምኳኑ ኣይዝንጋዕን። በዚ ኰይኑ በቲ፡ እቲ ዝትከል መሰጋገሪ መንግስቲ እቲ ዝበዝሐን ወሳንን ክፋሉ ብወከልቲ ህዝቢ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ሻራ ዘይብሎም ምሁራትን ሰብ ሞያን እዩ ክዕብለልን ክምራሕን ዘለዎ። ኣብ መሰጋገሪ መንግስቲ ከም እኒ ወተሃደራዊ፡ ቀጠባዊ ወይ ስለያዊ ትካላት ዝኣመሰሉ መሓውራት ኣብ ትሕቲ ዝኹነ ተቓዋሚ ይኹን ኣብ ስልጣን ዝርከብ ፖለቲካዊ ሓይሊ ክተሓዝ ኣሰጋኢ እዩ። ንስለ ህልኾምን ስለ ውድድሮምን፡ ናብ ውልቀ-ረብሓኡም ንምውዓሎም ክብሉ ናብ ሰላማዊን ደሓንን ዝኹነ ዘመን ንኽይንሰጋገር ክጥቀሙሎም ይኽእሉ'ዮም። መሰጋግሪ መንግስቲ ምፍጣር፡ ካብ ንፖለቲካውያን ሓይልታት ንህዝቢ ከርብሕ'ዩ እቲ ዕላማ። ፖለቲካውያን ሓይልታት ይቀበላኡ ኣይቀበላኡ፡ ህዝቢ ነቲ መስርሕ ኣብ ገዛእ ርእሱ ክዝትየሉን ብኡ ኣቢሉ ከኣ ኣብ ልዕሊኡን ቅኑዕ ኰይኑ ዝተራእዮ ጸቕጢ ክገብርን መጻኢኡን ክውስንን ፍርዱ ክህበንን መሰሉ ኣለዎ። እዋናዊ ኵነታትና፡ ናይ ኵልና፡ ናይ ዓመጽቲን ተዓመጽቲን፡ በደልቲን ተበደልቲን፡ ናይ ስጋን ሕልናን ሞት ኣብ ቅድሜና ዝደቀነ'ዩ። እቲ ዝድለ ዘሎ ግን፡ ናይ ኵልና ብሰላም ምክብባርን ምንብባርን ዝሓዘ መጻኢ ምስራዕ'ዩ። እቲ ዝለዓለ ኢድ ናይ'ቲ ምርጫ ናብ ህዝቢ'ዩ ዝግደፍ። ናይ ፖለቲካውያን ሓይልታትና ቃሕታን ባህግን ብዘየገድስ፡ ህዝቢ ናይ መጻኢኡ ወሳኒ ባዕሉ ጥራይ እዩ።

ህ.ግ.ደ.ፍ. ይሃልዎ ኣይሃልዎ፡ ሓደ ተቓላሳይ ብመጀመርያ ኣብ ምምስራት መ.መ.ኤ. ክሰማማዕ ይግባእ። ኵለንትናዊ ቃልሲ እናተቓለስና'ኳ ናብቲ ኣብ መንግስታዊ ዝፋን ዝርከብ ሓይሊ፡ ኵሉ ዓይነት ጻውዒታት ከነቕርብ

ግዜ፡ ዓቕምን ኮነታትን ክሕዘና ኣይግብኦን - ምናልባት'ኳ ደረጃታት ኣተኩሮ፡ ዓይነትን ሓይልን እቲ ጻውዒት ክፈላለ ዝኽእል እንተኹነ። እምበኣር ጻውዒትና ንምምስራት መ.መ.ኤ. ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኮነታት፡ ከሰልክየና ኣይግብኦን። ይቀበሎ ኣይቀበሎ፡ እዚ ጻውዒት'ዚ ነቲ መናብር መንግስታት ንበይኑ ሓዚእዎ ዘሎ ህ.ግ.ደ.ፍ.'ውን ክቕርብ ይግብኣ። ጻውዒት ንመ.መ.ኤ. ክሳብ እቲ ርትዓዊ መ.መ.ኤ. ዝፍጠረልና ክቋረጽ ዘይግብኦን ንኹሎም ፖለቲካውያን ሽነኻት ኣብ ስልጣን ይሃልዉ ኣይሃልዉ፡ ንሓፋሽ ህዝቢ'ውን ከይተረፈ ክቕርብ ዘለዎን እዩ።

ጉዳይ ተቓወምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣብ ኤርትራ

ብመሰረቱ ሓደ ተቓላሳይ ከም መትከል ንኹሎም ንሰብኣዊ መሰላት ዝቃለሱ ህዝባውያን ዝኾኑ ቃልስታት ክድግፍ ገዛእ ባህሪኡ የገድዶ'ዩ። እንተኹነ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ግዜ ብዋጋ ህዝቡን ሰላሙን ክኸውን ብፍጹም ኣይግባእን።

ናይ ሎሚ ህላወ እዞም ተቓወምቲ ኣካላት ኣብ ሃገርና፡ ገና ድሒሩ ደም ዘንበዓና ታሪኻዊ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን ሻቕሎት ዝፈጥር ጉዳይ ብምኺኑ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ግዜ ክኣ፡ ብመሰረቱ ብዘይ ቅድመ-ኵነት ኩሎም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ናይ ዝኾነት ሃገር ተቓወምቲ ብረቶም ከውርዱን፡ ንሓድነት ኤርትራን ልዑላውነትን ዝደናደኑ ተቓወምቲ ካልኦት ሃገራት ድማ ብቕጥታ ክለቁ ብዘይ ምቀ'ራጽ ምጽዓት'ውን ካልእ ሓላፍነት ናይ ሓደ ተቓላሳይ እዩ። ከምኡ'ውን ዝኾነ ይኹን ካብ ማዕከን ሃገር ዝወጽእ ቀ'ጠባዊ ይኹን ሎጅስቲካዊ ደገፍ ደው ንኽብል ከኣ ክጽዕር ይግበኣ።

ንሓድነት ኤርትራን ልዑላውነታን ዘይደናድኑ ምስ ዝኾኑ፡ ቃልሶም ከኣ ናይ ህዝብና ባርኾት እንተ ሃሊዎ፡ ብዘይካ ኣባላት ኣብያተ-ጽሕፈታቶም፡ ኣባላቶም ካብ ከተማታት ወጻኢ ኣብ መዓስከር ጥራይ ክነብሩን ክሕጸሩን ይግባእ። ዝኾነ መሰላትን ናይ ስራሕ ዕድላትን ድማ ብድሕሪ ዜጋታት ጥራይ ክወሃቦም ይኽእል።

ተቓላሳይን ሃገራውያን ፖለቲካውያንን ዘይፖለቲካውያንን ውድባትን ምንቅስቓሳትን

ሓደ ተቓላሳይ፡ ንኹለን ኤርትራውያን ምንቅስቓሳት፡ ማሕበራትን ውድባትን -- ኤርትራዊ ሓሳብ ከሳብ ዝሃለወን -- ከህልዎ ዘለዎ ኣኽብሮት ብመጠን'ቲ ንነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዝህልዎ ኣኽብሮት ክዕቀን ይግባእ። እንተኾነ፡ ንሕሉፍ ኩነ ንህሉው ጌጋታተንን ድኽመታትተንን ከይንሓፈ ክመሃረሉ ከኣ ኣለዎ። ናይ ፍሹልነተን መጻግዒ ወይ ናይ ወቐስተን ግዳይ ክኸውን ግን ኣይግባእን። ኣብ ቅርሕንቲ ዘይኩነስ ኣብ መሰል ምርግጋጽ ዝተመርኰሰ ቃልሲ ከካይድ ዝተለዓለ ክኸውን ይግብኡ። ክርሳዕ ዘይግብኡ ግን፡ ህዝባዊ ተቓላሳይ ማለት ጸረ ኵሎም ንህዝቢ ዘየርብሑ፡ ዘታርፉን ዝዕምጹን ኣካላትን ስነ-ሓሳባትን ብዘይ ምብኻር ዝቃለስ እዩ።

ኣባል ሓንቲ ካብኣተን እንተኼንካ፡ ውድብካ ወይ ምንቅስቓስካ ሓቀኛ ፍትሓዊ ቃልሲ ንኽተካይድ ክትጽዕር ይግባእ። ናይ ዝተወደብካሉ ኣካል እንተ ዘይተደሚርዎ፡ ንስኻ ዝነቐሐን ቅኑዕን ተቓላሳይ ብምኽንካ ጥራይ ዕላማኻን ራኢኻን ኣብ መዕለቢኡ ክበጽሕ ኣይክእልን'ዩ።

ቃልስን ጐረባብቲ ሃገራትን

ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ብፍላይ'ኳ ምስ'ተን ብቐጥታ ብመሬት ይኹና ብባሕሪ ዝዳወባና ሃገራት ጥቡቕን ሕሉፍን ዝምድናታት ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ልቢ ተቓላሳይ ፍቕሪን ሰላምን ጐረባብቲ እትምነ ክትከውን ይግብኣ። መርገጺ ሓደ ተቓላሳይ ካብ ሎሚ ክሳዕ ጽባሕ፡ ኣካል ናይ ሓንቲ ፍሕሶ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ሎሚ እንታይነትካን እንታይነት ዕላማኻን: ናይ ሎሚ መምዘኒኻን ናይ ጽባሕ ድሕረ-ባይታ'ኻን'ዩ'ሞ: እትወስዶም ጸግዕታት ብረቂቕ ዝተጸንዑ ክኹኑ ይግባእ። በዚ ኩይኑ በቲ ግን፡ መሓዙት ምግባር'ምበር ጸላእቲ ወይ ተተፋነንቲ ንምጥራይ ኣይትስለጥ።

ኣብ እዋን ቃልሲ ከኣ ከም ተቓላሳይ ካብኣን እትጽበዮ ሓገዝ ከህሉ ከም ዝኽእል ኣየካትዕን። እዚ ስለ ዝኹነ ግን ድሕሪ ምዕዋትካ ከተማልኡ ዘለካ ጉዳያት ክትመባጸዓለን ኣብ ግዴታ ክእቶ ኣይግባእን። ኣብ መጻኢ ንዝህሉ ንግዲ፡ ነጻ ምንቅስቓሳት፡ ጉዳያት ዶባት፡ ፖለቲካዊ ኣከናውናን መሰልቱን ዝምልከት እቲ ዝውሰኖ መላእ ህዝቢ'ታ እትመጽእ ሃገረ ኤርትራ እዩ። ኵሉ እትገብሮ ንድሕነት ህዝቢ'ምበር ንደሓር ዋጋ

ዘኽፍለካ እንተኹይኑ፡ ካብቲ እትብድሆ ዘለኻ ስርዓት ደኣ ብምንታይ ክትፍለ ኢኻ። ስለምንታይከ ደኣ ርእስኻ በጃ ተሕልፍ፤

ዜጋታት ሕሜታታትን ዘይምትእምማንን ክህልዎም ይኽእል እዩ። እዚ ግን ካብ'ቲ እተን ቅድሚ ሕጂ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህ.ግ.ሓ.ኤ) ይዅን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ) ወይ'ውን ካልኦት ሓደስቲ ውድባት ዝፈጠራኦ ድኻም ዝነቐለ ብምኽኑ'ዩ - ምስናይ ኣጉሃይነቱ። ስለዚ ከኣ'ዩ ብውልቅኻ መርገጺታትካ ከተነጽር ዘለካ። ንጹርን ንሃገር ምስ ዝኹነት ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእቱ ቃልስን እትመርሕ ዜጋ ጥራይ ኢኻ ክትከውን ዘለካ።

ኣብ ቃልስኻ ሓይሊ ጐነጽ እቲ እንኮ ኣማራጺ እንተኹይኑ፡ ክሳብ ብሃገራዊ ወይ ልኡላውነታዊ ዋጋ ዕዳጋ ዘእተወ ዘይኩነ፡ ብደቡብ ይዅን ብምዕራብ ብባሕሪ ይዅን ብሰማይ ኣገዳስነቱ ብዙሕ ኣይፈላለን'ዩ። ሽሕ'ኳ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ጥንቁቕን ዶቡ ዘይሓለፈን ክኸውን ዘለዎ እንተኹነ፡ ሽርክነት ምስ ዘይኤርትራውያን ሓይልታት ኣድላዩ ምኽኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ምስ ኩለን ጐረባብትና ምድራዊ፡ ማያውን ሰማያውን ዶባት ሃገርና ብስኒት ምጥቃምን ካብኡ ሓሊፉ ቀጠባውን ካልኣ-ሽነኻውን ዝምድናታት ምዕዛዝ ኣገዳሲ ክኸውን'ዩ። ኣብ ርእሲ ተነቃፍነቱ ናይ ገዛእ ርእስና ኣኺሉ ዝተርፍ ጸገማት ስለ ዘለዉና፡ ከም ተቓላሳይን ከም ዜጋን ከኣ ኤርትራ ወትሩ፡ እንተ ወሓደ ንግዜኡ፡ ካብቲ ናይ ከባቢናን ማእከላይ ምብራቕ ሕንፍሽፍሽን ኢዳ ከተርሕቕ ክትምኑት ይግባኣካ።

ተቓላሳይን ዓለምን

ዓለም ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ኣበየ ግዜኡ ብዙሕ ጽልዋታት ነይርዋ'ዩ፡ ብፍላይ ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን እተን ንዕኡ ዝምውላን ዝዝውራን ሓያላት ሃገራትን። ንሰን ስለ ዝሰረታኦን ስለ ዝምውላኦን ኩሉ ግዜ ኣብ ድሌተን ምሕጻር ከኣ ግድን ኩይኑ ንረኽቦ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ሃገርና ካብቲ ኣብ ግዜ ፈደረሽን ዝገበሮ ዝዓበየ ጥልመት ጀሚርካ ክሳዕ እዚ ሕጂ ተንጠልጢሉ ዘሎ ናይ ዶብ ኵነታት፡ ኣዝዩ ኣሉታዊን ንዕቕን ታሪኽ ዘለዎ እዩ። እንተኹነ፡ ንሱ እቲ ዝሓሸ ናይ ዓለም መማእከሊ ውድብ ስለ ዝኹነ፡ እንሓንሳእ ንኣድላይነቱ ምጉሳይ ኣይከኣልን። ንኣብነት ኣብ 1993 ረፈረንዱም ምስ ገበርና፡ ኣፍልጦ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣድልዩና። እዚ ከኣ በዚ ዘመናዊ ናይ ደቂ ሰብ ኣመሓዳድራ ከም ሃገር ክንነብር ከኽእለና እዩ። ብተወሳኺ ኣብ መጻኢ ከግበሩ ዝኽእሉ ውዕላት ምውሓስን ህጹጽ ድሕነት ህዝብን ኣብ እዋን ኩናትን ሰላምን ክህልዎም ዝኽእል ኣወንታዊ (እንሓንሳብ'ውን ረብሓዊ) ተራ ኣገዳሲ ምኺኑ ዝሰሓት ኣይኮነን።

ቃልስና ጸረ ዓለም ዘይኮነስ፡ ጸረ ዓመጽን ዘይፍትሓውነትን ኣበየ ኩርናዓት ዓለም እዩ ክኸውን ዘለዎ። ምስ ሓያላት ዓለም ይዅን ምስ ካልኦት ናይ ቀጠባ ሓየታት ዝኹና ሃገራትን ትካላትን ከከም ተርታ ኣድላይነተን ጥቡቕ ዝምድና ክህልወካ ምእማን ወሳኒ'ዩ። እዚ ግን ንሓደ ንእሽቶ ዜጋና'ኳ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብዘየእቱ ኣገባብ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ። ናይ ከባቢኡ ደገፍን ሰናይ ድሌትን ሰላምን ዘየገድሶ ተቓላሳይ ልቢ ህዝቡ ንኽረጋግእ'ውን ይጽገም'ዩ። እንተ ደኣ ናብ ጐረባብትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዝቐንዐ ሰናይ ድሌት ሃልዩካ'ሞ፡ ብዓውታ ምግላጹ'ውን ዝያዳ ምትእምማንን ፈተውትን ተጥርየሉ እንተኼንካ፡ ብፍጹም ኣይትቁጠብ። ረዲኻ ኣይረዲኻ ኣብ ዝበዝሑ መዳያት ምስ ዓለም ርክብ ከድልየካ'ዩ። ንኣብነት፡ ኣገልግሎት ለቓሕ ካብ ኣህጉራውያን ባንክታትን ሃገራትን ዓለም-ለኻዊ ዳንነትን፡ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ኣብ ዞባዊ፡ ክፍለ ኣህጉራዊን ዓለም-ለኻውን ውሳኔታት ግደ ክህልወናን ወዘተ.።

ከም ተቓላሳይ ንዓለም ይዅን ንጐረባብቲ ሃገራት እትመባጻዓለን እንተ ሃልዩ ከኣ ሓራ፡ እርንብቲ፡ ርግእትን ብቕጠባ ርእሳ ዝኽኣለትን ኤርትራ እያ ክትከውን ዘለዋ። ካብኡ ሓሊፍካ'ውን ኣንጻር ግብረ-ሽበራን (ቦቲ ንስኻ እትትርጉሞ'ውን ክኸውን ይኽእል) ካልኦት ዓለም-ለኻውያን ብድሆታትን ሓቢርካ እትጋደል ምኺንካ ከተነጽረላ ይግባእ። ዝኹነ ተቓላሳይ ቅንጣብ መሬት ወይ ሃገራዊ ትሕዝቶ ክመባጻዕ ኣይግብኦን፣ ምክንያቱ ንሱ ናይ ህዝቢ ወይ ናይ ሃገር ስለ ዝኹነ። ምናልባት ግን ኤርትራ ንህዝባ ደሞክራስያዊትን ርትዓታዊትን ሃገር፡ ንኣውፈርቲ ክፉት ዕድል እትህብ ሃገርን ክትከውን ምኺና ከተረጋግጽን ቀጠባዊ መርሓ-ግብርታትካ ምስ ንዓታቶምን ንህዝብኻን ከርብሕ ዝኽእል ክትተኽሎ ሰናይ ድሌት ከም ዘለካ ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ'ውን ንውድብካ'ምበር ንህዝቢ ዝውክል ክኸውን ከም ዘይብሉ ክንጸር ይግብኦ። ነቲ ናትካ ውጥናት፡ እቲ ከመጽእ እትደልዮ ዘለኻ ህዝባዊ መንግስቲ ኣርባሒ ኣይኮነን እንተ ኢሉ ብመስረት ድሌት ህዝቢ ክቕይሮ ይኽእል እዩ። ኣብ

ውዕል ንዝኣተወ መሬትን ባሕርን ግን፡ እቲ ዝመጽእ ህዝባዊ መንግስቲ ምእንቲ ከመዓራርዮ ንህዝብኻ ዋጋ ከኽፍሎ ስለ ዝኽእል ከም በሃም ኴንካ ክትኣትዎ ኣይግባእን። ንስኻ ንህዝቢ ኢልካ ዝወጻእካ ሰብ ምኺንካ ክትርስዕ ይኹን ክትርሳዕ ኣይግባእን ወይ ኣየድልንዩ።

ተወሰኽቲ፡ ሓደ ተቓላሳይ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ክመባጽዖም ዝኽእል፡

- ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዝምልከት ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ቀዳሞት ርኑኣት ኣዋርሕ ናብ ህዝቢ ብምቕራብ (ህዝቢ ናቱ ውሳኔ ሂብሉ ዘይፈልጥ ጉዳይ ስለ ዝኾነ) መደምደምታ ክግበረሉ ምትስፋው፡
- ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምንካይ ማዕረ-ማዕረኡ ሃገራዊ ሰራዊት ምፍጣር። ብሸነኽ ሃገርና ናብ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብፍላይ ከኣ ናብ ጐረባብትና ዝቕንዐ ወተሃደራዊ ተጻብኦ ከምዘይህሉ ምርግጋጽ፡ ከምኡ'ውን
- ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ንግዚኡ ዝኾነ ጣልቃ ዘይምእታው። እንተ ኣድለየ'ውን ምስ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብዝሳነ ወይ ንህዝብና ኣብ ሓደጋ ብዘየእቱ መንገዲን ብዓቢኡ ከኣ ናይ ሓፋሽ ህዝብና ባርኾት እንተ ሃሊዎን ጥራይ ምኺኑ ምግላጽ።

መተ. እዚ ጽሑፍ'ዚ እናሓደረ ንኽምላእን ንኽምዕብልን ዝተገፍተነ እምበር ዝተዛዘመ ወይ ዝተኽትመ ኣይኮነን።



ISBN 978-91-985660-3-1